ሃገረ ኤርትራ
ሚኒስትሪ ትምህርቲ

# ቋንቋ ትግርኛ

## ን2ይ ክፍሊ

## መጽሓፍ ተማሃራይ

Copyright © Ministry of Education 2015

All rights reserved; no part of this publication may be reproduced, stored in a retrieval system, or transmitted in any form or by any means, electronic, mechanical, photocopying, recording, or otherwise, without the prior written permission of the publisher.

This book is written by the Ministry of Education, Department of General Education,Curriculum Planning and Development Division.

The Ministry of Education gratefully acknowledges the assistance of the following, and any others who have helped in any way in the preparation of the book:

- Curriculum Core Team members
- Textbook Review Workshop participants
- Consultants
- Editors
- Translators
- Designers
- Illustrators
- DTP staff
- Quality Review Committee

Reprinted in 2015 by Sabur Printing Services, Asmara, Eritrea

**ISBN:99948-1-091-X**

# ትሕዝቶ

ምዕራፍ ገጽ


1. ቈልዑ ኤርትራ.........................................2
2. ብልሓተኛ ራዛ.........................................19
   ክልተ ኣዕሩኽ .........................................21
3. ግጥምታት .........................................27
4. መዓልቲ ናጽነት.........................................34
5. ምግፋፍ ዓሳ 1ይ ክፋል.............................44
6. ምግፋፍ ዓሳ 2ይ ክፋል.............................51
7. ስድራ ቤት ሓረስታይ .............................59
8. ቀውዒ.........................................69
9. ዕላሉ ጎብየ.........................................76
10 መጕዓዝያ.........................................82
11. መዓልቲ ዕዳጋ.........................................90
12. ገመል.........................................96
    ሓረስታይ13.........................................100
13. ዓብን ንእሽቶ ሓርማዝን.............................102
    ዝብእን መፍለስን.........................................107
14. ዓብዱን ምራኹን .........................................109
15. ብቈልዓይ ከለኹ .........................................115
16. ጸወታታት.........................................122
    ጕጅለ ሙዚቃ .........................................122
    ሃክቲ .........................................124
    ቡቻ .........................................126

17. ሕያዎት ሓገዝቲ ....................................129
ዘይሕጉስ ንእሽቶ ቈልዓ ......................131
ነዴኻ ምሕጋዝ .......................................134
ንእሽቶ ሓፍትና ...................................136
18. ንህቢ .................................................139
ንስሪ........................................................141
ኢደይ ኢድካ..............................................145
19. ማንቲለን ኀብየን ...............................149
ኣንበሳን ዕኰትን ...................................151
20. ራህዋን ዳዊት .......................................156
21. ኣራንሺ ..............................................164
ክልተ ቈልዑ ..........................................169

ጐራዳት ፊደላት

ኰ
ዀ
ጐ
ቈ
ቘ

ንናይ ለቓሕ ድምጽታት ዝውክሉ ፊደላት።

ጸ
ሸ
ቸ
ዠ
ፐ
ኘ

ንኣመሃህራ'ዞም ፊደላት ዝምልከት ኣብ መምርሒ ተወከሱ።

# ምዕራፍ 1

## ቈልዑ ኤርትራ

**ኣብ መላእ ኤርትራ መሳቱኹም ቈልዑ ኣለዉ። ተላለይዎም።**




1. ቢላውየት
2. ናራ
3. ኩናማ
4. ቢሊን
5. ትግረ
6. ትግርኛ
7. ሳሆ
8. ዓፋር
9. ራሻይዳ

ዓፋር፡



እዚ ዑስማን ኢዩ። እዚኣ ከኣ ፋጡማ ሓውቱ ኢያ።

ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ይነብሩ። ቋንቋ ዓፋር ከኣ ይዛረቡ። ነቦኦምን ነዲኦምን ይሕግዙ። ነቲ ካብ ባሕሪ ዘምጽእዎ ዓሳ ይኸሽኑ። ፋጥማ ስእሊ ክትስእል ትፈቱ። ዑስማን ከኣ ኣጣል ክጓሲ ይፈቱ። ኣብቲ ምድረበዳ ዝኣክል ሳዕርን ማይን ኣይርከብን ኢዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣቦኦም ጆላቡ ይሰርሕ። ዑስማን ከኣ ኣብ ምስራሕ ጆላቡ ይሕግዞ።

ፋጥማን ዑስማንን 2ይ ክፍሊ ኢዮም ዝመሃሩ። ንግሆ ንግሆ ከኣ ንቤት ትምህርቲ ይኸዱ።

ራሻይዳ

ሓደስቲ ቃላት፡- ምውጣሕ



እዚኣ ዛህራ እያ።

እዚ ከኣ ዓብዱ ሓዋ ኢዩ።

ኣብ ግዜ ክረምቲ ኣብቲ ጎላጕል ይነብሩ። ኣብ ግዜ ሓጋይ ከኣ ናብ ካልእ ቦታ ይግዕዙ። ቋንቋ ዓረብ ከኣ ይዛረቡ። ኣዲኦም ጽቡቕ ክዳን ትኸደን። ጸሊምን ቀይሕን ሕብሪ ኣለዎ። ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክገሹ ከለዉ ኣብ ኣግማል ይውጥሑ። ስድራ-ቤት ዓብዱን ዛህራን ብዙሓት ኣባጊዕን ከብትን ኣለዎኦም። ንጥሪቶም ሳዕርን ማይን ክረኽቡ ከኣ ናብቲ ጎላጕል ይኸዱ። ዛህራን ዓብዱን ናብ ክልተ ኣብያተ-ትምህርቲ ይኸዱ። ኣብ ግዜ ሓጋይ ኣብ ሓንቲ ቤት-ትምህርቲ፣ ኣብ ግዜ ክረምቲ ከኣ ናብ ካልእ ቤት-ትምህርቲ ይኸዱ። ከማኻትኩም 2ይ ክፍሊ ኢዮም።

## ሕቶታት

1. ዑስማን እንታይ ቋንቋ ይዛረብ፧
2. ዑስማንን ፋጥማን ኣበይ ይነብሩ፧
3. ስድራ-ቤት ዛህራ ስለምንታይ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይግዕዙ፧
4. እቶም ቈልዑ እንታይ ክፍሊ ይመሃሩ፧

## ነዞም ባዶ ቦታታት ምልእዎም

1. ዛህራን ዓብዱን ቋንቋ ——— ይዛረቡ።
2. ዑስማን ነቡኡ ኣብ ——— ይሕግዞ።
3. ኣብ ምድረ-በዳ ——— ኣይርከብን ኢዩ።

## ኣዛምድ

| ሀ | ለ |
|---|---|
| ----------1.ምኽሻን | ሀ. ቦታ ምቕያር |
| ----------2.ምውጣሕ | ለ. ስኒት |
| ----------3.ምግዓዝ | ሐ. ጸብሒ ምድላው |
| | መ. ምደያብ |

2ይ ንባብ

ትግርኛ

ሓደስቲ ቃላት፡- ከበሳ



እዚኣ ትርሓስ ኢያ። እዚ ከኣ ሃይለ ሓዋ ኢዩ።

ንሳቶም ኣብቲ ጎላጉልን ጎቦታትን ይነብሩ። ቋንቋ ትግርኛ ከኣ ይዛረቡ። ኣቦኦም ሓረስታይ ኢዩ። ስገም፡ ስርናይ፡ መሽላ፡ ዑፉን የፍርዩ። ሃይለን ትርሓስን ኣብ መጓሰን ሓለዋ ኣፅዋፍን ይሕግዙ። ኩሎም ስድራ ከኣ ኣብ ዓጺድን ምጕናእ መሽላን ይዋፈሩ። ከምዚ ገይሮም ከኣ ጽቡቕ እቶት ይረኽቡ። ሃይለን ትርሓስን ኣብዛ ቤት-ትምህርቲ እዚኣ



ይመሃሩ። 2ይ ክፍሊ ኢዮም። ምስ ኣዕሩኽቶም ይጻወቱ፣ መጻሕፍቲ ምንባብ ይፈትዉ። ብተወሳኺ ብሓንሳብ ኰይኖም ናይ ቍጽሪ ሕቶታት ይምልሱ።

ትግረ፡-

ሓደስቲ ቃላት፡- መታሕት፣



| | |
|---|---|
| እዚ ሳልሕ ኢዩ። | እዚኣ ከኣ ዛህራ ሓውቱ ኢያ። |

ኣብ መታሕት ኣብ ሓንቲ ዓዲ ይነብሩ። ቋንቋ ትግረ ከኣ ይዛረቡ። ሳልሕን ዛህራን ኩሉ መዓልቲ ናብ ቤት-ትምህርቲ ይኸዱ። ሳልሕ ዛንታታት ምንባብ ይፈቱ። ዛህራ ከኣ ዛንታታት ምጽሓፍ ትፈቱ። ድሕሪ ትምህርቲ ንገዛኦም ይኸዱ። ጥራዛቶምን ርሳሳቶምን ኣብ ቦርሳኦም ይሕዝዎ። ኣብ ገዛ ከኣ ጽባቐ ጽሕፈት ይለማመዱ።

ኣብ ግዜ ሓጋይ ኣቦኦም ንጥሪቱ ማይን ሳዕርን ክረክብ ናብቲ ጎቦታት ይኸይድ። ኣብቲ ጎቦታት ሕርሻ ኣለዎም። ዘራእቲ ከኣ ይዘርኡ።

ሕቶታት

1. ሃይለን ትርሓስን ኣበይ ይነብሩ፧
2. ንስድራኦም ብኸመይ ይሕግዙ፧
3. ሳልሕን ዛህራን ኣበይ ይነብሩ፧
4. ስለምንታይ ኢዩ ኣቦ ሳልሕ ናብቲ ከበሳታት ዝኸይድ፧

ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ

1. ሃይለን ትርሓስን ኣብ ________ ይነብሩ።
2. ኣቦኦም __________ ኢዩ።
3. ኩሎም ስድራ ኣብ _________ ይዋፈሩ።

3ይ ንባብ

ሳሆ

ሓደስቲ ቃላት፦ ምህርቲ



እዚኣ ሮብለ ኢያ።

እዚ ከኣ ኢብራሂም ሓዋ ኢዩ።

ሮብለን ኢብራሂምን ኣብ እግሪቲ ጎቦታት ይነብሩ። ቋንቋ ሳሆ ከኣ ይዛረቡ። ኣዲኦም ጽቡቕ መተርኣስ ትሰርሕ። ካብ ቈርበት ኢያ ትሰርሖ። ብቐይሕን ሰማያውን ዕንቍ ከኣ ትስ ልሞ። ብተውሳኺ ንበዓላት ዝኸውን ጽቡቕ ክዳውንቲ ትሰፊ።ሮብለን ኢብራሂምን 2ይ ክፍሊ ኢዮም ዝመሃሩ። ኵሉ መዓልቲ ከኣ ናብ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ። ኣብ መገዲ ጽቡቓት ኣዕዋፍ ይርእዩ። ከምኡውን ኣሓ፣ ኣባጊዕን ኣጣልን

ኣድገ - በቕልጎ ይርእዩ።

ሮብለ ዝያዳ ነተን ኣዕዋፍ ትፈቱ። ኢብራሂም ኣጣል ከጓዪ ደስ ይብሎ። ኣናህብ ኣለዉዎም። ከየሸግርዎም ኣዚዮም ይጥንቀቑ። ካብቶም ኣናህብ ከኣ ጽቡቕ ምህርቲ መዓር ይረኽቡ።

ብሊን



እዚኣ ሳባ ኢያ። እዚ ከኣ ዮሴፍ ሓዋ ኢዩ።

ኣብ ከባቢ ከረን ኣብቲ ጎቦታት ይነብሩ። ቋንቋ ብሊን ከኣ ይዛረቡ። ገዛውቲ ቢለን ብሳዕሪ ይስራሕ። እቲ ጫፉ ዊጥ ዝበለ ኢዩ።

ምስራሕ ገዛ ብርቱዕ ኢዩ። ዮሴፍ ነቡኡ ይሕግዞ። ገዛ ክሰርሑ ምስ ወዓሉ ዮሴፍ ኣዚዩ ይደክም። ሳባን ዮሴፍን ተማሃሮ 2ይ ክፍሊ ኢዮም። ቋንቋ ቢለን ምጽሓፍን ምንባብን ይመሃሩ። ኣብ ግዜ ብዓላት ንዕዳጋ ናብ ከረን ይኸዱ። ፉል፡ ዘይቱን ይገዝኡ። ብዙሕ ከኣ ይሕጐሱ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ሮብለ እንታይ ቋንቋ ትዛረብ፧
2. ኣደ ሮብለ እንታይ ትሰርሕ፧
3. ዮሴፍ ኣብ ከመይ ዝበለ ገዛ ይነብር፧
4. ኣብ ግዜ ብዓላት ሳባ እንታይ ክትገብር ትፈቱ፧

ነዞም ባዶ ቦታታት ምልእዎም

1. ሮብለን ኢብራሂምን ቋንቋ _______ይዛረቡ።
2. ኣዲኦም ጹቡቕ ________ ትሰርሕ።
3. ኢብራሂም __________ ከንዱ ደስ ይብሎ።

# 4ይ ንባብ

## ናራ



እዚ ዳውድ ኢዩ　　　　እዚኣ ከኣ ከልቱማ ሓውቱ ኢያ።

ኣብ መታሕት ይነብሩ። ቋንቋ ናራ ከኣ ይዛረቡ። ኣብ 2ይ ክፍሊ ይመሃሩ። መታሕት ሃሩር ኢዩ። እቶም ህዝቢ ብዙሓት ኣሓ፣ ኣጣል፣ ኣባጊዕን ኣግማልን ኣለዎኦም። ካብ ጥሪቶም ጸባ ይሰትዩ። ህዝቢ ናራ ብዙሕ ዓይነት ሳዕስዒት ኣለዎም። ኣብ ፍሉይ ብዓላት ከኣ ይስዕስዕዎ። ዳውድን ከልቱማን ኣብ ግዜ ብዓላት ሳዕስዒት ይለማመዱ። ኣደ ከልቱማ ንፍዕቲ ከሻኒት መግቢ ኢያ። ዕድመ ክህሉ ከሎ፣ ከልቱማ ነዲኣ ትሕግዛ። ንሳውን ከም ኣዲኣ ንፍዕቲ ከሻኒት ክትከውን ኢያ።

ቢዳውየት

ሓደስቲ ቃላት፡- ቆላታት፡



እዚኣ ሓሊማ ኢያ

እዚ ከኣ ሓሰን ሓዋ ኢዩ።

ኣብ ቆላታት ይነብሩ። ቋንቋ ቢዳውየት ከኣ ይዛረቡ። ሓሊማን ሓሰንን ኣብዚ ዓመትዚ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክኣትዉ ኢዮም። ክሳብ ሕጂ ቤት ትምህርቲ ይኹን መጻሕፍቲ ኣይነበረን። ኣብዚ ዓመትዚ መጻሕፍቲ ተጻሒፎም ኣለዉ። እቶም ቈልዑ ንቤት-ትምህርቲ ክኸዱ ምኳኖም

ኣዚዮም ተሓጒሶም ኣለዉ። ንባብ ክመሃሩ ኢዮም ዝደልዩ። ስድራ-ቤቶም'ውን ተሓጒሶም ኣለዉ። ቆላታት ሃሩር ኢዩ። ብብዝሒ ሑጻን ዶሮናን ኣለዎ። ኣቦ በዓል ሓሰን ንጸባን ንስጋን ዝኾና ኣግማል ኣለዎ። ሓሰንን ዛህራን ኣብ ኣግማል ምውጣሕ ይፈትዉ።

## ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ቈልዑ ብዳውየት ኣብ ምንታይ ይነብሩ፧
2. ክንደይ ዓይነት ሳዕስዒት ክመሃሩ ኣለዎም፧
3. ሑሰንን ሓሊማን እንታይ ቋንቋ ይዛረቡ፧
4. ስለምንታይ ንቤት-ትምህርቲ ኣይከዱን ነይሮም፧

5ይ ንባብ

ኩናማ

ሓደስቲ ቃላት፦ ቅኒት፣ ልዑል ቅኒት፣ ትሑት ቅኒት፣ ጉንጓ፣ ሰኪዐት



እዚ ጆን ኢዩ

እዚኣ ከኣ ኣይባ ሓውቱ ኢያ።

ኣብ መታሕት ጋሽ ባርካ ይነብሩ። ተማሃሮ 2ይ ክፍሊ ኢዮም። ቋንቋ ኩናማ ከኣ ይዛረቡ። ቋንቋ ኩናማ ጽቡቕ ቋንቋ ኢዩ ብዙሕ ቅኒት ኣለዎ። እቲ ቅኒት ኣብ መንጎ ቃላት ፍልልይ ይገብር። ንሓደ ቃል ብልዑል ቅኒት እንተ ኣድሚጽካዮን ብትሑት ቅኒት እንተ ኣድሚጽካዮን ዝተፈላለየ ትርጉም ይህብ። ጆንን ኣይባን ክዛረቡ ከለዉ ዝደርፉ ዘለዉ ይጥዕሙ።

ኣይባ መጻወቲት ኣላታ። ኣብ ሰኪዐት ትስከማ። ነቲ ሰኪዐት ኣብ ክልተ ጫፍ ብበትሪ ኣሲራ ትስከሞ። ኣይባ ጥራዛታ'ውን ኣብ ሰኪዐት ትገብሮ። ኣደ ኣይባ ንቘልዓኣ እውን ኣብ ሰኪዐት ኮፍ ተብሎ። በቲ ሓደ ጫፍ ከኣ ካብ ግራታ ዝረኸበቶ ኣሕምልቲ ትገብረሉ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ጆንን ኣይባን እንታይ ክፍሊ ኢዮም፧
2. ዝዛረብዎ ቋንቋ እንታይ ኢዩ፧
3. ህዝቢ ኩናማ ኣበይ ይነብሩ፧
4. ስለምንታይ ኢዮም ጆንን ኣይባን ክዛረቡ ከለዉ ዝደርፉ ዘለዉ ዝጥዕሙ፧
5. ኣይባ እንታይ ኣላታ፧ ኣብ ምንታይከ ተቐምጣ፧

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብ ባዶ ቦታ ኣእትዉዎም

ሰኪዐት፣ መሰታ፣ ምውጣሕ፣ጎላጉል፣ዝሑል

1. ኣይባ ነታ መጻወቲታ ኣብ———ትስከማ።
2. ዑስማን ኣብ ገመል ——————— ይፈቱ።
3. ገማግም ባሕሪ ——————— ኢዩ።
4. መታሕት ሃሩር ኢዩ። ከበሳ ግን———— ኢዩ።
5. ሚርያም ———— ኣስቴር ኢያ።

ነዞም ቃላት ተመሳሳሊ ትርጉም ርኸቡሎም።

| | |
|---|---|
| መሰታ | ምውጣሕ |
| ምድረ-በዳ | ከበሳ |
| ገማግም | መታሕት |
| ምህርቲ | ቆላ |

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1.ክልተ ነጥቢ (፥) ተጠቒምኩም ክልተ ምሉእ ሓሳብ ስርሑ።
2.ሰለስተ ነጥቢ(፥)ተጠቒምኩም ክልተ ምሉእ ሓሳብ ስርሑ።
3.ኣርባዕተ ነጥቢ (።) ተጠቒምኩም ክልተ ምሉእ ሓሳብ ስርሑ።

# ምዕራፍ 2

## ብልሓተኛ ራዛ

ቃላት፡-
ከናዲ፡ ኮለል፡ ምጭናቕ፡ ጥበብ፡ ምሽጋር፡ ዓወት

1ይ ንባብ



ኣብ ሓንቲ ዓባይ ገረብ ሓደ ራዛ ነበረ። እቲ ራዛ መግቢ ሲኢኑ ብዙሕ ጠመየ። መግቢ ከናዲ ከኣ ኮለል በለ። ተጨኒቑ ላዕልን ታሕትን በለ። ናብ ኦም ደየበ። መሊሱ ወረደ። ዝገብሮ ጠፈኦ። ብርቱዕ ሃሩር ስለ ዝነበረ ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ጥምየት ድኻምን ጽምእን ተወሰኾ። ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ሓንቲ ውሑድ ማይ ዘለዋ ጥርሙስ ረኸበ። ክሰቲ እንተደለየ ግን ነቲ ማይ ከርክቦ ኣይከኣለን።

ብዙሕ ከኣ ተሸገረ። ኣብ መወዳእታ ግን ሓደ ጥበብ ሓሰበ።



ካብቲ ከባቢኡ ጸጸር ኣከበ። ነታ ጥርሙስ ከኣ በቲ ጸጸር ክመልኣ ጀመረ። እቲ ማይ ከኣ ንላዕሊ ሓፍ በለ። ሽዑ እቲ ራዛ ነቲ ማይ ኣርኪቡ ክሰቲ ከኣለ። በቲ ዝሓሰቦ ጥበብ ከኣ ተዓወተ።



## ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እቲ ራዛ ኣብ ምንታይ ይሰፍር ነይሩ፧
2. እቲ ራዛ እንታይ ኰይኑ ነይሩ፧
3. ኣብ መወዳእታ እቲ ራዛ እንታይ ረኺቡ፧
4. ስለምንታይ ነቲ ኣብታ ጥርሙስ ዝነበረ ማይ ቀልጢፉ ክሰትዮ ኣይከኣለን፧
5. ኣብ መወዳእታ እቲ ራዛ ከመይ ገይሩ ማይ ክሰቲ ኪኢሉ፧

## ክልተ ኣዕሩኽ

ቃላት፡- ድቢ፡ ሓኾሩ፡ ሃለዋት፡ ምዕዛብ፡ ሕሹኽ፡ ምጥላም፡ በደል፡ ምጒዓዝ፡

2ይ ንባብ



ኣብ ሓደ ዓዲ ክልተ ኣዚዮም ዝፋተዉ ኣዕሩኽ ነበሩ። እዞም ክልተ ኣዕሩኽ ግርማይን ጠዓመን ይበሃሉ። ሓደ መዓልቲ ዕንጨይቲ ክኣርዩ ኣርሒቖም ንበረኻ ወፈሩ። ብማዕዶ ሓደ ገዚፍ እንስሳ ረኣዩ። እንታይ ኢዩ ኢሎም ከኣ ደጋጊሞም ጠመቱ። እቲ ዝረኣይዎ እንስሳ ድቢ ኢዩ። ናብኣቶም ገጹ ከኣ ይመጽእ ነበረ።

## ፫ᵉ ንባብ



ጠዓመ ንግርማይ ገዲፉዎ ናብ ሓደ ዓቢ ኦም ሓኹሩ ተሓብአ። ግርማይ ግን ኣብቲ ዝነበሮ ጸነሐ። ኣብ መሬት በጥ ኢሉ ከም ዝሞተ ትንፋሱ ሓብአ።



እቲ ድቢ ቶኽ ኢሉ ናብ ግርማይ መጸአ። ሃለዋቱ ንኽረጋግጽ ከኣ ሸተቶ። ግርማይ ግን ትንፋሱ ሓቢኡ ተጸሚሙ ኣጽቀጠ። እቲ ድቢ ደጋጊሙ ሸተቶ። ሕጂ እውን ዋላ ሓንቲ ኣይረኸበን።

ጠዓመ ኣብቲ ዝተሓብአ ኦም ኰይኑ ይዕዘብ ነበረ። ዓርከይ ክይብላዓኒ ኢሉ ከኣ ኣዚዩ ተጨነቐ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ድቢ ንግርማይ ገዲፍዎ ከደ።

4ይ ንባብ

ጠዓመ ካብቲ ዝነበሮ ኦም ቀልጢፉ ወሪዱ እናጐየየ ናብ ግርማይ ከደ። ብኽሳዱ ሒዙ ከኣ ሰዓሞ።

ጠዓመ ንግርማይ ከምዚ በሎ። ዓርከይ ሓደ ነገር ክሓተካ እየ። ግን ከትሓብኣለይ ኩሉ ዘርዚርካ ንገረኒ።

ግርማይ፡- ሕራይ ክነግረካ እየ። እንታይ ኢኻ ደሊኻ፧ በሎ።

ጠዓመ፡- እቲ ድቢ ሕሹኽ ይብለካ ነይሩ፣ እንታይ ኢሉካ፧

ግርማይ፡- ብዙሕ ነገር ነጊሩኒ፣ ሓደ ካብቲ ዝነገረኒ ከኣ ክነግረካ እየ። ኣብ ግዜ ሓደጋ ንኣእዕሩኹቶም ዝጠልሙ ኣለዉ። ነዚኣቶም ተጠንቀቐሎም ኢሉኒ በሎ።

## 5ይ ንባብ



ጠዓመ ኣዚዩ ሰንበደ። ዓርኩ ከይጸልኦ ከኣ ፈረሐ። ልቡ ተረግ ተረግ በለት። ቀው ኢሉ ከኣ ጠመቶ። ግርማይ ግን ኣይኮረየን። ከምዘይጸልኦ ከኣ ነገሮ። ከምዚ ከኣ በሎ።

ጠዓመ ዓርከይ በዲለ ኢልካ ኣይትፍራሕ፣ ንድሕሪ ሕጂ ከምኡ ኣይትግበር።

ዓርክኻ ዝድሕነሉ መገዲ እውን ክትሕብር ኣለካ በሎ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ተተሓሒዞም ብሓባር ከዱ።



ዓርክኻ መኻዕዝትኻ ኢዩ። ኣብ እዋን ሽግሩን ጸገሙን ክትትሓጋገዞ ኣለካ። ሓደጋ

እንተኣጋጢምዎ ርድኣዮ፣ ሓደ እንተተጋግዩ ተኣራሪሙ። ተጋግዩ ኢልካ ኣይትጋገ።

ነዞም ባዶ ቦታታት ምልእዎም

1. ግርማይን ጠዓመን ______ንበረኻ ወፊሩ።
2. እቲ ዝረኣይዎ እንስሳ _________ ኢዩ ነይሩ።
3. ኣብ መሬት በጥ ኢሉ ትንፋስ ዝሓብአ ______ ኢዩ ነይሩ።
4. ጠዓመ ብፍርሒ ዝኣክል ልቡ _____ በለ።
5. ኣብ እዋን ሸግርን ጸገምን ዝተሓጋገዘካ _______ ኢዩ።

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተመሳሰልቲ ትርጉም ርኸቡሎም

| | |
|---|---|
| ብልሓት | ሓደጋ |
| ከናዲ | ሕሾኽ |
| ኮለል | ሃለዋት |
| ምጭናቕ | ሓኸሩ |
| ምሽጋር | ምዕዛብ |
| ዓወት | ጥበብ |

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉኣት ሓሳባት ስርሑ

ገረብ፣ መግቢ፣ ሃሩር፣ ተሸገረ፣ ተበላሓተ፣ ጻዕሪ

ነዞም ሕቶታታ መልሱ።

1. ግርማይን ጠዓመን ናበይ ይኸዱ ነይሮም፧
2. ኣብቲ ዝኸድዎ እንታይ ርእዮም፧
3. ጠዓመ ኣብ ምንታይ ተሓቢኡ፧
4. ግርማይ ከመይ ገይሩ ካብቲ ድቢ ድሒኑ፧
5. ግርማይ ንጠዓመ እቲ ድቢ እንታይ ኢሉኒ ኢልዎ፧

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉኣት ሓሳባት ስርሑ

1. ሕሹኽ
2. ዓቢ
3. ምሕባር
4. ብጻይ
5. ጥልመት/ምጥላም

# ምዕራፍ 3፥

## ግጥምታት

### 1ይ ንባብ

### ኮኾብ

ብልጭ ብልጭ እትብል ንእሽቶ ኮኾብ
ኣብ ርሑቕ ሰፈርካ ዘይትርከብ
መሳልል ዘይብሉ ላዕሊ ሰማይ
እኺ ዘይትወርድ ምስ ዝዘንብ ማይ።

ብመዓልቲ ዘወዓለት
ጸሓይ ምስ ጠለቐት

ንሰኻ ትቕልቀል ንእሽቶ መብራህቲ
መስ መስ ከኣ ትብል ምሉእ ለይቲ

ኣየወ እቲ ቀደም ዓንቶቦ ብጥንቲ
ንገያሾ ትመርሕ ኣብ ጕዕዞ ብለይቲ

ናባኻ የቋምታ ትኩራት ኣዒንቲ
ንዓኻ ይስዕባ ከይጠፍኣን መገዲ
ብሳላኻ ከኣ ይኣትዋ ናብ ዓዲ።

ነዞም ዝሰዕቡ ቃላት ትርጉም ርኸቡሎም።
ቀጺልኩም ኣብ ምሉእ ሓሳባት ኣእትውዎም።

ጥንቲ
ምቁማት
ትኩራት
ብሳሻኻ

2ይ ንባብ

ወለዲ

ወለድና ፍቱዋት ወለዲ
ንደቆም ዝህቡ ናይ ፍቕሪ መኣዲ
ኣየወ እታ ኣደ ሕያወይቲ
ንደቀይ ምስ በለት ለይቲ ምስ መዓልቲ
ደቃ ንኽትኣሊ ትብል ላዕሊ ታሕቲ

ዕንቅፍ እንተበልካ ቅድመኺ ይስጠሓኒ
እንተበሸኻ ንዕኒ በጃኒ
ሕቘፍ ስዕም ኣንቲ ብርሃን ዓይኒ
እንታይ ይሕሸኪ እስከ ንገርኒ
ኣቦ እወ ኣቦ ንደቀይ በሃሊ
ኣብ ስራሕ ውዒሉ ብሃሩር ብቚሪ
ደቁ ከይጠምዩ ዝብላዕ ክኣሪ
እዞም ደቀይ እናበለ መዓዲ መኻሪ

ኣየወ ወለዲ ብሩኻት ወለዲ
ደቆም ዝናብዩ ናይ ስድራ-ቤት ዕርዲ
ዝኣልዩ ዝመርሑ ናብ ቅኑዕ መገዲ
ኣምሂሮም ኰስኵሶም ዘእትዉ ናብ ዓዲ

3ይ ንባብ

ቤት-ትምህርቲ

ኦ ቤት-ትምህርትና ካልኣይቲ ቤትና
ትሓቖፊ ትሕብሕቢ ንወድና ጓልና
ፍልጠት እትህቢ ክሰፍሕ ሓንጎልና

ንሕና ተማሃሮ ኣብ ውሽጢ ቀጽርኺ
ደቂ ብዙሓት ስድራ ሓንቲ ኣደና ኢኺ
ንፈትወኪ ኢና ንከናኸነኪ

ብጽሬት ንሕዞ ክቡር ምድሪ-ቤትኪ
ጠረጴዛ ኵርሽ ሰለዳ ከብሕኺ
ናትና ኢዩ ንብረትና ከምቲ ናይ ገዛና
ተጠንቂቕና ንሕዞ ከይበላሸወና

ነዞም ሕቶታት መልሱ።

1. ቤት ትምህርቲ እንታይ ትህበና፧
2. ንብረት ቤት ትምህርቲ ዝበሃሉ ኣየኖት ኢዮም፧
3. ካልኣይቲ ቤትና ኢልና ንጽውዓ መን ኢያ፧

መላመዲ

ናይዞም ዝስዕቡ ቃላት ተመሳሰልቲ ትርጉም ርኸቡ(ብሓገዝ መምህራንን ወለድን)

1. መሳልል
2. ዓንተቦ
3. ጥንቲ
4. ትኩራት
5. ምቁማት
6. ብሳሻኻ
7. ምዕዶ
8. ዕርዲ
9. ምሕብሓብ
10. ቀጽሪ
11. ምድሪ-ቤት
12. ከብሒ

4ይ ንባብ

## ጉባኤ እንስሳ ዘቤት

ንሰባት ዝጠቕሙ ኪዳኖም ዘይጠልሙ
ካብ ስራሕ ዘይሃድሙ ፍጹም ዘይደኽሙ
ጉባኤ ጸዊዖም ክገብሩ ገምጋሞም

ዝርርብ ጀሚሮም ጸብጻብ ሞያኦም

ላም፦ ስጋይ ንቐለብ ኣብ ኩሉ ዝጥለብ
ጸባይ ዘይጽገብ ብዳጉድ ዝሕለብ
ቆርበተይ ንመጽዓን ንጫማ ንምራን

ብዕራይ፦ ኣነ ኣቦ ድኻ ምውዓለይ በረኻ
ዝግልብጥ ዋሳኻ ዘፍኾስ ንዱኻ
ኣነ ወዲ ላሕሚ ናተይ ጎነ
ናይ ኣደይ'ውን ጠስሚ
ሓዋዊስካ ኣብዚለኻ ጣዕሚ

ጤል፦ ኣብ ጎልጎል ኣብ ገደል
ፍጹም ዘይድህለል
ፍጹም ዘይጽገም ክድይብ ናብ ጎቦ
ዋላ እንተረሓቐ ተሓንጊረ የርክቦ
ወይ ኣነ ጤል ነብሰይ እንተደቐቐ
ብጸባይ ብቖርበተይ ካብ ላምዶ ሓሚቐ።

በጊዕ፦ ዝያዳ ዝፍለጥ ብዘለኒ ጸጕሪ
ዝከላኸል ካብ ቍሪ ኮቦርታ ሰታሪ
ወጮ ከኣ ይኸውን ሓያል መደሃሪ

ደርሆ፦ ፈቐዱኦ ዘይረ ዝነብር ጻሕቲረ
ስጋይ ኣመቂረ እንቋቑሖ ገይረ
ክብርቲ እየ ኣብ ጻሕሊ ሰራዊት ኣኸቲለ
ምስረሐይ ሓያል ኢዩ ዝደሊ ወሓለ

5ይ ንባብ

ኣድጊ፡- ከከቢዱ ሰከም ንወዲ ሰብ ጸገም
ደኺመ ከይበልኩ እጸዓን ብስቕታ
ከማይሞ መን ኣሎ ዘገልግል ንጎይታ

በቕሊ፡- ኮረሻ ኣጣጢሐ ሰባት ኣወጢሐ
እገይሽ ከይወግሐ እምለስ ኣብጺሐ

ገመል፡- ንጽምኢ ንጥምየት ኻኸበድቲ ጽዕነት
ኣብ ጽንኩር ኩነታት መርከብ ንጹጉማት
ልስሉስ ከብዲ እግረይ ኣብ ሑጻ ሰጓማይ

ከልቢ፡- ካብ ጸላኢ ሽፍታ ናይ ናብራ ስክፍታ
ናይ ወዲ-ሰብ ዋልታ ብለይቲ ብኸውታ

ድሙ፡- ኣናጹ መብረስቲ ንንብረት መዕነውቲ
ቀ·ርጥም በብሓንቲ ብብልሓት ብስልቲ

ጉባኤ ተዛዚሙ ንጥፈት ተገምጊሙ
ኩሉ ከም ቀደሙ ክሰርሕ ከም ዓቕሙ
ሓደ ምስቲ ሓደ ከይተቐያየሙ
መን ካብ መን ክበልጽ በብኣገልግሎቱ
ፈኸራን ጃህራን ኣየውፍር ኣየእቱ።

## ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ትርጉም ርኸቡሎም

| | |
|---|---|
| ጉባኤ | ወሓለ |
| ኪዳን | ሽፍታ |
| ሞያ | ዋልታ |
| ዳጉድ | ከውታ |
| ዱኻ | ምብራስ |
| ወጮ | ብልሓት |

## ኣዛምዱ

| ሀ | | ለ |
|---|---|---|
| 1. ዝግልብጥ ዋናኻ ዘፍኩስ'ውን ዱኻ | _______ | ላም |
| 2. ቆርበተይ ንመጽዓን ንጫማ ንምራን | ______ | ጤል |
| 3. ብጸባይ ብቖርበተይ ካብ ላም'ዶ ሓሚቐ | _____ | ብዕራይ |
| 4. ዝከላኸል ካብ ቊሪ፣ ኮቦርታ ሰታሪ | ______ | በጊዕ |
| 5. ፈቐድኡ ዘይረ ዝነበር ጻሕቲረ | _______ | በቕሊ |
| 6. ደኺመ ከይበልኩ እጽዓን ብስቕታ | ______ | ገመል |
| 7. ኮረሻ ኣጣጢሐ፣ እገይሽ ከይወግሐ | ______ | ከልቢ |
| 8. ኣብ ጽንኩር ኩነታት መርከብ ንጽጉማት | _____ | ድሙ |
| 9. ናይ ወድሰብ ዋልታ ብለይቲ ብከውታ | _____ | ደርሆ |
| 10. ነናጹ መብረስቲ ቊርጥም በብሓንቲ | ______ | ኣድጊ |

# ምዕራፍ 4

## መዓልቲ ናጽነት

### 1ይ ንባብ



መምህር እናገለጸት ከላ ካልቱምን ዳውድን ሰኞ ኢሎም ይሰምዑ ነበሩ።

"መዓልቲ ናጽነት ቀሪቡ ኢዩ።" በለት እታ መምህር። "እዛ መዓልቲ እዚኣ ኤርትራ ሃገርና ካብ መግዛእቲ ናጻ ዝወጻኣትላ መዓልቲ ኢያ። ንሕና ካብ መግዛእቲ ናጻ ክንወጽእ ብዙሓት ኣ ቦታትና፡ ኣደታትናን ኣባሓጎታትናን ተሰዊኦም። በዛ መዓልቲ ናጽነት ከኣ ኹሎም ምእንቲ ናጽነትና ዝተሰዉኡ ንዝክርን ነመስግኖምን።"

"ናብቲ ኣብ ባረንቱ ዝበዓል መዓልቲ ናጽነት ክንከይድ ኢና።" ኢላ እታ መምህር ነቶም ተማሃሮ ነጊራቶም። "እንታይ ክነቕርብ ኢና፧" ኢላ ከኣ ሓቲታቶም። እቶም ተማሃሮ "ያታዊ

ደርፍታትና” ኢሎም ብዓውታ ጨደሩ። ዳውድ ከኣ “ያታዊ ሳዕስዒታትና” ኢሉ ርእይቶ ኣቕረበ።
“ጽቡቕ” በለት እታ መምህር። ቀጺላ “መን ኣ ሎ ገለ ደርፍትታት ዝፈልጥ” በለቶም። ንሳቶም ከኣ “ኩልና” በልዋ።
“ሕራይ” በለት መምህር፣ ቀጺላ መንከ ኣሎ “ያታዊ ሳዕስዒት ዝኽእል” በለቶም። ዳውድ ምስ ገለ ውሑዳት ተማሃሮ “ንፈልጥ ኢና” ኢሎማ። “ዝገርም ኢዩ ጽቡቕ ምርኢት ክነቕርብ ኢና” ከኣ በለት መምህር።

ነዞም ሕቶታት ምልሱ

1. ስለምንታይ መዓልቲ ናጽነት ነብዕል፧
2. ኣበይ ኢዩ ዝበዓል፧
3. እቶም ቈልዑ እንታይ ከቕርቡ ይደልዩ፧
4. እስከ ገለ ያታዊ ደርፊ ድረፉ፧

2ይ ንባብ



ተማሃሮ ነናብ ገዛኦም ከይዶም ንስድራኦም ነጊሮሞም። ኩለን ኣደታት ከኣ “እቲ ያታዊ ክዳውንትኹም ክንሓጽበልኩም ኢና” በለኦም። “ቤት ትምህርቲ ባረንቱ ከኣ ከነማዕርጋ ኢና።” እቶም ቈልዑ ቀልጢፎም ንዝተዋህቦም ትምህርቲ የጽንዎ ነበሩ። እታ መምህር ከኣ በቲ ንጥፈታቶም ኣዚያ ተገረመት። “ካልቱም ንሸኺ ኮቦሮዶ ክትወቕዒ፧” ከኣ በለታ። ካልቱም ከኣ “ሕራይ መምህር” በለት። ሕጂ ግን ንገዛ ከይዳ ክትለማመድ ኣለዋ። ነዲኣ ከኣ “ኣደ በጃኺባ ሓግዝኒ ጽቡቕ ገይረ ከጻውቶም ኣለኒ” በለታ። ምሉእ ምሸት ከኣ ክትለማመድ ኣምሰየት።

ኩሎም ቈልዑ ተሓጒሶም ንገዛኦም ከይዶም። ኣ ብ ባረንቱ ያታዊ ደርፍታትና ክንደርፍ። ያታዊ ሳዕስዒትና ክንስዕስዕ መዓልቲ ናጽነት ከነብዕል ኢና እናበሉ ሓጎሶም ገለጹ። ወለዲ

ኣዚዮም ተሓጒሶ። “ንዑ ሕጂ ዝያዳ ደርፍታትን ሳዕስዒትን ክንምህረኩም ኢና ኣጸቢቕኩም ከኣ ተለማመዱ” በልዎም። እቶም ኣቦታት ኻኹሉ ህርመትን ኣሰዓስዓን የርእይዎም። እቶም ቈልዑ ኣዚዮም ተሓጒሶ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ብጀካ እቶም ቈልዑ ዝተገረሙ መን ኢዮም፧
2. እቶም ወለዲ ብኸመይ ሓጊዞሞም፧
3. እታ መምህር ከልቱም እንታይ ክትገብር ሓቲታ፧

## 4. ክልቲም ሰለምንታይ ምሉእ ምሸት ከትለማመድ ኣምሰያ፧

### 3ይ ንባብ



ኣዳራትን ሖሰንን እውን ሕጉሳት ነይሮም። ምኽንያቱ መምህሮም "ናብቲ ኣብ ባረንቱ ዝበዓል መዓልቲ ናጽነት ተዓዲምና ኣለና" ስለ ዝበለቶም። "ቤት-ትምህርትና እንታይ ከተቐርብ ኢልኩም ትሓስቡ፧"ኢላ ሓተተቶም።እቶም ቈልዑ ብሓባር "ያታዊ ደርፍታትና" ኢሎም ጨደሩ። "ሕራይ ካልእከ" በለቶም መምህር። "ያታዊ ሳዕስዒት" በልዋ ብሓባር። "ጽቡቕ ኣኺሉ ዲዩ፧" ሓተተት መምህር።

"ኣነ ግጥሚ እኽእል እየ ንሱ ከኣ ብዛዕባ ሃገርና ኢዩ" በለት ኣዳራት። "ብጣዕሚ ጽቡቕ ምቕርራብ ናይ ቢዳውየት ክህልወና ኢዩ።"

ቈልዑ ነንገዛእም ከዱ። ንወለዶም ምስ ነገርዎም፣ “ንሕና ከኣ ተሓጕስና ኣለና በልዎም።” “ሕጂ ከኣ ንሕና ኣጸቢቕና ክንምህረኩም ኢና በሉዎም።” ምሸት ምሸት ነቲ ደርፍታትን ኣሰዓስዓን የለማምድዎም ነበሩ። ኣዳራት ነቲ ዝነበራ ግጥሚ ተለማመደቶ። ነዲኣ ከኣ “ኣደ ኣብ ቅድሚ ሰብ ምስ ቀረብኩ ሓፊረ እንተዘይረሲዐዮ ኣጽኒዐዮ ኣለኹ በለታ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እቶም ቈልዑ ቢዳውየት ናበይ ኢዮም ዝኸዱ፧
2. እንታይ ኢዮም ከቕርቡ፧
3. እቶም ወለዶም እንታይ ሓጊዞሞም፧
4. ኣዳራት እንታይ ክትገብር ኢያ፧

4ይ ንባብ



ኣብ ቤት ትምህርቲ ኩናማ እቶም ተማሃሮ፣ ንመዓልቲ ናጽነት ዝኸውን መደባት ክለማመዱ ኣብ ሓያል ስራሕ ተጸሚዶም ኣለዉ። "ንሕና ኣዚና ተሓጒስና ኣለና። ንመዓልቲ ናጽነት ንባረንቱ ክንከይድ ኢና።" እናበሉ ከኣ ሓጐሶም ይገልጹ ነበሩ።

ኣደ ባኪን ኣሮን "እቲ ያታዊ ክዳውንትኹም ክሓጽበልኩም እየ" በለቶም። ኣቦኦም ከኣ "ምሸት ምሸት ደርፍታትን ሳዕስዒትን ከለማምደኩም እየ" በሎም። ባኪ ምረሻ ንየማን ንጸጋም ንየማን ንጸጋም ኣጸቢቑ ተለማመደ ምኽንያቱ ከኣ ባንደራ ሒዙ ክመርሕ ኢዩ።

መምህር፣ "ጽባሕ ፍሉይ ልምምድ ክህልወና ኢዩ። ነፍሲ-ወከፍኩም ብዛዕባ ሃገርና እተድንቕዎ ሓደ ነገር ክትብሉ እደሊ ኣለኹ" በለቶም።

ኩሎም ወለዲ ናብቲ ልምምድ ዝግበረሉ ቦታ መጹኡ። ባኪ ነታ ባንዴራ ሰጥ ኣቢሉ ኣልዓላ። እቶም ቈልዑ ደርፍታት እናደረፉ፣ እናሳዕስዑ ነፍሲ-ወከፍ ቈልዓ ከኣ ብዛዕባ ኤርትራ ዘድንቖ ነገር እናነገረ ብቕድሚ እቶም ወለዲ ሓለፉ። እቶም ወለዲ ከኣ ብጣቕዒትን እልልታን ሓጐሶም ገለጹሎም።



መምህሮም ከኣ “ጽባሕ ንግሆ ስዓት ሽድሽተ ኣውቶቡስና ክትብገስ ኢያ ኩሉኹም ቀልጢፍኩም ተዳለው በለቶም።”

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ኣብ መዓልቲ ናጽነት እቶም ቈልዑ ኩናማ እንታይ ክገብሩ ኢዮም፧
2. ነታ ባንዴራ መን ኢዩ ክሕዛ፧
3. ነፍሲ-ወከፍ ቈልዓ እንታይ ክነግር ኢዩ፧
4. ንባረንቱ ሰዓት ክንደይ ክብገሱ ኢዮም፧

5ይ ንባብ

ጉንቦት 23 ንጉሆ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ቀጽሪ'ቲ ዓቢ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደርጃ ኣብ ባረንቱ በጺሐን። ብቈጽሊ ስየን ዕንባባታትን ዝማዕረገ ሓደ ዓቢ መድረኽ ተዳልዩ ኢዩ። እቶም ተማሃሮ ናይ 2ይ ደረጃ ሃገራዊ መዝሙር ዘሚሮም እቲ በዓል ብዝክረ ሰማእታት ተኸፊቱ። ኣማሓዳሪ ከተማ ባረንቱ ከኣ ብዛዕባቲ መዓልቲ ናጽነት መግለጺ ሂቡ ነቶም ንናጽነት ኤርትራ ዝተሰዉኡ ጀጋኑ ከኣ ኣመስጊኑን ዘኪሩን። ካልቱም ነቲ ናይ ናራ ደርፍታትን ሳዕስዒትን ኮቦሮ ሃሪማ። ኣዚዩ ከኣ ጽቡቕ ነይሩ። ደድሕሪዚ ቤት-ትምህርቲ ቢዳውየት ባህላዊ ምርኢታት ኣቕሪባ። ኣዳራት ከኣ ነቲ ዝተዳለወትሉ ግጥሚ ኣንቢባ። ኩሉቲ ህዝቢ ነቲ ዝቐረበ ምርኢትን ግጥምን ኣድነቖ። ብጣቕዒትን እልልታን ከኣ ኣሰነዮ።

ባኪ ባንዴራ እናኣንበልበለ ንቤት-ትምህርቲ ቢዳውየት መርሐ። ድሕርቲ ሳዕስዒት ከኣ እቶም ተማሃሮ ስለምንታይ ንሃገሮም ከምዝፈትዉን ዘድንቑን ገለጹ።

- እታ መግቢ እትህበና መሬት
- እቶም ማይ ዝህቡና ወሓይዝን ሩባታትን
- እቶም ዘጽልሉናን ገዛውትና እንሰርሓሎምን ኣግራብ
- እቶም መግቢ ዝህቡና ኣብ ስራሕና ዝሕግዙና እንስሳታት
- እቶም ጽቡቓት ጎቦታትናን ጐላጉልናን

ኩሉ ህዝቢ ብዓቢ ሓጎስ ኣጣቐዐን ዓለለን።

ብድሕርዚ ኵለን ኣብያተ ትምህርቲ ተሰሪዐን ካብቲ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ወጺአን ናብቲ ቀንዲ ጎደና ከተማ ባረንቱ ገጸን ከዳ።

ባኪ ባንዴራ ሒዙ። ካልቱም ኮቦሮ እናሃረመት፣ እቶም ተማሃሮ እናደረፉን እናሳዕስዑን ነቲ በዓል ኣድሚቖሞ ወዓሉ። ብዙሓት ቈልዑ ከኣ ነቲ ሰልፊ ክርእዩ ኣብቲ ኣግራብ ደይቦም ነበሩ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እቲ ህዝቢ ነቲ ደርፍታትን ሳዕስዒትን ፈትዮዎዶ፧
2. ሰልፊ ሪኢኹምዶ፧
3. ስለምንታይ እቶም ቈልዑ ኣብቲ ኣግራብ ደይቦም ነይሮም፧
4. ስለምንታይ ንሃገርካ ትፈትዋ፧ ግለጽ፧

ነዞም ቃላት ትርጉሞም ርኸቡ፣ ንመምህርን

ወለድን ተወከሱ።

| | |
|---|---|
| መግዛእቲ | ምጽማድ/ተጸሚዶም |
| መስዋእቲ | ስየ |
| ያታዊ ሳዕስዒት | ዝክረ-ሰማእታት |
| ምምዕራግ | ምግራም |
| ህርመት | ምጭዳር/ጨደሩ |

ነዞም ዝስዕቡ ምሉኣት ሓሳባት ኣሪምኩም ጽሓፉ።

1. ሰናይት ረኺባ ርሳስ
2. ሒዙ ኤርትራ ባንዴራ ናይ ሰሚር
3. ትጽሕፍ ኣብ ሰሌዳ ኣላ መምህርና
4. ሃገርና መዝሙር ዘሚርና
5. ብሄራት ትሽዓተ ኤርትራ ኣለዋ ኣብ

# ምዕራፍ 5

## ምግፋፍ ዓሳ 1ይ ክፋል

### 1ይ ንባብ



ዑስማንን ፋጥማን፡ ምስ ኣቦኦምን ኣዲኦምን፡ ኣብ ገዛ ይሰርሑ ነይሮም። ኣቦኦም ናብ ምግፋፍ ዓሳ ክኸይድ ይዳሎ ነይሩ። ንዑስማን ከኣ፡ እቲ ዝስተ ማይ ናብታ ጃልባ ውሰዶ በሎ። ፋጥማ፡ “ኣቦ፡ ሎሚ ኣነ ምሳኻ ክኸይድ እየ” በለቶ። ኣቦኣ ኸኣ “ሕራይ በሊ ጎማ ተማልኢ ዝናብ ክዘንብ ይኽእል ኢዩ” በላ። ኩሎም ናብታ ጃልባ ከዱ። ኣቦኦም ከኣ ነታ ጃልባ ናብቲ ማይ ደፊኣ።

ኩሎም ተሓጋጊዞም፡ ነቲ ሰኪዕትን ማይን መግብን ኣብታ ጃልባ ጽዒኖሞ። ኣቦኦም ንፋጥማ ሓደ ፍሉይ ቦታ ኣዳለወላ። ድሓር ምስ ደኸምኪ ኣብዚ በጥ ኢልኪ ትድቅሲ ከኣ በላ። ፋጥማ ንመጀመርታ ግዜ ምስ ኣቦኣ ናብ ምግፋፍ ዓሳ

ምኻዳ ኣዚያ ተሓጐሰት። በታ ጃልባ ክብገሱ ከለዉ ዳርጋ ጸልሚቱ ኢዩ ነይሩ። ፋጥማ ከኣ፣ ነዲኣን ንሓዋን፣ ብኢዳ ሰላምታ እናሃበት ከደት።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እቲ ኣቦ መዓስ ኢዩ ናብ ምግፋፍ ዓሳ ዝኸይድ፧
2. ስለምንታይ ብለይቲ ይኸይድ፧
3. እንታይ ሒዞም ክኸዱ ኣለዎም፧

2ይ ንባብ



ፋጥማ ኻኹሉ ኣቦኣ ዝሰርሖ ትዕዘቦ ነበረት። ካብ ድሕሪት ናይታ ጃልባ ካብ ጥቃ'ቲ ሞተረ ሓደ ሓጺን ኣውጺኡ። እቲ ሓጺን መጀለቢ ኢዩ። በቲ ሓጺን ገይሩ ኸኣ ነታ ጃልባ ንቕድሚትን

ንድሕሪትን ከምትኸይድ ይገብራ። ፋጥማ ንመጀመርታ ግዜኣ ኢያ ናብ ምግፋፍ ዓሳ ከይዳ። ቅድሚ ሕጂ፡ ኣቦኣ ሓገዝ እንተደልዩ ንዑስማን ኢዩ ዝሓትት ነይሩ።

እቲ ንፋስ ኣዚዩ ዝሑል ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ባሕሪ ማዕበል ነይሩ። ነታ ጃልባ የማነ ጸጋም የብላ ነይሩ። መሬት መስዩ ኣዝዩ ጸላም ነይሩ። እቲ ሞተር ከኣ ብርቱዕ ድምጺ ነይሩዎ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ፋጥማ ደቂሳ። ካብ ድቃሳ ምስ ተበራበረት ኩሉ ነገር ሃዲኡ ነይሩ። ኣቦኣ ኸኣ ሞተረ ኣጥፊኡ ኣብ ሓደ ጸግዒ ናይታ ጃልባ ተጋዲሙ ነይሩ።

## ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እቲ ኣቦ ነታ ጃልባ ከመይ ገይሩ ይዝውራ ነይሩ፧
2. ፋጥማ ኩሉ ግዜ ድያ ምስ ኣቦኣ ትኸይድ ነይራ፧
3. ኩነታት ናይቲ ባሕሪ ከመይ ነይሩ፧
4. እቲ ኣቦ ስለምንታይ ኣብቲ ጸግዒ ናይታ ጃልባ ተጋዲሙ፧

## 3ይ ንባብ



ኣብዚ ግዜ'ዚ ወርሕን ከዋኽብትን ወጺኦም፡ ስለዝነበሩ፡ ፋጥማ ኣቦኣ ነቲ ሰኪዐት ናብቲ ማይ ክውርውሮ ከሎ ክትርእዮ ትኽእል ኢያ። ሓደ ጫፍ ናይቲ ሰኪዐት ኣብታ ጃልባ ተኣሲሩ ኢዩ። እቲ ሓደ ጫፍ ከኣ ናብ ውሽጢ'ቲ ማይ ይኣቱ። ጽንሕ ኢሉ ነቲ ሰኪዐት ይስሕቦ። ናብቲ ሰኪዐት ዝኣተወ ዓሳ ከኣ ይተሓዝ፡ እቲ ኣቦ ወዲኡ ነቲ ሰኪዐት ንላዕሊ እናሰሓበ "ብዙሓት ዓሳታት ሒዙ ክህሉ ተስፋ እገብር" በለ። "ገለ ዓሳታት ክሳብ ንሕዝ ክንጽበ ኢና ብድሕሪኡ ኸኣ ንርእዮ" ከኣ በለ። ፋጥማ ከኣ ብውሽጣ "ዝግበር የለን ምጽባይ ጥራይ ኢዩ" በለት። ናብ ድቃሳ ኸኣ ተመለሰት።

## ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እቲ መግፈፊ ሰኪዐት ብኸመይ ይሰርሕ፧
2. ፋጥማን ኣቦኣን ስለምንታይ ተጸብዮም፧
3. ስለምንታይ ፋጥማ ናብ መደቀሲኣ ተመሊሳ፧

## 4ይ ንባብ

ዑስማንን ኣዲኡን ኣፋንዮሞም ንገዝኦም ኢዮም ተመሊሶም። ኣዲኡ ከኣ “ጽፍሪ ኣረነ - ባሕሪ ክኣሪ ደልየ ኣለኹ። ጽባሕ ንግሆ ኣቦኻን ፋጥማን ቅድሚ ምምጽኦም ክንከይድ ኢና” በለቶ።

ዑስማን “ሕራይ ኣደ” በላ። ጽፍሪ ኣረነ-ባሕሪ ምእራይ መብዛሕትኡ ግዜ ስራሕ ኣደታት ኢዩ። ሕጂ ግን ዑስማን ነዲኡ ክሕግዝ ክኸይድ ኢዩ። ተሓጋጊዞም ክኣርዩ ኢዮም። ዑስማን ከኣ ነዲኡ “ሕጂ ክንደይ ኪሎ ዝኸውን ኣጽፋር ኣለኪ” ኢሉ ሓተታ።

ኣዲኡ ኸኣ “ሕጂ ክልተ ኪሎ ጥራይ ኢዩ ዘለኒ፣ እንተኸኢልና ግን ዝሸየጥ ዝያዳ ምደለኹ” ኢላ መለሰትሉ።

እቲ ንፋስ ብብርቱዕ ይነፍስ ነይሩ። ብርቱዕ ዝናብ’ውን ነይሩ። ፋጥማን ኣቦይን ድሓን ክህልዉ ተስፋ እገብር ኢሉ ኸኣ ሓሰበ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. መብዛሕቱኡ ምእካብ ጽፍሪ ብመን ይስራሕ፧
2. ኣጽፋር እንታይ ኢዮም፧ ንምንታይከ ይጠቕሙ፧
3. እታ ኣደ ስለምንታይ ኣጽፋር ትእክብ፧
4. ዑስማን እንታይ ኰይኑ ኢዩ ተሻቒሉ፧

5ይ ንባብ

ኣዲኡ ንዑስማን ኣንጊሃ ኣተሲኣቶ። ተታሓሒዞም ናብቲ ባሕሪ ከዱ። ተሓጋጊዞም ከኣ ጽፍሪ-ኣረነ ባሕሪ ክኣርዩ ጀመሩ። እቶም ኣረነ-ባሕሪ መግቢ ክደልዩ ኣብቲ ገማግም ማያት ይዘዋወሩ። እታ ኣደ ከኣ ኣረነ-ባሕሪ ኣብ ዝረኣየትሉ፡ እናኣረየት ናብ ሳንጣኣ ተእትዎ። ካብቲ ሳንጣ ከይወጽኡ ከረው ኣቢላ ትኣስሮ።
ማዕበል ነቶም ኣረነ-ባሕሪ ጸፊዑ ናብቲ ገማግም የቕርቦም። ዑስማንን ኣዲኡን ከኣ እናመንጠሉ ናብ ሰኪዐቶም የእትውዎም።
ኣዲኡ ናብ ሰማይ እናጠመተት፡ “ረኣኻ ዑስማን ወደይ፡ እዚ ጸሊም ደበና፡ ሓያል ዝናብ
ክዘንብ ኢዩ። “ብዛዕባ ኣሶኻን ፋጥማን ከኣ ተሻቒለ ኣለኹ፡” በለቶ።

**ነዞም ሕቶታት መልሱ**

1. ሰባት ከመይ ገይሮም ጽፍሪ ይእክቡ፧
2. ጽፍሪ ኣብ ምንታይ ይርከብ፧
3. ጽፍሪ ኣኪቦም ኣብ ምንታይ የቐምጥዎ፧
4. እታ ኣደ ስለምንታይ ተሻቒላ፧

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ትርጉም ሂብኩም ኣብ ምሉእ ሓሳብ ኣእትውዎም።**

1. ምዕዛብ
2. መጀለቢ
3. ተጋዲሙ
4. ደበና
5. ማዕበል

# ምዕራፍ 6

## ምግፋፍ ዓሳ 2ይ ክፋል



ዑስማንን ኣዲኡን ክልተ ሳንጣ ምሉእ ጽፍሪ ኣረነ-ባሕሪ ኣኪቦም።

ዑስማን ከኣ ነዲኡ "እዚ ኹሉ ጽፍሪ እንታይ ክትገብርዮ ኢኺ፧" ኢሉ ሓተታ።

ኣዲኡ ኸኣ "እዚ ድኣ ክሸጦ እየ" በለቶ።

ዑስማን መሊሱ "መን ኣሎ ጽፍሪ ኣረነ ክዕድግ ዝደሊ፧" ኢሉ ሓተታ። ኣዲኡ ኸኣ "ጨና ዝሰርሑ ሰባት ኣለዉ፤ እዚ ጽፍሪ ኣረነ-ባሕሪ ጽቡቕ መስርሒ ጨና ኢዩ"። ሕጂ ግን ንገዛና ክንከይድ ኣለና። ኣቦኻን ፋጥማን ከኣ ንገዛ ክመጽኡ ኢዮም" በለቶ።

ዑስማንን ኣዲኡን ነቲ ጽፍሪ ዝመልአ ሳናጡ ተሰኪሞም ንገዝኦም ከዱ። ኣዚዩ ከቢድ ኢዩ

ነይሩ። ገዛ ኣትዮም። ኣዲኡ ቀልጢፉ ሓዊ ኣጕዳ፣ ጥዑም ገዓት ገዓተት። ነቦኡምን ፋጥማን ኸኣ ክጽበዩ ጀመሩ። ፋጥማን ኣቦኣን ግን ጌና ኣይተመልሱን።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ስለምንታይ እታ ኣደ ጽፍሪ ደልያ፧
2. ነቲ ጽፍሪ መን ይገዝኦ፧
3. ካብቲ ጽፍርታት እንታይ ይስራሕ፧
4. ፋጥማን ኣቦኣን ስለምንታይ ደንጕዮም፧

2ይ ንባብ



ፋጥማ ካብ ድቃሳ ተበራቢራ። ምኽንያቱ ከኣ እታ ጃልባ ገልጠምጠም ትብል ነይራ። እቲ ማዕበል (ጸፍዒ-ማይ) ምስቲ ጐድንታት ናይታ ጃልባ ይጋጮ ነይሩ። እቲ ንፋስ ብናህሪ ይነፍስ።

ብርቱዕ ዝናብ ይዘንብ ስለ ዝነበረ ከኣ፣ ኩሉ'ቲ ኣብታ ጃልባ ዝነበረ ንብረት ጠልቀዩ።

ኣቦኣ ኣብ ሓደ ጸግዒ ናይታ ጃልባ ተጸጊዑ ነበረ። ነቲ ናብ ድሕሪት ወርዊርዎ ዝነበረ ሰኪዐት ከኣ ናብታ ጃልባ ይስሕቦ ነበረ። ንፋጥማ ከኣ “ንዒ ኣሳሕብኒ። ሓግዝኒ ክንቅልጥፍ ኣለና”ኢሉ ጸወዓ።

እቲ ሰኪዐት ጠልቀዩ ስለ ዝነበረ ከቢድ ኢዩ። ንሳ ብዘለዋ ሓይሊ ሰሓበት። ተሓጋጊዞም ከኣ ነቲ ሰኪዐት ናብታ ጃልባ ኣእተውዎ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ማዕበል በርቲዑ። ነታ ጃልባ ንየማን ንጸጋም የነቓንቓ ነበረ። ፋጥማ ኣዚያ ፈረሐት። ኣቦኣ'ውን ተጨነቐ። በቲ ጎማ ተሸፊኒ ናብቲ ደሴት ክንከይድ ኢና ከኣ በላ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ፋጥማ ስለምንታይ ተበራቢራ፧
2. ኣቦኣ እንታይ ይገብር ነይሩ፧
3. ፋጥማ ስለምንታይ ፈሪሓ፧
4. ኣቦኣ ናበይ ክንከይድ ኢሉዋ፧

## 3ይ ንባብ



ፋጥማ በቲ ፕላስቲክ ተሸፊና፣ ኣቦኣ ከኣ ሞቶር ኣልዒሉ ተበገሰ። ነታ ጃልባ ማይ ክኣትዋ ጀሚሩ። ዝናብ ኣየቋረጸን፣ ንፋስ ከኣ ብርቱዕ ነይሩ። ኣቦኣ ንፋጥማ ጸዊዑ፣ "ንዒ ሓግዝኒ በዚ ታኒካ ጌርኪ ነዚ ማይ ጨንጒዕዮ" በላ። ፋጥማ በቲ ታኒካ ገይራ ነቲ ማይ ትጭንጒዖ ነይራ። ኣቦኣ ኸኣ ነታ ጃልባ እናጀለበ በቲ ሓደ ኢዱ ኸኣ፣ ታኒካ ገይሩ ማይ ይጭንጒዕ ነይሩ። እቲ ሓያል ማዕበል ግን በርቲዕዎም። ነታ ጃልባ ማይ መልኣ። ፋጥማን ኣቦኣን ከኣ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣለዎም። ፋጥማ ምግፋፍ ዓሳ ከምዚ ምዃኑ ኣይፈልጥን ነይረ። ኣዚዩ ብርቱዕ ኢዩ በለት።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እቲ ፕላስተክ ንፋጥማ ካብ ምጥልቃይ ኣድሒንዋዶ፧
2. ኣቦኣ ስለምንታይ ሓገዝ ደልዩ፧

## 4ይ ንባብ



እቲ ኣቦ በቲ ንፋስን ማዕበልን፣ ነታ ጃልባ ይዝውራ። ኣዚዩ ጸላም ኢዩ ነይሩ። ፋጥማ ኸኣ "ኣቦ ገለ ነገርዶ ክትርኢ ትኽእል ኣለኻ፧" በለቶ።

ኣቦኣ ከኣ "ኣይፋሉን ናበይ ይኸይድ ከምዘለኹ ግን እፈልጥ እየ። ንሸኺ ግን ብዝከኣለኪ እናቐልጠፍኪ ነቲ ማይ ጨንጕዕዮ" በላ።

ፋጥማ ኣእዳዋ ክሳብ ትርብርብ ጨንጕዓ። ድሕሪ ነዊሕ ግዜ እቲ ንፋስ ሃዲኡ። እቲ ማዕበል ከኣ ዝግ በለ። እቲ ኣቦ ኸኣ ሞተረ ኣጥፊኡ፣ "ኦ ሕጂ ድሒና ኢና። ድኻም ግን ተወዲእና" በላ።ፋጥማ እናተገረመት፣ "ኣቦ እንታይ ኢዩ ከምኡ ገይሩና፧" በለቶ። ብርቱዕ ማዕበል ብናህሪ መጺኡ ኢዩ ኣሸጊሩና ጸኒሑ። ካብኡ ክንድሕን ኢና ኸኣ ናብዚ ደሴት መጺእና። ምስ ወገሐ ንገዛና ክንከይድ ኢና በላ።

## ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እቲ ኣቦ ነቲ ደሴት ብኸመይ ክረኽቦ ኪኢሉ ይመስለኩም፧
2. እቲ ኣቦ እንታይ ኰይኑ ደኺሙ፧
3. ንዓኻትኩም ከመይ ምተሰማዓኩም፧
4. እቲ ኣቦ ስለምንታይ ናብቲ ደሴት ከይዱ፧

## 5ይ ንባብ



ፋጥማን ኣቦኣን፡ ጽቡቕ ኣይደቀሱን። ኣዚዮም ጠልቂዮምን ቆሪሮምን ነይሮም። ምስ ወገሐ ጸሓይ ብጽቡቕ በሪቓ፡ ዝጠልቀየ ክዳውንቶም ነቒጹ፡ ሰውነቶም ሞይቁ።

ኣቦኣ፡ "ሕጂ ንገዛና ክንብገስ ኣለና። ነዊሕ መገዲ ኢዩ ዘለና። ሕጂ መግቢ ንብላዕ" በላ።

ቍርሶም በሊዖም፡ ኣቦኣ፡ ሞተር ጃልባ

ኣተንሲኡ። ፋጥማ ንገዝኣ ስለ ዝተበገሰት ኣዚያ

ተሓጒሰት።

ዑስማንን ኣዲኡን ኣዚዮም ተሻቒሎም ነይሮም። ምሉእ ንግሆ ተጸብዮም፣ ኣይኣተዉን። ድሕሪ ቀትሪ ኮይኑ። ዑስማን ድሃይ ክፈልጥ ቅልቅል እንተበለ፣ ነታ ጃልባ ረኣያ። ነዲኡ ኸኣ "በዓል ኣቦይ መጺኦም" በላ። ተተሓሒዞም ከአ ናብቲ ገምገም ባሕሪ ጐየዩ።

ፋጥማን ኣቦኣን ካብታ ጃልባ ወሪዶም። ኣዚዮም ደኺሞም ነይሮም። እታ ኣደ ኸኣ "እንታይ ደኣ ረኺቡኩም" ኢላ ሓተተቶም። ንሱ ኸኣ፣ "ብርቱዕ ማዕበል ነይሩ። ከምቲ ዝደለናዮ ድኣ ዝኣኽሉ ዓሳታት ኣይሓዝናን እምበር ድሓን ኢና" በላ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ዑስማንን ኣዲኡን ስለምንታይ ተሻቒሎም፧
2. ስለምንታይከ ፋጥማን ኣቦኣን ደንጒዮም፧
3. ስለምንታይከ ዝኣክል ዓሳ ዘይሓዙ፧
4. እቲ ኣቦ ካልእ እንታይ ክነግር ይኽእል፧

ኣሪምኩም ጽሓፉ

1. ጽፍሪ ኣረነ-ባሕሪ ንመስርሒ ጨና ይጠቅም።
2. ገዓት ኣደይ ግዒታ ጥዑም ኣብሊዓትኒ።
3. ካብ ፋጥማ ተበራቢራ ድቃሳ።
4. ባሕሪ ኣብ'ቲ ማዕበል ብርቱዕ ተላዒሉ።

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ትርጉም ሂብኩም ኣብ ምሉእ ሓሳብ ኣእትውዎም**

1. ምብርባር
2. ምጭንጓዕ
3. ናህሪ
3. ምግጫው
4. ዝግ

# ምዕራፍ 7

## ስድራ-ቤት ሓረስታይ

### 1ይ ንባብ



ክራማት ቀሪቡ ኢዩ። ዮሴፍን ኣቦኡን ኣብ ገበላ ኮፍ ኢሎም ነበሩ። "ዮሴፍ ሕጂ እዋን ማሕረስ ኢዩ። እቲ ግራት ገደና ክንጸግእ ኢና። እሞ ሎሚ ክትሕግዘኒ ኢኻ" በሎ።

ዮሴፍ፣ "ሕራይ ኣቦ እሞ ነዞም ኣቡዑር ሓሰር ክህቦም እየ፧" "ሕራይ'ዚ ወደይ።"

"ንዓ በል ነዚ ኣርዑት ቁሩብ ሓፍ ኣብለለይ።" "ጽቡቕ ዝወደይ።"

ዮሴፍ፣- "ኣቦ ነዚ ነዊትከ ብኸመይ ኢና ነተሓሕዞ፧"

"ረኣኻ ዝወደይ ከምዚ ጌርካ ነዚ ነዊት ምስቲ ኣርዑት ትኣስሮ።"

“ሕራይ ኣቦ ተረዲኡኒ።”
እቲ ኣቦ ግራቱ ይሓርስ። ንዮሴፍ ከኣ ኣተሓሕዛ ዕርፊ የርእዮ።
“ንፉዕ ሓረስታይ ትኽ ኣቢሉ ኢዩ ዝትልም” እናበለ ንዮሴፍ ኣተሓሕዛ ዕርፊ፣ ኣመላልሳ እናመሃረ ንቕድሚትን ንድሕሪትን እናተመላለሰ ይሓርስ።
ዮሴፍ “ሕራይ ኣቦ ሕጂ እምበኣር ነዚ ኣእማንን ገፊጥ መፈጥን ክኣሊ እየ።”

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ግራውቲ መኣስ ይሕረስ፧
2. ኣብዑር ቅድሚ ምጽማዶም እንታይ የድልዮም፧
3. ሓረስቶት ብኸመይ ትኽ ዝበለ ትልምታት ይትልሙ፧
4. ስለምንታይ ዮሴፍ ነቲ ኣእማን ኣልይዎ፧

## 2ይ ንባብ



እቲ ሓረስታይ፣ ነቲ ግራቱ እቲ ድንኩል ክሳብ ዝደክም ደጋጊሙ ይሓርሶ።

“ዮሴፍ ንዓ ሎሚ መሸላ ክንዘርእ ኢና። ሃየ እነሀልካ እዚ ዘርኢ ሒዝካዮ ኣርክበኒ። ከመይ ጌርካ ከም ዝዝራእ ከኣ ክርእየካ እየ።”

ኣቦኡ ክምህረካ እየ ምስ በሎ ዮሴፍ ኣዚዩ ተሓጎሰ።

ዮሴፍ ነቲ ዘርኢ ሒዙ መጺኡ። “ኣቦ መጺአ ኣለኹ እንታይ ክገብር፧” ከኣ በሎ።

ኣቦ፣ “ዮሴፍ በል ሕጂ ሓደ ዕማኾ እሞ ሓዝ ከየጽዓቕካን ከይኣስሓኻን ካብዚ ናብቲ ዝርኣዮ። ነታ ትቕጽል ትልሚ ከኣ ብኸምኡ ቀጽሎ። ነዛ ግራትና ኩላ ክንዘርኣ ኢና።”

ዮሴፍ “ሕራይ ኣቦ ከምዚ ድዩ፧”

“እወ ዝወደይ ጽቡቕ ኣለኻ።”

እቲ መሸላ ጽቡቕ ቦቚሉ ኣብ መጐሰ በጺሑ። ዮሴፍ ክጐሰ ምስ ረኣየ “ኣቦ ስለምንታይ ደኣ ትሓርሶ ኣለኻ፧ በሎ።”

“እቲ መሬት እንተተረሩ ማይ ከምድላዩ ንታሕቲ ስለ ዘይኣቱ ሕጂ የፋኹሶ እየ ዘለኹ። ከምድላዩ ማይ ክረክብ” ኢሉ መለሰሉ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ስለምንታይ ነቲ ግራት ክልተ ግዜ ይሓርሶ፧
2. ስለምንታይ ይጐሰ፧
3. ስለምንታይ ዘራእቲ ማይ ይደልዩ፧

3ይ ንባብ



ቀድሚ ክራማት ምእታዉ ጽቡቕ ዝናብ ትወን ስለ ዝዘነበረ እቲ መሸላ ብጽቡቕ በቚሉ።

"ሎሚ ኮልና ነታ ግራት መሸላና ክንጽሂ ኢና ኣንጊህና ኻኺድ። ዝስተ ማይ ከኣ ተማሉኡ።"
ኣደ፣ "በሉ ሕራይ ንዑናይ ኣነ ከኣ ንምሳሕና ዝኸውን እንጀራ ከዳሉ እየ።"
ኩላ እታ ስድራ-ቤት ናብቲ ግራት ወፈራ።

ኣብቲ ግራት ምስ በጽሑ እታ ኣደ፣ "ኣብየት ከመይ ዝበለ ጻህያይ ደኣሉ መሊኡ" በለት።
እቲ ኣቦ ኸኣ "እወ ጽቡቕ ዝናብ ስለ ዝረኸበ ኢዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ እንዲና ቀልጢፍና ክንጽሂ ዝጀመርና።"
ድሕሪ ገለ ግዜ እቲ መሸላ ሰላዕላዕ ኢሉ ክወልድ -ሚሩ። ኣዕዋፍ ከኣ ክዝምብያኦ ጀሚረን።
"ስምዑ እዞም ደቀይ ካብ ሕጂ ንደሓር እዚ መሸላና ክወልድ -ሚሩ ኢዩ። ኩሉ ግዜ ንጉሆን ምሸትን ኣዕዋፍ ከይበልዓልና ሓለዋ ክድልየና ኢዩ በሎም" ኣቦኦም።
እቶም ቈልዑ ከኣ ተሓጕሶም ወንጭፎም ኣዳልዮም ተቐረቡ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ሓረስቶት ስለምንታይ ይጽህዩ፧
2. ኣዕዋፍ መዓስ ናብቲ ግራት ይመጽኣ፧
3. እቲ ኣቦ ደቁ እንታይ ክገብሩ ሓቲትዎም፧

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብ ባዶ ቦታ ምልኦዎም

ወንጭፍ ሰላዕላዕ ዝናብ ኣዕዋፍ

1. እዘን_____ኣብ ግራትና ይዝንብያ ኣለዋ።
2. ቅድሚ ክራማት ምእታዉ ጽቡቕ_____ዘኒቡ።
3. እዚ መሸላ _____ ኢሉ ክወልድ ጀሚሩ።
4. እቶም ቈልዑ መሐለዊ ግራት____ ኣዳልዮም።

4ይ ንባብ



ብሃንደበት ንገለ ሰሙናት ዝናብ ኣቋሪጹ ቀነየ። እቲ ዘራእቲ ከኣ ክሃጉግ ደልዩ ነበረ። እቲ ኣቦ ኸኣ ክጕሂ ጀመረ።

“እንታይ ኢና ንገብሮ እዚ መሸላ ዝናብ ሲኢኑ ክሃጉግ ኢዩ። እዚ ኩሉ ጽዒርና ብላሽ ክንተርፍ” ክኣ በለ።

በዓልቲ ቤቱ ክኣ “ዓቕሊ ደኣ ንግበር ንመን ኢሉዎ እዝጊሀር ይፈልጥ ጽባሕ ይዘንብ ይኸውን” በለቶ።

ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ጸሓይ ኣዚያ በርቲዓ ነበረት። እቲ መሸላ መመሊሱ ክነቅጽ ጀመረ። እቶም ቈልዑ ግን ጌና ናብቲ ግራት ይኸዱ ነበሩ።

ክምቲ እታ ኣደ ዝበለቶ ብሃንደበት ሓደ ለይቲ ነጐዳ ሰምዑ'ሞ ኣዚዮም ተሓጒሶ። ክምቲ ዝተመነይዎ ክኣ ዝኣክል ዝናብ ዘነበ።

እቲ ዘራእቲ መሸላ ሂወት ረኺቡ። ክወልድ ጀሚሩ ስለ ዝነበረ ክኣ ቀልጢፉ ዓበየ።



## ሕቶታት

1. እቲ ኣቦ ስለምንታይ ጕህዩ ነይሩ፧
2. እቲ መሸላ እንታይ ይደሊ ነይሩ፧
3. ነቲ ኣቦ እንታይ ኣሐጕስዎ፧
4. እቲ መሸላ ስለምንታይ ከም ብሓድሽ ለሚዑ፧

## 5ይ ንባብ



እቲ መሸላ ወሊዱ ክስውት -ሚሩ። ኣዕዋፍ ክበልዕኦ ስለ ዝ-መራ ከኣ እቶም ቈልዑ ዘዳለዉዎ ወንጭፍ ሒዞም ንግሆን ምሸትን ናብ ሓለዋ ኣዕዋፍ ይወፍሩ ነበሩ። ሓደ ንግሆ ዮሴፍ "ኣነ እዘን ኣዕዋፍ ብድሕረና ከይምለሳ እፈርሕ ኣሎኹ ገለ ዘፍርሕ ነገር ዘይንገብረለን" በሎ።

እቲ ንእሽቶ ሓዉ ከኣ "እንታይ ክንገብር

ንኽእል፡” በሎ።

“መጀመርታ በዚ ቃንጫ ኣላጊብና ሰብ ዝመስል ነገር ንሰርሕ። ድሓር ኣብቲ ላዕሊ ብጨርቅን ፕላስቲክን ሸፊንና ፊልፊል ዝብል ጎማታት ንኣስረሉ። ንፋስ ክነፍስ ከሎ እቲ ጎማታት ጎርፋዕፋዕ እናበለ ነተን ጨራሩ ከፍርሐን ኢዩ።” ዝብል ርእይቶ ኣቕረበ። “ጽቡቕ ሓሳብ ንግበረሉ” ኢሎም ተሰማምዑ። ጽቡቕ መፈራርሒ ኣዕዋፍ ከኣ ሰርሑ። ደኾን እምበር ንጉሆን ምሸትን ናብ ሓለዋ ይወፍሩ ነበሩ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ስለምንታይ እቶም ቈልዑ ወንጭፍ ሰሪሖም፧
2. እቲ መፈራርሒ ኣዕዋፍ እንታይ ኢዩ፧
3. እቶም ቈልዑ ብኸመይ ሰሪሖሞ፧
4. ስለምንታይከ ንጉሆን ምሸትን ቀጻሊ ናብቲ ግራት ዝኸዱ፧

መላመዲ

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ግለጽዎም

| | |
|---|---|
| 1. ገበላ | 10. ድንኩል |
| 2. ገደና | 11. ዕማኾ |
| 3. ጽግኢ | 12. ጻዕቂ/ምጽዓቕ |

4. ገፈጥ-መፈጥ
5. ትልሚ
6. ትወን
7. ሰላዕላዕ
8. ወንጭፍ
9. ሃጉ
13. ስሑው/ምስሓው
14. መጉሰ
15. ዓቕሊ
16. ትምኒት/ዝተመነየ
17. ምዝንባይ
18. ጎርፋዕ-ፋዕ

# ምዕራፍ 8

## ቀውዒ

### 1ይ ንባብ



"ክራማት ሓሊፉ ኢዩ። መሸጀላና ከኣ እዋን ምጕናእ በጺሑ ኢዩ" በለ እቲ ኣቦ።

ዮሴፍ "እቲ ግራት መሸላ ነቒጹ ኢዩ ጽባሕ ክንጐንእ ኢና።"

"ሕራይ ኣቦ ከመይ ጌርካ ከም ዝጕናእ ግን ኣርእየኒ።"

"ንዓ ምሳይ ከርእየካ እየ።"

ኣብቲ ግራት ማዕጺድ ሒዙ ከመይ ጌሩ ከም ዝጐንእ ኣርኣዮ።

ዮሴፍ "ተጠንቂቕካ ቍረጾ። እንተዘይተጠንቂቕካ እቲ እኽሊ ክረግፍ ኢዩ። ቀስ ኢልካ ቈሪጽካ ኣብዚ ካሻ ኣቐምጦ።"

ዮሴፍ ዓብዩ ነቡኡ ምሕጋዙ ኣዚዩ ኣሐጐሶ። ኣብ መወዳእታ ናይቲ መዓልቲ ከኣ ኣኻይሾም መሉኡ። እቲ ኣቦ ከኣ ተሓጉሹ ፍሽኽ በለ። "ንፉዕ ዝወደይ ህርኩት ሓረስታይ ክትከውን ኢኻ" ከኣ በሎ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እዋን ምጉናእ መሸላ መዓስ ኢዩ፧
2. መሸላ ምጉናእ ከምዝኣኸላ ብኸመይ ትፈልጥ፧
3. መሸላ ብኸመይ ትጐንእ፧
4. ኣብ ምጉናእ መሸላ እንታይ ክትገብር የብልካን፧

2ይ ንባብ



"መሸላ ተጐኒኡ ተኾሚሩ ኢዩ። ሕጂ ተሪፉና ዘሎ፡ ዓውዲ ምጽብባቕ ኢዩ።" በለ እቲ ኣቦ እቲ ኣቦ ንዮሴፍ፡ "ሕጂ ነዚ መሸላ ጸሓይ ከነውቅዮ ኣለና። ምኽንያቱ ኣጸቢቑ እንተዘይ ነቒጹ ኣብ

ምዝባጡ፣ ወይ ኣብ መኸዳ ከጸግመና ኢዩ” በሎ።
ተሓጋጊዞም ከኣ ነቲ መሸላ ኣብ ጸሓይ ሰጥሕዎ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ነቲ ዝተጐነአ መሸላ ኣብ ምንታይ ኣቐሚጠሞ፧
2. ነቲ መሸላ ስለምንታይ ምንቃጽ የድልዮ፧
3. ኣብ ምጉናእ መሸላዶ ሓጊዝኩም ትፈልጡ፧ እስከ ንገሩና፧

3ይ ንባብ



“ዮሴፍ እቶም ኣቡዑር ኣዳልዎም መሸላና ከነኽይድ ኢና።”
“ሕራይ ኣቦ” ኢሉ ዮሴፍ ነቶም ኣቡዑር ኣምጸኦም።

ዮሴፍን ኣቡኡን ነቶም ኣብዑር ኣፎም ኣሲሮሞም። ኣዲኦምን እቶም ካልኦት ቈልዑን ከኣ ነቲ መሸላ ናብቲ ዓውዲ ዘርጊሖሞ።

መኸዳ ተጀሚሩ። እቶም ናእሽቱ ቈልዑ እናተበራረዩ ነቶም ኣቡዑር የዙሩ ኣቦ ከኣ መስ ኣ ገይሩ ነቲ እኽሊ ንማእከል ይእክብ። ኣደ ቡን ተፍልሕ።

እታ ስድራ ተሓጋጊዛ ሰሪሓ ዓውዲ መኸዳ ከኣ ተዛዚሙ።

## ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. መኸዳ ዓውዲ ብኸመይ ይኸየድ፧
2. እታ ስድራ-ቤት ብኸመይ ትተሓጋገዝ፧
3. ኣብ መኸዳ ዓውዲ ኣቦ እንታይ ይሰርሕ፧
4. ኣብ መወዳእታኽ እንታይ ተረኺቡ፧

## 4ይ ንባብ

ኣቦን ኣደን እናኣዝረዉ ጕርድን እኽልን ይፈልዩ ነበሩ። እታ ኣደ ከኣ “ረኣኹም ሎሚ እዚ ንፋስ ኣዚዩ ሓጊዙና። ሳላዚ ንፋስ ከኣ ጽቡቕ ሰሊጡና” በለቶም። እቲ ቡቕቡቕ ኣብቲ ወሰናስን ተኣኪቡ። እቶም ኣቡዑር ከኣ ካብቲ ዝተኣከበ ቡቕቡቕ ይበልዑ ነበሩ።

እቶም ኣቦን ኣደን ነቲ ዝተረኸበ ምህርቲ ኣብ ኣኻይሽ ክመልኡ ከለዉ እቶም ናእሽቱ ቈልዑ ከኣ ነቶም ኣቡዑር ማይ ከስትዩ ንሩባ ወሪዶም። ዮሴፍ ግን ነቲ ቡቕቡቕ ኣብ ኣኻይሽ መመሊኡ ይእክቦ ነበረ።

ኣዚዩ ዘሐጉስ ምህርቲ ረኺቦም። ደበና ስለ ዝገበረ ከኣ ማይ ቀውዒ ከየርክቦም ተቐላጢፎም እናተሓጐሱ ንገዛኦም ኣተዉ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እኽልን ጕርድን ብኸመይ ይፈላለ፧
2. ድሕሪ መኸዳ እቶም ናእሽቱ ቈልዑ
   እንታይ ይሰርሑ፧
3. እቲ ኣብ ወሰናስን ዓውዲ ዝእከብ ቡቕቡቕ
   ንምንታይ ይጠቅም፧
4. እቲ ስራሕ ዓውዲ ስለምንታይ ሰሊጥዎም፧

ነዞም ዝዝዕቡ ቃላት ኣብ ባዶ ቦታ ኣእትውዎም

| | |
|---|---|
| ቡቕ ቡቕ | መኼዳ |
| ምጕናእ | ምሕጋዝ |

1. ዮሴፍ ዓብዩ ነቡኡ __________ኣሐጒሶ።
2. መሸላ እንተዘይነቒጹ ኣብ _______ የጸግም።

3. እቶም ኣቡዑር ካብ'ቲ ዝትኣከበ______ ይበልዑ ነበሩ።
4. መሸላና እዋን_______ በጺሑ።

5ይ ንባብ

ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ናይታ ስድራ ኣበርቲዑ ሰሪሑ ኢዩ። ሕጂ እቲ እኽሊ ኣብ ቆፎታት ተኸዚኑ። ጒርድን ቡቕቡቕን ንቐለብ እንስሳታት ክኸውን ተኣኪቡ። እታ ስድራ ከኣ ኣዚያ ተሓጒሳ።

ኣቦኦም ከኣ "ንፋዓት እዮም ደቀይ ኣበርቲዕና ስ ለ ዝሰራሕና። ሕጂ ቀለብ ዓመትና ረኺብና ኣ ሎና። ጽባሕ ገለ ቁሩብ ንዕዳጋ ወሲደ ክሸይጥ እየ። በቲ ሰልዲ ከኣ ክዳውንትን መምሃሪኹም ዝኸውን ነገራትን ክገዛኣልኩም እየ" በሎም።

ኣዲኦም ከኣ "ኣነ በርበረ፣ ጨው፣ ጠስሚ፣ ክገዝእ እየ። እኽሊ ኣጥሒነ ከኣ ሃንዛ ክስንክተልኩም እየ" በለቶም።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እታ ስድራ-ቤት ስለምንታይ እኹል ምህርቲ ረኺባ፧
2. እታ ስድራ-ቤት ስለምንታይ ተሓጒሳ፧
3. እቲ ኣቦ ንደቁ እንታይ ኢሉዎም፧
4. እታ ኣደኸ ብወገና እንታይ ኢላቶም፧

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ትርጉም ረኺብኩም ናብ ምሉእ ሓሳብ ኣእትውዎም፤

1. ምጉናእ
2. ህርኩት
3. ምዝባጥ
4. መኼዳ
5. ምዝራው
6. ጒርዲ
7. ቡቖቡቖ
8. ምህርቲ
9. ምኽዛን
10. ማይ ቀውዒ

# ምዕራፍ 9

## ዕላሉ ጎብየ

### 1ይ ንባብ



ኣብ ሓደ ሩባ ናይ ሓደ ዓዲ ሓንቲ ኣዚያ ዕላል እትፈቱ ምስ ሰብ ዕላል ዝለመደት ጎብየ ነበረት። ናብቲ ገምገም ሩባ እናመጸኣት ከኣ ምስተን ማይ ዝወርዳ ኣንስቲ እናኣዕለለትን ዝተፈላለየ ሕቶታት እናሓተተትን ስረሐን ተረሰዐን ነበረት።

ኩሉ ግዜ ንዝነፍራ ኣዕዋፍ እናረኣየት፣ "ኣነስ ኣምሳኻ ከምዞን ኣዕዋፍ ጌሩ እንተዝፈጥረንስ ዓለም ምረኣኽዋ" እናበለት ምስ ዕድላ ትማረርን ትበክን ነበረት። ሓደ መዓልቲ ከኣ ከም ኣዕዋፍ ክትነፍር እሞ ንመሬት ብላዕሊ ኮይና ክትሪኢ ከምትደሊ ነተን ኣንስቲ ገለጸትለን። ንሳተን ከኣ "መንገብገብ ዘይብልኪ እሞ ከመይ ጌርኪ ክትነፍሪ" በለኣ።

## 2ይ ንባብ





“ዋይ ኣነ ጎብየ፥ እዚኣተን ተዓዲለን ሰማይ ሰማይ እናነፈራ ብላዕሊ ኮይነን ንዅሉ ይርእያ። ኣነ ግን ባይታ ባይታ ጎተት ክብል ብደሮናን ጸሓይን ዘይምሱል መሲለ ነዘን ኣዕዋፍ ክነግረን ኣለኒ። ኩሉ ባህገይ ክፍልጠን እየ። ብላዕሊ ኮይነ ነዚ ገፊፍ ዝብለሉ ዘለኹ መሬት ክርእያኒ ከኣ ክልምነን እየ። “ተቐናኣኒ ኣለኽን ምሳኻትክን ክነፍር እንታይ ክገብር ኣለኒ፡ ክብለን እየ። ምኽሪ እንተሂበናኒ ከኣ፥ ምሳኣተን ክነፍር እየ” ኢላ ወሰነት።

## ፺ᵉ ንባብ



ሓደ መዓልቲ ኣዕዋፍ ባህግን ድሌትን ናይታ ጎብየ ተዓዚበን፣ ናብቲ ዝነበረቶ ቦታ ወሪደን ኣዕለለኣ። ንሳ ከኣ ኩሉ ትምኒታ ነገረተን። ጽን ኢለን ምስ ሰመዓኣ ከኣ "ንስኺ ምሳና ክትነፍሪ ኣይትኽእልን ኢኺ ምኽንያቱ ከኣ መንገብገብ የብልክን። ብላዕሊ ኩንኪ ኻኹሉ ክትርእዪ ካብ ደለኺ ግን ንሕና ነዛ ገመድ ሒዝናያ ክንነፍር ኢና ንስኺ ከኣ ከረው ኣቢልኪ ትሕዝያ። ምሳና ከኣ ትነፍሪ።" ኢለን ኩሉ ክትገብሮ ዘለዋ መመርሒ ነገረኣ። "ኣብ መንጎ ከይትዛረቢ ከይትወድቂ" ኢለን ከኣ ኣጠንቀቓኣ።

# 4ይ ንባብ



ንሳ ከኣ ብታሕጓስ "ጥራይ ኣዛውራኒ እምበር ሕራይ" በለተን።

በታ ዝናኸሰታ ገመድ ኣንጠልጢለን ከኣ ናብ ኩሉ ቦታታት ናይቲ ዓዲ ኣዛወረኣ። ኣዚያ ከኣ ተሓጎሰት።

ኣዕዋፍ ንጎብየ ኣንጠልጢለን ናብ ማእከል ናይቲ ዓዲ ኣቢለን ምስ ከዳ እቶም ቈልዑ ናይቲ ዓዲ "እውይ እታ ዕላሉ ጐብየ፣ ዕላሉ ጐብየ" እናበሉ ደድሕሪኣ ገየዩ።

ሽዑ ሓንቲ ቈልዓ "ኣንታ እዛ ዕላሉ ጐብየ ክትዛረብ ክትብል ኣፋ ከፊታ ክትወድቕ ኢያ" በለት። እታ ጐብየ ከኣ ሰምዓታ ሞ "ኦይ ዓሻዶ መሲሉኪ" ክትብል ኣፋ ስለ ዝኸፈተት ወደቐት።

5ይ ንባብ



ኩሎም'ቶም ዝርእይዎ ዝነበሩ ቈልዑ፡ ዓጒጒዋ፡ እውይ ክትመወት ኢያ እናበሉ ኸኣ ብዙሕ ተሻቐሉ። ኣዝዮም ከኣ ደንገጹላ።

ጎብየ በብቑሩብ፡ ነብሳ ተፈሊጥዋ፡ ቀሰ ኢሒ ክትብል ጀመረት። ኻኹሎም'ቶም ከቢቦማ ዝነበሩ ቈልዑ ኸኣ በብሓደ ጠመተቶም። ነታ ዝተዛረበት ቈልዓ ስለ ዘለለየታ ኸኣ፡ "ንሰኺ ስለምንታይ፡ ከምኡ ትብሊ፡ ንሰኺ ከምኡ እንተዘይትብሊ፡ ኣይምወደቕኩን" ኢላ ተዛረበታ። እታ ቈልዓ ኸኣ፡ "ስምዒንዶ ጎብየ፡ ኩሉ ፍጡር'ኮ ነናቱ ባህርን ትዕድልትን ኣለዎ። ንሰኺ ዑፍ ኣይኮንክን። ንሰኺ ኮፍ ኢልካ ምዕላል ኢኺ ትፈትዊ። ምስ ኣዕዋፍ ክትነፍሪ ኣይነበረክን" በለታ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እታ ዕላሉ ጎብየ ኣበይ ትነብር ነይራ፧
2. ዕላሉ ጎብየ ምስ መን ተዕልል ነይራ፧

3. ነታ ዕላሉ ጎብየ እንታይ የኞንኣ ነይሩ፧
4. እስከ ገለ ካብቲ ንሳ ትብሎ ዝነበረት ንገሩኒ፧
5. ኣብ መወዳእታ እንታይ ገይራ፧
6. እታ ዕላሉ ጎብየ ስለምንታይ ወዲቓ፧

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ትርጉም ሂብኩም ምሉእ ሓሳባት ስርሑ

1. ቅንኢ
2. ባህጊ
3. ባይታ ባይታ
4. ዘይምሱል-መሲለ

ነዞም ዝስዕቡ ብእሩም ኣገባብ ጽሓፍዎም።

1. ምስ ዕድላ ተማርር ዕላሉ ጐብየ ነበረት።
2. ስለ ዘለወን ኣዕዋፍ መንገብገብ ይበራ ሰማይ ሰማይ።
3. ባይታባይታ ጐብየ ክትብል ጎተት ዘይምሱል መሲላ።
4. ንጎብየ ኣዕዋፍ ኣንጠልጢለንኣ ነፊራ ንላዕሊ ገጸን።
5. ነናቱ ኩሉ ፍጡር ኣለዎ ባህርን ትዕድልትን።

# ምዕራፍ 13

## መጕዓዝያ

### 1ይ ንባብ

**ቃላት፡- መጽዓኛ፣**
**ተማሃሮ፡- መጕዓዝያ እንታይ ኢዩ፧**

**መምህር**



**መጕዓዝያ ከምቲ እቲ ቃል ዘስምዖ ምግዕዓዝ፣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ምንቅስቓስ ማለት ኢዩ። ሰብ ኣብ ሓደ ቦታ ቀይሙ ኣይነብርን ኢዩ። ንዝተፈላለየ ስራሓት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይንቀሳቐስ። ዘድልይዎ ነገራት ብዙሓት ኢዮም። ከይጠሚ መግቢ፣ ከይቄርር ክዳን፣ ንብረቱን ነብሱን ዝዕቈበሉ ገዛን የድልይዎ።**

ናብ ርሑቕ ክገይሽ ከሎ፣ ኣብ መገዲ ዝምገቦ ስንቂ፣ ከይጸምእ ዝሰትዮ ማይ፣
ከይቈርር ዝኸደኖ ክዳን ተሰኪሙ ይገይሽ።

ተማሃሮ፣
ተሰኪሞም ብእግሮም ክኸዱ ከለዉ ኣይደኽሙን ዲዮም፧

መምህር

ቀደም ዘበን ይርሓቕ ይቕረብ ሰብ ብእግሩ እናተጓዕዘ፣ ዘለዎ ንብረት ተሰኪሙ ይኸይድ ነይሩ። ስለ ዝደኸመን ዝጸመአን ከኣ ድሕሪ ገለ ዘመናት እንስሳታት ኣላሚዱ ንመጐዓዝያ ክጥቀመሎም ጀሚሩ። እቶም ንመጒዓዝያ ዘልመዶም እንስሳታት፣ ከም ኣድጊ፣ በቕሊ፣ ገመል፣ ሓርማዝ ኢዮም። ከምቲ ንሰብ መግብን ማይን ዘድልዮ እንስሳታት ከኣ መግብን ማይን መዕቈብን የድልዮም ኢዩ። ሰብ ጽዒንዎም ክኸይድ ከሎ፣ ከይጠምዩ ኣብ ሳዕሪ ዘለዎ ኣዕሪፉ የብልያም። ኣብ ማይ ዘለዎ ከኣ የስትዮም።





ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. መጓዓዝያ እንታይ ማለት ኢዩ፧
2. ቀዳሞት ሰባት ብምንታይ ይጉዓዙ ነይሮም፧
3. ኣቑሑቶም ብምንታይ ይወስዱዎ ነይሮም፧
4. ሰባት ስለምንታይ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይጉዓዙ፧

2ይ ንባብ

ተማሃሮ፥
እቶም እንስሳታትከ ኣይደኽሙን ዲዮም፧

መምህር፥



ይደኽሙ'ባ ምዕባለ ደቂ ሰብ ግን ቀጻሊ ኢዩ። ነቲ ቀጻሊ ድኻም ንምጉዳል ከኣ ካልእ ዝሓሸ ኣገባብ ተበላሒቱ።

ቀደም ካብ ብእግሪ ናብ እንስሳታት ተሳጊሩ። ድሓር ከኣ ነቶም እንስሳታት ኣብ ክንዲ ኣብ ዝባኖም ምጽዓን መንኰርኰር ዘለዎ ዝስሓብ መሳርሒ ሰሪሑ።
ሕጂ ኣብ ክንዲ ዝስከም ነቲ ጽዕነት ኣብ ልዕሊ ተሳሓብቲ ገይሩ ንገዛእ ርእሱ ከኣ ተወጢሑ በቶም እንስሳታት እናተሳሕበ ይኸይድ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ሰብ ስለምንታይ እንስሳታት ኣላሚዱ፧
2. እቶም ንመጽዓኛ ዘላመዶም እንስሳታት እንታይ እንታይ ኢዮም፧
3. ድሕሪ መጽዓኛ ናብ ምንታይ ሰጊሩ፧

3ይ ንባብ

ተማሃሮ፥
ሕጂ ከኣ እቶም እንስሳታት ኢዮም ዝገሎቱ ዘለዉ ኣይደኸሙን ዲዮም፧

መምህር



እቶም እንስሳታት ሕጂውን ይደኽሙ ኢዮም። ሰብ እሞ መዓስ የዕርፍ ኰይኑ። ሕጂ ከኣ ንሰብን ንእንስሳን ስራሕ ዘቃልል ከም ማኪና ባቡር ዝኣመሰሉ መሳርሒታት ሰሪሑ። ከምዚ ትርእይዎ ከኣ ዓበይቲ ነገራት ይስከማ። ካብ ርሑቕ ኣብ ሓጺር ግዜ ይመጽኣን ይኸዳን። ሰባት ኣብ ክንዲ ብእግሪ ብማኪና ብባቡር ይጐዓዙ። ናብ ዝደለይዎ ከኣ ቀልጢፎም ይበጽሑ።

ሕጂ ናብ ርሑቕ ቦታ ዓበይቲ ነገራት ጽዒኑ ይኸይድ። ቀለብ ማኪናን ባቡርን ሳዕሪ ኣይኮነን። ሓንሳብ ናብቲ ቦታ ዝብጸሓን ናፍታን ከሰልን ምስ ሃብካየን ይኸዳ።

እቶም ንማኪናን ባቡርን ዝመርሑ ግን ሰባት ኢዮም። ንሳቶም ከዕርፉን ምስ ጠመዩ ክበልዑን ምስ ጸሙኡ ክሰትዩን ኣለዎም።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ድሕርቲ ብእንስሳታት ዝሰሓብ ዝነበረ እንታይ ማዕቢሉ፧
2. መጐዓዝያ ብማኪናን ብባቡርን ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ እንታይ ኣሳልጦ ኣምጺኡ፧
3. ማኪናን ባቡርን እንታይ ይምገባ፧
4. ስለምንታይ እቶም ንማኪናን ባቡርን ዝመርሑ ክበልዑን ክሰትዩን ዝደልዩ፧

4ይ ንባብ

ተማሃሮ፥

ነዚ ባሕርታትን ቀላያትን ከ ብኸመይ ይሰግርዎ፡

መምህር





ሰብ ሓያል ኢዩ። ሕጂ ከኣ ንባሕርን ቀላያትን ዓበይቲ ጎቦታትን ሰጊረን ዝኸዳ መራኽብ ባሕርን ነፈርትን ሰሪሑ። ነቲ ሰፋሕቲ ባሕርታት ብመራኽብ፥ ነቲ ዓበይቲ ጎቦታትን ውቅያኖሳትን ከኣ ብነፈርቲ ይሰግሮ ኣሎ።

መራኽብ ባሕሪ ኣብ ባጽዕን ዓሰብን ክትርእዩ ትኽእሉ። ነፈርቲ ከኣ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ትርእዩ። ኣብ ዘለኹሞ ኰንኩም ከኣ ብልዕሊ ዓድኹም ወይ ኣማዕዲኹም ብልዕለኹም ክሓልፋ ትርእዩ ትኾኑ። እዘን ብልዕለኹም ክሓልፋ እትርእዩወን ነፈርቲ ሰብን ኣቑሑትን ጽዒነን እየን ዝኸዳ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ካብ ማኪናን ባቡርን ዝሰለጠ መጐዓዝያ እንታይ ኢዩ፧
2. ስለምንታይ ዝሰለጠ ይኸውን፧
3. ነፈርቲ ኣብ ምንታይ ክንርእየን ንኽእል፧
4. መራኽብከ ኣብ ምንታይ ንርእየን፧

5ይ ንባብ

ተማሃሮ፣
ብዘይካ እዞም ዝተገልጹ፣ ሰባት ዝራኽቡሉ ካልእ እንታይ ኣሎ፧

መምህር

ሰብ ኣብ ሕድሕዱ ካብ ርሑቕ ኮነ ካብ ቀረባ ዝራኸበሎም ሓያለይ ዘመናውያን መሳርሒታት ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ ከም ረድዮ፣ ተለፎን፣ ተለፋክስ ዝኣመሰሉ ኢዮም።
ገሊኦም ብድምጺ ጥራይ የራኽቡኻ። ገሊኦም ከኣ ብጽሑፍ ጥራይ ትራኸበሎም። ኣብ ገሊኡ ከኣ ብድምጽን ብስእልን ብሓደ ከምዘለኻ ትዘራረብ።
ስለዚ ወዲ-ሰብ ኣብ ኣዚዩ ክብ ዝበለ ምዕባለ በጺሑ ይርከብ። እቲ ምህዞን ጥበብን ከኣ ቀጻሊ ኢዩ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ብዘይካ ብመጕዓዝያ ሰባት ብኻልእ ብምንታይ ክረኽቡ ይኽእሉ፧
2. ብተለፎንዶ ተዛሪብኩም ትፈልጡ፧
3. ናይ ረድዮ ሰላምታኽ በጺሑኩምዶ ይፈልጥ፧
4. እስኪ ብዛዕባኡ ነናትኩም ግለጹ፧

መላመዲ

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉኣት ሓሳባት ስርሑ።

| | |
|---|---|
| 1. መጕዓዝያ | 5. ምብልሓት |
| 2. መጽዓኛ | 6. ምውጣሕ |
| 3. ዘመን | 7. ናፍታ |
| 4. ምዕባለ | 8. ከሰል |

# ምዕራፍ 11

## መዓልቲ ዕዳጋ

### 1ይ ንባብ



"ንዕዳጋ ክኸይድ እየ ገለ 20 ተኖ ጣፍን 10 መለሊኽ ዓተርን ቀርብለይ" በለት ለተኺዳን። "ኣደ ክንድዚ ጣፍ ደኣ እንታይ ኢልክዮ" ኢላ ከኣ ኣብረሀት ሓተተታ። "ነዚኣን ሸይጠ ነዚ ዝመጽእ ዘሎ ኣውደኣመት ዓድና ጨው በርበረን ክዳውን ቸኹምን ክገዝእ እየ።"

ኣብረሀት "ኣደ እሞ ኣነ ደኣ ምሳኺ ዘይከይድ።" "ኣይፋልክን ኣብረሀት ጓለይ ንሰኽስ ነዞም ናእሽቱ ኣሕዋትኪ ሒዝኪ ደኣ ገዛ ጽንሕኒ። እትው ምስ በልኩ ከኣ ቡን ቈሊኺ ተስትይኒ።"

"ሃይለ ግን ምሳይ ክኸይድ፣ እሞ ነዛ ኣድጊ ከኳባኹበኒ። ቀልጢፍኪ ቍርሱ ሃብዮ።"

ሕራይ" በሊ ኣደ።

2ይ ንባብ



ዝዕድጉ፡- ክንደይ በዓልቲ ቀይሕ ጣፍ እዚ 15 ናቕፋ ኽኺሎ ኢዩ። ሓቂ ደኣ እቲ ጻዕዳ ደኣ ክንደይ ክኸውን ኢዩ።

ሸያጢት፡- ንሱ ኢዩ ዋጋኡ እዚ ጣፍዚ ናይ ግራትና ኢዩ። ጽሩይ ጣፍ ኢዩ፧

ዝዕድጉ፡- እዚ ዓተር ክንደይ ኢዩ።

እዚ 12 ናቕፋ ኽኺሎ ኢዩ። ኣብየት ዓተር ከኣ ክንድዚ በጺሑ ዓሰርተ ናቕፋዶ ትህባና።

ሸያጢት፡- ኣይፋሉን ካብኡ ኣይወርድን ኢዩ።

## ፫ᵉ ንባብ



**ዕላል ኣብ መገዲ፦**

**“ሎምስባ እዚ ዕዳጋ ቍሩብ ዝረገአ ይመስል።”**

**“እወ ደሓን ኣሎ። ድሕሪ ወርሒ ኣቢሉ ከኣ እዚ እኽሊ ቀውዒ ምስ ኣተወ ኣጸቢቑ ክወርድ ኢዩ።”**

**“ኣይምሰልክን ኣበባ ጥሪ እንድዩ ዝመጽእ ዘሎ። ሰብ ውራይ ሻማ ሻማ ክብልዎ ኢዮም። ከይከበረ ኣይተርፍን። ብድሕሪኡ ኢዩ እንተሓሰረ።”**



“እዛ ክዳን ቈልዓ ክንደይ ኢልኩማ፡”

“እዚኣ 150 ናቕፋ ኢያ።” ቁሩብ ደኣ ሓቂ ንገሩና። ደሓን በላ 100 ናቕፋ ውሰዳኣ። ኣይፋሉ 80 ናቕፋዶ ክወስዳ። ይፍትሓላ፥ ድሓን በላ ንዕነ 90 ናቕፋ ውሰዳኣ።

በሉ ጠቕሉሉለይ ሕራይ።

4ይ ንባብ

ዕላል፥ “ኣንትን ለተኺዳን እቲ እኽሊ ብኽንደይ ኣቃኒዕክኖኦ፡ (ሸጥክኖኦ)” ኦይ ስቕ ደኣ በላ ሎሚ ቀዳምሲ ኣይግድን በጥ ኢሉ ኢዩ ውዒሉ። ከምዝሓሰብክዎ ኣይኮነን።

“እቲ ክዳውንቲኸ ከመይ ኣሎ፡” “ናቱ ገዲፍክን ተዘረባ። ሰማይ ኢዩ። ነዘን ናይ ቀፎና ንግፍ ኣቢልና ለዊጥናየን ዘረባ የብሉን እንተ እዚ ክዳን ቈልዑ ዝብልዎ ክኸብረልክን በይኑ ኢዩ ኣብኡን ነጊፊየን መጺአ።”

“እሞ ኣነሲ ዳሕራይ ሰሙንዶ ከውርዶ ቁሩብ እንተሓሸ፡ እዋእ ዕድልክን ትሪኣ እምበር ዕዳጋ ሎሚ ኣይፍለጥን ኢዩ።”

5ይ ንባብ

“ሃየ በሉ እዞም ደቀይ እተን ዝበልኩኹም ኰለን ገዚኣልኩም። ዕዳጋ እኽሊ ሓሲሩ ጸኒሑኒ። እንተ እዚ ክዳውንትኹም ኣዚዩ ክቡር ኢዩ። ንጸብሕና

ዝኸውን ከኣ ጨው በርበረ ገዚኣ። ኣውደኣመትና ቀሪቡ ስለ ዘሎ ከኣ ብዙሕ ዝሸመት ኣለና። ኣቦኹምን ኣነን ከኣ ቁሩብ መሓወሲ ዝኾነና ሓሓደ ጋቢ ክንገዝእ ኢና።”



እቲ ንእሽቶ ወዳ ትቕብል ኣቢሉ “ኣደ መምህርናኮ 5 ናቕፋ ኣምጹኡ ኢለናና ኣለዋ” በላ። እታ ምዕ ባዩ ሓውቱ ከኣ “እወ ኣደ ረሲዐዮ ጸኒሐ እምበር ንዓና ከኣ ከምኡ ኢለናና ኣለዋ” በለታ። ኣዲኦም ከኣ “ድሓን እዞም ደቀይ ዋላ ኣነን ኣቦኹምን ከይተኸደና ንጸንሕ እምበር ንቤት ትምህርትኹምሲ ክንህበኩም ኢና ኣይትሕመቑ ጥራይ” በለቶም።

መላመዲ

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ዕዳጋ ማለት እንታይ ማለት ኢዩ፧
2. ኣብ ዕዳጋ እንታይ እንታይ ይርከብ፧

3. ኣብ ከባቢኹም ዕዳጋዶ ኣለኩም፧
4. መኣስ መዓልቲ ንዕዳጋ ትኸዱ፧
5. ንዕዳጋ ከይዱ ዝፈልጥ ኣሎዶ፧ እስከ ብዛዕባ ዕዳጋ ግለጹልና።

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ትርጉሞም ረኺብኩም ኣብ ምሉእ ሓሳባት ሰኹዕዎም።

1. ምርጋእ
2. ሻማሻማ
3. ኣቃኒዐዮ
4. ነጊፈየን
5. መሓወሲ

ነዞም ዝስዕቡ ሓረጋት ግለጽዎም፥

1. በጥ ኢሉ ውዒሉ
2. ሰማይ ኢዩ
3. ዋጋ ዕዳጋ

## ምዕራፍ 12

### ገመል

### 1ይ ንባብ



ገመል እንስሳ ዘቤት ኢያ። ገመል ነዋሕቲ መሓውርን ነዊሕ ክሳድን ኣለዋ። ገመል ትግህቲ እንስሳ ኢያ። ገመል ካብ ክልተ ኩንታል ንላዕሊ ትስከም።

ገመል ጐያዪት እንስሳ ኢያ። ብገመል ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክትመላለስ ትኽእል። ከም በቕልን ፈረስን ኣድግን ንመጐዓዝያ ተገልግለና። ገመል ጽምእን ጥምየትን ትጻወር ኢያ። ማይ ከይሰተየት ክሳብ ሰለስተ ሰሙን ክትጸንሕ ትኽእል።

## 2ይ ንባብ



ኣብ ምድረ-በዳ ዝበላዕ ሳዕርን ዝስተ ማይን ውሑድ ኢዩ።

ገመል እታ ኣብ ምድረ-በዳ ንመጕዓዝያ ሰብን ኣቑሑን እተገልግል እንስሳ ኢያ። መርከብ ምድረበዳ ተባሂላ ከኣ ትጽዋዕ።

ገመል ኣቑጽልትን ኣሻኺት ቆጥቋጣትን ትምገብ። ኣብቲ ብብዝሒ እትርከበሉ ከባቢታት ስጋኣ ይብላዕ ጸባኣ ከኣ ይስተ ኢዩ።

ኣብ ሃገርና ዝርከባ ኣግማል ሓደ መንጕድ ኣለወን። ብብዝሒ ከኣ ኣብ ቆላታት ሃገርና ይርከባ።

ገመል ዝተፈላለየ መጸውዒ ኣለዋ። ገመል ተባዕታይ ደሹን ኣንስተይቲ ምስ ተወለዱ ኣስማት ኣለዎም። ክሳብ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ሕዋር ይበሃሉ። እታ ኣንስተይቲ ምስ ወለደት፣ ነቡል ትበሃል። እቲ ተባዕታይ ከኣ ኣርሓ ምስ ኮነ ረባዕ ይበሃል።

# ፫ᵉ ንባብ



ገመል ዓቢ ታሪኽ ኣለዋ። ኣብ ግዜ ገድሊ ዕጥቅን ስንቅን ብገመል ይመላለስ ነይሩ። ገመል ኣብ ግዜ ገድልና በዓልቲ ሞያ ኢያ። ዉጉኣትን ሕሙማትን ተሰኪማ ናብ ሕክምና ተብጽሕ። ጠያይትን ቡምባታትን ተሰኪማ ናብ ዓውደ-ውግእ ተብጽሕ።

ገመል ሓያልን ኣገልጋሊትን ኢያ። ኣብቲ ግዜቲ ዝነበሩ ተማሃሮን መንእሰያትን ከኣ ንኣገልግሎታ ዝምልከት መዝሙር እናዘመሩ የድንቕዋ ነይሮም።

## 4ይ ንባብ

### ገመለይ

ገመለይ ገመለይ እዛ ጥዕምቲ ስማ
ብማዕዶ ትልለ እዛ በዓልቲ ግርማ
ነዊሕ እትጒዓዝ ስንቂ ተሰኪማ
ንኹሉ ትጻወር ፍጹም ዘይጽግማ

ተፈታዊት ፍጥረት ገመል ሕያወይቲ
ደኺመ ዘይትብል ለይቲ ምስ መዓልቲ

ጸሚአ ዘይትብል ቆላታት ጥሒሳ
ስንቂ ተሰኪማ ትድይብ ከበሳ

ሰባት ኢሎሙኺ መርከብ ናይ በረኻ
ጽዕነታ ተራግፍ ኣብ መሬት ኣብሪኻ

ኣየወ እቲ ቀደም ኣብቲ ግዜ ቃልሲ
ክሳዕ ትጸዓኒ መጕስዕ እንክትመልሲ

ዘገርም ባህሪ ኢዩ ፍሉይ ዝኣመልኪ
ተምበርኪኽካ ምጽዓን ሕራይ ምባልኪ

ገመለይ ገመለይ ጽብቕቲ መዛርዕ
ምህርቲ እንስሳ ትኽይድ ብመስርዕ

ቡዙሓት ኣሕዋትኪ ሓሊፎን ሰዉኣት
ግቡእ ንመሬተን ፈጺመን ብስርዓት
እወ ንዝኽርኺ ስለቲ ሞያኺ
ቅርጽኺ ኰይኑ ኣሎ ኣርማ ናይ ዓድኺ

5ይ ንባብ

ሓረስታይ



ኣብ ኩሉ ኰርናዓት ዘለዉ ሓረስቶት
ላዕልን ታሕትን ይብሉ ከበርክቱ እቶት
ምእንቲ ክማላእ ናይ ወዲ-ሰብ ድሌት

ሓረስታይ ሓረስታይ ሓረስታይ ኤርትራ
እስከ መልሰልና ከመይ ኣሎ ናብራ

ኣንጊህካ ትበራበር ኣብ ኣጋ ወጋሕታ
ኣቡዑርካ ተብልዕ ብቖሪ ኣስሓይታ
ቅጫኻ ትቑጽር ከምኡ'ውን ብርኰታ

ኣቡዑርካ ጸሚድካ ትወፍር ናብ መሮር
ግራትካ ተለምልም ቀውዒ ንኽትድረር
ንዓኻ ጸጊብካ ቶኸውን ንሃገር

ምስ መሬት ትቃለስ ሓጋይ ምስ ክረምቲ
ናውቲ ትጸርብ ትብል ላዕሊ ታሕቲ
ከብቲ'ውን ተፍሪ ጸባ ንኽትሰቲ

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እንስሳ ዘቤት እንታይ ማለት ኢዩ፧
2. ስለምንታይ ገመል፡ መርከብ ምድረ-በዳ ተባሂላ፧
3. ኣርሓ ገመል እንታይ ይበሃል፧
4. ነቡል እትብሃልከ ከመይ ዝበለት ኢያ፧
5. ሓረስታይ ዝብሃል መን ኢዩ እንታይከ የፍሪ፧

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ትርጉም ርኸቡሎም

1. ትግሃት/ትግህቲ
2. ምጽዋር
3. ገድሊ
4. ሞያ
5. ግርማ
6. ማዕዶ
7. ምብራኾ
8. መጐስዕ
9. ባህሪ
10. ኣመል

# ምዕራፍ 13

## ዓብን ንእሽቶን ሓርማዝ

### 1ይ ንባብ



ኣብ ሃገርና ሓራምዝ ኣለዉ። እዞም ሓራምዝ ኣብ ከባቢ ጋሽ ባርካ ይርከቡ። ሓደ መዓልቲ ሓራምዝ ኣብ ከባቢ ሃይኮታ ኣብ ሓደ ዓቢ ሩባ ተኣኪቦም የዕሉሉ ነበሩ።

ሓደ ካብቶም ሓራምዝ ኣዚዩ ገዚፍ ኢዩ።

ኣነ ካብ ኵሎም ኣብ መሬት ዘለዉ እንስሳታት፣ ዝበለጽኩ፣ ዝሓየልኩ፣ ካብ ኩሎም ዝኸበርኩን ዝዓበኹን እየ። እናበለ ጃህራን ፎኸራን ኣብዘሐ። ከምዚ ክብል ከሎ፣ ሓደ ንእሽቶ ሓርማዝ ይሰምዖ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ዘረባ ዓቢ ሓርማዝ ገሪምዎ፣ "ዓቢ ሓርማዝ፣ ኣይፋልካን ብዙሕ ኣይትፎክር፣ ኣነ ዋላ ንእሽቶ ይኹን ክወዓደረካ እየ፣ በሎ።

ዓቢ ሓርማዝ እናተገረመ፣ “ኣነ ከምዚ ዝኣመሰለ ውድድር የሐጕሰኒ ኢዩ።

ኣነ ዝበለጽኩን ሓያልን ስለ ዝኾንኩ፣ ክዕወት እየ። ነዚ ውድድር ከኣ ኣንበሳ ክትፈርድ ኢኻ” በሎ።

## 2ይ ንባብ



ኣንበሳ ኣማዕድዩ፣ ክሰምዕ ስለ ዝጸንሐ፣ “ሕራይ ክፈርድ እየ።” እቲ ትገብርዎ ውድድር ከኣ መደባት ከነውጽእ ኢና በለ።

ቀዳማይ ውድድር ቅድድም ኢዩ። ንሱ ኸኣ፣ “ካብዚ ዘለናዮ ብዱርን ብጎልጉልን ሃይኮታ በጺሕካ ምምላስ ኢዩ፣ በሎም።





ንእሽቶ ሓርማዝ ቀስ ኢሉ ብሕሾኽታ ኣብ ጥቃ ዓቢ ሓርማዝ ኰይኑ፣ "ኣነስ በቲ ዱር እየ ዝፈቱ" በለ። ዓቢ ሓርማዝ ነዚኣ ሰሚዑ፣ ኣነ ቀዳማይ ምርጫይ በቲ ዱር እየ ዝደሊ ንሱ መረጸ ኣለኹ" በለ።

ኣንበሳ ኸኣ ከም ምርጭኡ፣ በቲ ዱር ክኀዱ ኣፍቀደሉ። ንእሽቶ ሓርማዝ ከኣ በቲ ጎልጎል ጕየዩ። ዓቢ ሓርማዝ በቲ ዱር፣ ብኣግራብ እናተዓገተን፣ እናተዓንቀፈን ተጸገመ። ንእሽቶ ሓርማዝ ግን በቲ ጎልጎል ከምድላዩ ጎየየ፣ ቀዲምዎ ኸኣ ተመለሰ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ኣብ ሃገርና ሓራምዝ ኣበይ ይረከቡ፧
2. ዓቢ ሓርማዝ እንታይ እናበለ ይፍክር ነይሩ፧
3. ፈራዲ ናይ'ቲ ውድድር መን ነበረ፧

## 3ይ ንባብ





እንበሳ ብዓውታ ንእሽቶ ሓርማዝ ተዓዊቱ፣ ሕጂ ኸኣ ውድድር ምጭንጓዕ ማይ ኢዩ። ቀላይዶ ወሓዚ ክትመርጹ ኢኹም” በሎም።

ንእሽቶ ሓርማዝ ከምታ ጥበቡ፣ ሕጂ ኸኣ ሕሾኽ ኢሉ ኣነስ ቀላይ ምደለኹ በለ። ዓቢ ሓርማዝ ሕጂ እቲ ዝበለጸ ቀላይ ኢዩ ኢሉ ስለ ዝሓሰበ፣ ቅድም ኣነ እየ ዝመርጽ፣ ቀላይ ከኣ መሪጸ ኣለኹ፣ በለ።

ኣንበሳ ኸኣ ሕራይ፣ ዓቢ ሓርማዝ ካብ ቀላይ፣ ንእሽቶ ሓርማዝ ከኣ ካብ ወሓዚ ማይ ጨንጉዑ በሎም።

ዓቢ ሓርማዝ ካብቲ ማይ ቀላይ ክጭንጉዕ ጀመረ። ካብቲ ቀላይ ጭቃ እናተሳሕበ ንንኣት ዓቢ ሓርማዝ ዓበሶ። ዓሳታት እናተሳሕቡ ዓቢሶሞ፣ ክጭንጉዕ ኣይከኣለን።

ንእሽቶ ሓርማዝ ኣብቲ ወሓዚ ክሳብ ልዕሊ’ቲ ኣግራብ ጨንጒዐ። ምኽንያቱ ማይ ወሓዚ ጽሩይ ኢዩ።

ኣንበሳ፣ ሕጂ’ውን ንእሽቶ ሓርማዝ ሰዒሩ ኣጣቕዕሉ በለ።

“ዝቕጽል ውድድር ከኣ ውድድር ብልዒ ኢዩ፣” በሎም።

## 4ይ ንባብ



ዓቢ ሓርማዝ ሕጂ'ውን እናፈከረ። "ሕጂ ብዘይ ጥርጥር ኣነ እየ ዝስዕር። ኣነ ዝበለጽኩ እየ" በለ። ቀጺሉ ዓቢ ሓርማዝ ዝበለጸ እንታይ ምዃኑ ኣፈልጥ እየ፡ ንሕግታት ክኽተል እየ በለ።

ዓቢ ሓርማዝ፡ ብዘይ ምቍራጽ፡ ናይ ሓይሊ-ኣቦኡ ክሳብ ዝሓምም በለዐ ኣብ መንጎ ኸኣ ደው በለ። ንእሽቶ ሓርማዝ ግን ሓደ ጥበብ ተበላሓተ። ምስ በለዐ፡ ኣብቲ ዱር ኮለል እናበለ ተንቀሳቒሱ የሕቅቕ። ተመሊሱ ኸኣ ይበልዕ፡ ከምዚ እናገበረ ኸኣ ጽቡቕ በሊዑ ምስ ጥዕናኡ ተዓወተ።

ዓቢ ሓርማዝ ኣዚዩ ሓፈረ። ንእሽቶ ሓርማዝ ከኣ ብዘይ ጃህራን ፈኸራን ፍሽኽ በለ።

### ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ዓቢ ሓርማዝ ማይ ካብ ምንታይ ጨንጕዑ፧
2. ማይ ወሓዚ ከመይ ዝበለ ኢዩ፧
3. ንእሽቶ ሓርማዝ እንታይ ጥበብ ተበላሓተ፧
4. ኣብ ኩሉ ውድድር መን ተዓዊቱ፧

5ይ ንባብ

# ዝብእን መፍለስን

ሓደ መዓልቲ ዝብእን መፍለስን ኣብ መገዲ ተራኸቡ። ኣነ እጽብቕ ኣነባ እጽብቕ ተበሃሂሎም ከኣ ተበኣሱ። ብድሕርዚ መን ክዓርቀና ይኽእል ኢሎም ሓሰቡሞ ናብ ሓረስታይ ክኸዱ ወሰኑ። ናብ ሓረስታይ ቀሪቦም ከኣ ከምዚ በልዎ።መፍለስ፧ "ስማዕ ሓረስታይ ንሸኻ ትፈልጥ ኢኻ ኣነ ካብ ዝብኢ ከምዝጽብቕ። ሓቂ ክትፈርድ ኣለካ እንተዘይኮነ ግን ግራትካ ወሰን ኢያ ከጥፍኣ እየ" በሎ። ዝብኢ ከኣ ብተራኡ፧ "ስ ማዕ ሓረስታይ፧ ሓቂ ፍረድ ንጉስ ናይ ጽባቐ ኣነ ዝብኢ ምኻነይ ትፈልጥ ኢኻ። እቲ ሓቂ ንገሮ እን ተዘይኮይኑ ኣእዱግካ መምሰይቲ እየን ኣብኣ ትረኽባ" በሎ።

እቲ ሓረስታይ ኣዚዩ ተጨነቐ። መፍለስ ትጽብቕ እን ተበለ ዝብኢ ኣእዱጉ ክበልዓሉ ኢዩ። ዝብኢ ትጽብቕ እንተበለ ከኣ መፍለስ ግራቱ ክበልዓሉ ኢዩ። እንታይ ደኣ ይሕሾ እስከ ሓግዝዎ። እንታይ ምፈረድኩም፧

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ትርጉም ርኸቡሎም

1. ጃህራ
2. ምፍራድ
3. ወሓዚ
4. ምጭንጓዕ
5. ጥበብ
5. ምብልሓት

ነዞም ዝስዕቡ ምሉኣት ሓሳባት ስርዓተ ነጥቢ ግበሩሎም።

1. ጥዕምቲ ሻሂ ሰትየ
2. ኣደይ ስረ ሳእኒ ጎልፎ ማልያ ዓዲ ጋትለይ
3. ናብ ናቕፋ ዝኸይድ መን እዩ
4. ኣብ ከተማ ዓረብያ ማኪና ብሽግለታ ርኢና
5. ኤርትራ ኣበይ ትርከብ
6. መርመራ ከይቀረበ ከሎ ክጽንዕ እየ

# ምዕራፍ 14

## ዓብዱን ምራኹን

### 1ይ ንባብ



ዓብዱ ምራኹ ሓሚማቶ ኣላ ። ዝኾነ ነገር ክትበልዕ ኣይትደልን። ድቃስ ጥራይ ኢያ እትደሊ።

ዓብዱ ኣዚዩ ተጨኒቑ ነይሩ። እዛ ምራኽ ኣቦኡ ብብተያ ከላ ዝሃቦ ኢያ። "ዓብዱ ወደይ ሕጂ ዓቢኻ ኢኻ፣ ነዛ ብተይ ክትከናኸና ትኽእል ኢኻ። ዝኣክል ማይን ሳዕርን ከኣ ክትህባ ኣለካ፣ ምስ ዓበየት ከኣ መ-መሪት ጥሪትካ ክትከውን ኢያ" በሎ። ዓብዱ ከኣ ከምቲ ኣቦኡ ዝበሎ ብዓቢ ክንክን ኢዩ ኣዕብዩዋ።

ዓብዱ ኣዚዩ ሕጉስ ነይሩ። እታ ምራኹ ከኣ ጽቡቕ ቡናዊ ሕብሪ ኢዩ ነይሩዋ። ኵሒሊ ዝብል ፍሉይ ስም ኣውጺኡላ። ጸጕራ ይደርዘላ።

መዓልታዊ ከኣ ዘድልያ ሳዕርን ጽሩይ ማይን ይህባ። ብዛዕባቲ ጽቡቕ ጸጒራን ኵሕላይ ኣዒንታን ብሓንሳብ ኰይኖም ክገብርዎ ዝደልዩን ይደርፈላ። ሕጂ እታ ምራኽ ኣብ ዓመታ ጐቢዛ ኢያ። ኣቡኡ ከኣ "ጽቡቕ ተኸናኺንካያ ዝወደይ" ኢሉዎ።

2ይ ንባብ



ሎሚ መዓልቲ ግን ኣይግድን እታ ምራኽ ሓሚማ። ዓብዱ ስለምንታይ ሓሚማ ዝፈልጠ ነገር የለን። ስሚ ዘለዎ ቈጽሊ ዶኾን በሊዓ፡ ተመን ዶኾን ነኺስዋ፡ እናበለ ብዙሕ ተጨነቐ። ኘኽሕውያ እንታይ ክገብር ኣለዎ ብዙሕ ሓሰበ። ኣብ ሓጺር ግዜ ከኣ እቶም ህዝቢ ከብቶም ሒዞም ንባሕሪ ክግዕዙ ኢዮም። እታ ምራኽ ክትንቀሳቐስ እንተዘይ ኪኢላ እንታይ ክገብር ኢዩ። ዓብዱ ኣብ መሬት ኮፍ ኢሉ ነታ ምራኽ ርእሳ ሒዙ ይደርዛ፡ ማይ ከስትያ ከኣ ፈተነ። እታ

ምራኽ ኣብ ጥቓኣ ክህሉ'ኳ እንተደለየት ማይ ግን ዋላ ንጣብ ኣይሰተየትን።

ዓብዱ ኣዚዩ ጒሂየ። ኣቡኡኽ ሕጂ እንታይ ኮን ክብል ኢዩ፧

ዓብዱ እንታይ ኢዩ እቲ ሽግር፧ በሎ ብድሕሪኡ መጺኡ። "እንድዒ ኣቦ ኣይፈለጥኩን" በሎ

ንብዓት እናነብዐ። ትማሊ ደሓን ነይራ ሎሚ ግን ምብላዕን ምስታይን ኣብያ ክትትንስእ ከኣ ኣይከኣ ለትን።

3ይ ንባብ



ኣቦ ዓብዱ ነታ ምራኽ ብኹሉ መዳያ ተጠንቂቑ ረኣያ። ኣፉ ከፊቱን ከብዳን ከኣ ፈተሻ። "ኣይጠዓ የትን ገለ ካብዘን ከብቲ ሓሚመን ኣለዋ" ከኣ በለ። "ሕጂ መድሃኒት ከነምጽእ ናብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ክንከይድ ኢና። ነዛ ምራኽካ ከኣ ከነምጻኣላ ኢና።" ዓብዱ ጌና ጒህዩ ኢዩ ዘሎ። "ኣቦ እሞ እዚ መድሃኒት የሕውያዶ ትብሎ፧" ኢሉ ከኣ ሓተቶ። "እወ ከሕውያ ኢዩ ጽቡቕ ኢዩ ዝሰርሕ ምራኽካ ከኣ ድሓን ክትጒዓዝ ኢያ" ኢሉ ኣተባብዖ።

ሓደ ንግሆ ኵሎም እቶም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ሰብ ጥሪት ኣብ ሓያል ስራሕ ነበሩ። ኵሎም በብወገኖም ንብረቶምን ጥሪቶምን ይኣኻኽቡ ነበሩ። ገሊኦም ድሮ ከብቶም ኣምሪሖም ክንቀሳቐሱ ጀሚሮም ነይሮም። ቈልዓ ሰበይቲ ከኣ ኣቕሑቶም ጽዒኖም ይስዕብዎም።

4ይ ንባብ



ዓብዱ ዳርጋ ንፍርቂ መገዲ ጕድኒ ጕድኒ እታ ምራኹ ተጓዒዙ። እቲ መድሃኒት ብሓቂ ሓጊዙዋ ኢዩ። ግን ነዚ ነዊሕ ጕዕዞ ክትጻወሮ ዲያ፧ ዓብዱ ሳዕርን ማይን ሒዙላ ነይሩ። ሓደ ሓደ ግዜ ደው ኣቢሉ ማይ እስከ ስተይዩ፡ ክትጐዓዚ ሓይሊ ክህልወኪ ኣለዎ ይብላ።

ሙሉእ መዓልቲ ተጓዒዞም ኣብ መወዳእታ ንከብቶም ዝኸውን ማይ ዘለዎ ቦታ በጺሖም። እተን ከብቲ ጸሚአን ስለ ዝጸንሓ ኣጸቢቐን ሰተያ። ክበልዓ ከኣ ጀመራ። ዓብዱ ንምራኹ ጽቡቕ ልሙዕ ሳዕሪ ረኺቡላ። ድሕሪ መግቢ ከኣ ኮቦርታኡ ተኸዲኑ ኣብ ጕድኒ እታ ዝፈትዋ

ምራኹ ደቀሰ።

5ይ ንባብ

ስድራ-ቤት ዓብዱን እቲ ናይቲ ከባቢ ህዝብን ካብ ቀደም ጀሚሮም ካብ ዓዲ ንባሕሪ ካብ ባሕሪ ከኣ ንዓዲ ኢዮም ዝመላለሱ። እዚ ጕዕዞዚ

ኣብ ዓዲ ሓጋይ እንተ ኰይኑ ነተን ከብቲ ሳዕሪ ስለ ዘይረኽባ ንባሕሪ ይኸዱ። ኣብ ባሕሪ ሓጋይ እንተኾይኑ ከኣ ኣብ ዓዲ ማይ ምስ ዘነበ ናብ ዓዲ ይምለሱ። እዚ ከኣ ካብ ኣባሓጎታቶም ዝጸንሐ ኢዩ።

ዓብዱ እታ ካብ ብተያ ጀሚሩ እናተኸናኸነ ዘዕበያ ምራኽ፣ ሕጂ ዓብያትሉ ካብ ምራኽ ናብ ጣዕዋ ካብ ጣዕዋ ናብ ብጽሕቲ ኣርሒ ኰይና። ድሕሪ ቍሩብ ግዜ ከኣ ላም ኣኺላ ክትወልደሉ፣ ጸባ ክትሕለበሉ እናሓሰበ ኣጸቢቑ ተኸናኸና። ደረጃ ዕብየት ከብቲ እምበኣር፦

መጀመርታ ብተይ ቀጺሉ ምራኽ ቀጺሉ ጣዕዋ ቀጺሉ ኣንስተይቲ እንተኾይና ኣርሒ ተባዕታይ እንተኾይኑ ከኣ ዝራብዕ ይበሃሉ። ካብዚ ንደሓር ከኣ እታ ኣርሒ ላም ትኸውን እቲ ዝራብዕ ከኣ ብዕራይ ይኸውን።

መላመዲ

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ዓብዱ እንታይ ኮይኑ ኢዩ ተጨኒቁ፡
2. ኣቦ ዓብዱ ነታ ብተይ ክህቦ ከሎ እንታይ ኢልዎ፡
3. ዓብዱ ምራኹ ምስ ሓመመት እንታይ ኢሉ፡
4. ኣቡኡኸ እንታይ ኢልዎ፡
5. ኣብ መወዳእታ እታ ምራኽ ብኸመይ ሓውያ፡

ነዞም ዝስዕቡ ክፉታት ቦታታት ምልእዎም።

1. ስድራ ቤት ዓብዱ ምስቶም ህዝቢ ን ______ ______ ክወርዱ ኢዮም።
2. ኣቦ ዓብዱ ንወዱ ምራኽ ክህቦ ከሎ ______ ______ ኢልዎ።
3. ኣቦ ዓብዱ ካብ ______ ፈውሲ ከነምጽኣላ ኢና ኢልዎ።

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ትርጉም ረኺብኩም ኣብ ምሉእ ሓሳባት ኣእትውዎም።

1. ባሕሪ
2. ምራኽ
3. ኣይግድን
4. ጓሂ
5. መዳይ

# ምዕራፍ 15

## ብቑልዓይ ከለኹ

### 1ይ ንባብ



እዋን ክረምቲ ኢዩ ነይሩ። ካብ ድቃሰይ ክትንስእ ከለኹ ድሮ ጸሓይ በሪቓ ነይራ። ደቂ ዓድና ጸሓይን ዝናብን ከየርከቦም ነናብ ስርሖም ወፊሮም ነይሮም። ቤት ትምህርትና ግን ክረምቲ ስለ ዝኾነ ዕጹው ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ከኣ መውዓሊ ዝኾነኒ ስራሕ ኣይነበረን። መጻውቲ ዝኾኑኒ ደቂ ቤት-ትምህርተይ ክረክብ ኢለ የማነ ጸጋም ጠሚተ፣ ቈልዓ ዝበሃል ኣይነበረን። ኣዚዩ ጸመወኒ። ከምዚ ኢለ ደኣ እዚ መዓልቲ ከመይ ኢሉ ክዓርበለይ ኢዩ። ናብቲ ሕዛእቲ ዓድና ከይደ ዝተፈላለዩ እንስሳታት እናረአኹ ክዘናጋዕ ይሕሸኒ ኢለ ናብኡ ገጸይ ከድኩ።

እናኸድኩ ከለኹ ብዛዕባቲ ኣብቲ ሕዛእቲ ዘለው ኣግራብን ዱርን እሓስብ ነበርኩ። ዘፍርሕ ነገር

የብሉን። ምኽንያቱ ኣብቲ ሕዛእቲ ዓበይቲ ንሰብ ዝጓዱኡ እንስሳታት የብሉን። እተን ኣብኡ ዝርከባ እንስሳታት ከም ጠለበዱ፣ ሰሰሓ፣ ማንቲለን ምጹጹላይን ኣዕዋፍን እየን።

ኣብቲ ዱር ምስ ኣተኹ፣ ንህቢ ካብ ዕንባባ ናብ ዕንባባ እናዘንበዩ ንመስርሒ መዓር ዝኾኖም ጽገ ይእክቡ ነበሩ። "ንህቢ ቆፉኡ እንተዘይ ተንኪፍካሉ ኣይጓዳእን ኢዩ" ኢሉ ኣቦይ ቀደም ነጊሩኒ ነይሩ። ኣዕዋፍ ከኣ መዝሙር እናስማዓ እየን ዘዘናግዓኻ። ናብ ቆፎ ንህቢ ዝመርሓ ኣዕዋፍ ከም ዘለዋ ከኣ ኣቦይ ይነግረኒ ነይሩ።

2ይ ንባብ



ነዚ ኹሉ እናዘከርኩ ከባቢየይ ክዕዘብ ናብ ሓደ እምኒ ደየብኩ። ኣማዕድየ ኽኣ ሓንቲ ማንቲለ ረኣኹ ንሳ ኣብ እግሪ ሓደ ከውሒ ልሙዕ ሳዕሪ ትበልዕ ነበረት።

ኣነ ኸኣ ማንቲለ ክትጉዩ ከላ እያ ደስ ትብለኒ። ክትጉዩ ከላ ክርእያ ኢለ ከኣ እምኒ ኣልዒለ ደርቢኹላ። እታ ማንቲለ ግን ኣብ ክንዲ ትሃድም ርእሳ ኣብ መሬት ተኺላ ሾንኮለል ክትብል ረኣኽዋ። ሰሚዐዮ ዘይፈልጥ ድምጺ ከኣ ሰማዕኩ።

እንታይ ከምዝኾነት ኣይፈለጥኩን። መጀመርታ ትጻወት ዘላ መሲሉኒ። ድሓር ግን እቲ ድምጺ ናይ ቃንዛ ምዃኑ ተረዲኡኒ። ቅርብ ኢለ እንተረኣኹ ከኣ ለካ ኣነ በታ ዝደርበኽዋ እምኒ ሃሪመያ እያ ትሳቐ ነይራ።

ኣብ ከባቢ ዓይና ተሃሪማ፡ ደም ናብ መሬትን ነብሳን ዛርዩ። በብቑሩብ እናተዳኸመት ከይዳ ዘርጋሕ በለት። ኣነ ከኣ ሞይታ ኢያ ኢለ ሓዘንኩ።

## ፫ᵉ ንባብ



ዝገብሮ ጠፊኡኒ፣ ክውስን ኣይከኣልኩን። ማንቲለ ብምቕታለይ ሓዘን ተሰሚዑኒ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ቀስ ኢለ ቀሪበ ኣልዓልክዋ'ሞ ብሂወታ ጸኒሓትኒ። ክትሃድም ከኣ ፈተነት። ብሂወት ምጽናሓ ተስፋ ሂቡኒ። እንቋዕ ኣይሞተት እምበር ኣሕውየ ከልምዳ እየ በልኩ። ማንቲለይ ተሰኪመ ንገዛይ ከድኩ።



ክምለስ ከለኹ እውን ኣብ ሓሳብ ጥሒለ ነይረ። ስድራይ ክኣምኑኒ ዲዮም፡ ኢለ ንነብሰይ ሓቲተ። ዝኣምነኒ ሰብ ኣይረክብን እየ ኢለ ከኣ ባዕለይ መሊሰ። ነዚ ሓሳብዚ ግን ኣይፈተኽዎን። ክኣምኑኒ ኣለዎም። እዚኮ ሓቂ ኢዩ ባዕለይ እየ ሃሪመያ። ብምባል ምስ ነብሰይ ተማጕተ። ሽዑ ስድራይ ሕቶታት ክሓቱኒ ኣነ ከኣ ክምልስ ተራኣየኒ። ከምዚ ኢለ ኣብ ሓሳብ ጥሒለ ከለኹ፣ እታ ማንቲለ ብሃንደበት ብርቱዕ ድምጺ ገበረት። ሰን ቢደ ቀኊሊሕ እንተበልኩስ ድሮ ኣብ ማእከል ዓዲ በጺሐ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እቲ ቈልዓ ስለምንታይ ንነብሱ ሓተታ፧
2. እታ ማንቲለ ስለምንታይ ድምጺ ገይራ፧
3. እቲ ቈልዓ ስለምንታይ ሰንቢዱ፧

4ይ ንባብ

ገዛ ክኣቱ ከለኹ ልክዕ እዋን ምሳሕ ነይሩ።
ኣሕዋተይን ኣቦይን ኣደይን ኣብ ገዛ ጸኒሖሙኒ።
ማንቲለ ኣንጠልጢለ ምስ ረኣዩኒ ከኣ ገሪምዎም
በብወገኖም ሕቶታት ሓተቱኒ። ከመይ ገይረ ከም
ዝሃረምክዋ ገሊጸሎም።
ኩሎም ኣሚኖሙኒ። እቲ ምዕባየይ ሓወይ ግን
ኩሉ ኣቓልቦኦም ናባይ ምግባሮም ደስ ኣይበሎን
ቅንኢ ተሰሚዕዎ። እዚ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ
ኢሉ ኣጸቢቑ ጠመታ። ኣብቲ ዝተሃረመቶ ኣካላ
ብምምልካት ከኣ እዚ ጽፍሪ ኣሞራ ኢዩ።
ኣሞራ ኢዩ ሃሪምዋ ኢሉ መጕተኒ።
ኣዚየ ሓሪቐ ክበኪ ከኣ ደለኹ። ምብካይ ሕመቕ
ኰይኑ ስለ ዝተሰማዓኒ ከኣ ኣይሰኸኹን። ብኸመይ
ከም ዝሃረምክዋ ከረድኦ ፈቲነ። ኣቦይ መጺኡ
እንተዘይ ሕወሰና ከኣ ክንበኣስ ቀሪቡ ኢዩ
ተሪፉና ነይሩ።
ኣቦይ ሓቂ ኢዩ እዚ ዘይእመን ኣይኮነን ብምባል
ንሓሳበይ ደገፉ ናብ ሓወይ ጠመተ። ንሸኻ ከኣኮ

ክንዱኡ ከለኻ ብማንቲግ ክራማ ኣሞራ ቀቲልካ ኢኻ ረሲዕካዮ ዲኻ በሎ። ኣነ ስለ ዝኣመኑኒ ተሓጕሰ። ሓወይ ከኣ እቲ ዝደልዮ ዝነበረ ኣቓልቦ ስለ ዝረኸበ ቀሲኑ። ኩልና ተሓጕስና ከኣ ብሓባር ተመሲሕና።

## 5ይ ንባብ

እታ ማንቲለ እናደኸመት ከይዳ። ምብላዕን ምስታይን ኣብየ። ኣቦይ ከኣ ትንፋሳ ከይሓለፈት ከላ ንሕረዳ በለ። ኣነ ከኣ ክንጽበያ ኣለና ኢለ ኣሸኹ። ስድራ-ቤተይ ከረድኡኒ ፈቲኖም። እቲ ስቅያት ካብ ሞት ይኸፍእ። ንእንስሳ ምስቓይ ከኣ ሕማቕ ሓጥያት ኢዩ በሉኒ። ኣብ መወዳእታ ማንቲለይ ክትሓዊ ከምዝይትኽእል ተረዲአ።ምቅዋም ኣቋሪጸ ስቕ በልኩ።
ኣቦይ ሓሪዱ ክጠብሓ ከሎ ግን ክርእዮ ኣይደለኹን። ኣደንጊጻትኒ ንደገ ወጺአ። ኣደይ ስጋ ተቐቢላ ጥዑም ጸብሒ ሰሪሓትልና። ንዓይ እናኣመስገኑ ክበልዑ ከለዉ እምበኣር ሕማቕ ኣይገበርኩን ኢለ ተሓጕሰ።
ሽዑ ወዲ 8 ዓመት እየ ነይረ። ሎሚ ዓብየ ብዙሕ ርእየ። ካብቲ ግዜቲ ክሳብ ሎሚ ብዙሕ ነገራት ተቐያይሩ። ዓድና እናሰፍሐት ናብቲ ማንቲለ ዝቐተልኩሉ ዱር በጺሐ። እቲ ዱር በሪሱ። ማናቲለ እውን ከምቲ ቀደም የለዋን።እታ

ማንቲለ ክቐትል ከለኹ ኮፍ ኢለላ ዝነብርኩ ከውሒ ግን ኣብ ቦታኣ ኣላ። ብኣጋጣሚ ናብ ዓድና እንተ መጺእኩም ክትርእይዋ ኢኹም። ክሳብ ሕጂ ከኣ ከውሒ ምቕታል ማንቲለ ተባሂላ ትዝከት ኣላ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እቶም ስድራ ስለምንታይ ተገሪሞም፧
2. ኣሞራ ኢዩ ሃሪምዎ ዝበለ መን ነይሩ፧
3. ማንቲግ ክራማ ንምንታይ የገልግል፧

መላመዲ

ነዞም ዛንታ ኣሕጺርኩም ድገምዋ

1. ማንቲለ ወይ ኣዕዋፍ/ጨራሩ ቀቲሉ ዝፈልጥ መን ኣሎ፧
2. እቲ ቘልዓ ማንቲለ ክሃርም ከሎ እንታይ እዋን ነይሩ፧
3. እታ ማንቲለ ኣበይ ነይራ፧
4. ነታ ማንቲለ ምስ ሃረማ እንታይ ተሰሚዕዎ፧

በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእት ሓሳባት ስርሑ

1. ዝናብ
2. ዱር
3. ሕዛእቲ
4. ጽገ
5. ኦሞ

# ምዕራፍ 16

## ጸወታት

## ጕጅለ ሙዚቃ

### 1ይ ንባብ

እቶም ቈልዑ ደኺሞም ኢዮም ነይሮም። ገለ ነገር ክንገብር ኣይከኣልናን ኢላ ከኣ ሂወት ኣዕ ዘምዘመት።

“ኣነ ሓደ ሓሳብ ኣለኒ” በለ ሱለማን። “ጕጅለ ሙዚቃ ዘይንምስርት” በሎም። “እወ ሓቂ” በሉ እቶም ቈልዑ። ግን ብኸመይ ክንገብሮ፧

ሱለማን ቍራጽ ፕላስቲክ ኣምጺኡ ኣብ መንኩቡ ተሓንገጦ። “መራሒ ጕጅለ ሙዚቃ ክኸውን እየ” ከኣ በለ። በትሪ ኣልዒሉ እናወቐዐ ከኣ ክወዛወዝ ጀምረ።

ሂወት ብወገና ኣብ ቦርሳኣ ዝነበረ መመሸጥ ሒዛ ገለ ወረቐት ኣብ ልዕሊኡ ገይራ ብኣፋ ክትነፍሕ ጀመረት። ጥዑም ድምጺ ከኣ ኣቃለሐ።

እቲ ዝነኣሰ ቈልዓ ታኒካታትን ኣባትርን ኣምጸአ። “ኮቦሮ ክንጻወት ኢና” ከኣ በሉ ብሓባር።

2ይ ንባብ



እታ ጕጅለ ሙዚቃ፣ ጥሩምባኣን ኮቦሮኣን ኣብ ከባቢቲ ገዛውቲ ኣቃለሐት። ናብቲ ክሽነ ብምኻድ ብምረሻ ሙዚቃ ኣንጐድጒደቶ። እታ ኣደ ኣዚያ ተሓጐሰት።

ምረሻኣ ብምቕጻል ናብቲ ጀርዲን ከይዳ ነቲ ኣብኡ ዝሰርሕ ዝነበረ ኣቦውን ኣዘናጋዓቶ።

እዛ ብቑልዑ ዝቖመት ጕጅለ ሙዚቃ በቲ ደምበ ሓሊፋ ንኣባሓጎ ከተዘናግዕ ንቕድሚት ገጻ መረሸት።

"እዋይ! ኣንታ ክንደይከ ትነፍዑ!" በሎም ኣቦሓጎ እናጣቕዐ። እቶም ቆልዑ ከኣ ተሓጒሶም ፍሽኽ በሉ። ጸወታኦም ቀጺሎም። ብዙሓት ቈልዑ ስዒቦሞም። እታ ጕጅለ ኣናማዕበለት ከይዳ። ነቲ ብመጻወቲ ዝ-መርዎ ኸኣ፣ ብሓገዝ ወለዶም ኣመሓየሽዎ። ንፋዓት ሙዚቀኛታት ከኣ ኰይኖም።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ሱለማን ኣብ መንኩቡ እንታይ ተሓንጊጡ፧
2. ሂወት ስለምንታይ ኣዕዘምዚመት፧
3. ኣቦሓጎ እናጣቐዐ እንታይ በለ፧

3ይ ንባብ

ጸወታ ሃክቲ



እልልታ ሃክቲ ምጽዋት ትፈቱ። ንሳ ሓንሳብ ንበይና ሓንሳብ ከኣ ምስ መሓዙታ ኰይና ሃክቲ ትጻወት። ክልተ እንተኾይነን፡ ነቲ ገመድ በቲ ሓደ ጫፉ ኣብ ገረብ ኣሲረን በቲ ሓደ ከኣ እታ ሓንቲ ትሕዞ። እታ ሓንቲ ከኣ ትዘልል።

ሰለስተ እንተኾይነን፡ እተን ክልተ ገመድ የዝራ እታ ሓንቲ ትዘልል።

ኣርባዕተ እንተኾይነን፡ እተን ክልተ ገመድ የዝራ እተን ክልተ ከኣ ይዘላ።

ሓሙሽተ እንተኾይነን፡ እተን ክልተ ገመድ የዝራ እተን ሰለስተ ከኣ ይዘላ።

ንሳተን ክዘላ ከለዋ ይቘጽራን ይዝምራን። ነፍሲ ወከፈን ከኣ ከተረብርብ ትጽዕር። ዳርጋ ኩሉ ግዜ እልልታ ተረብርበን። ዋላ ይቐልጥፋ ዋላ ንነዊሕ ግዜ ይዝለላ ንሳ ፈጺማ ናይ ድኻም ምልክት ኣይተርእን ኢያ።

4ይ ንባብ

ሓደ መዓልቲ እልልታ ንበይና ትዘልል ነበረት። እቲ ገመድ ከኣ ኢዳ ክምንዝዓ ዝደለየ ይመስል። "ኻኪድ" ከኣ በለት። ኣቐዲመን እተን ኣዋልድ ካብቲ ቀጽሪ ወጺአን ኣብ ጐደናታት ናይቲ ዓዲ ይዘላ ነይረን።

ንሳተን እናዘለላ ብገዛውቲ መሓዙት እልልታ፣ በቲ መኻዚኖታት፣ በቲ ቤት-ትምህርትን መስጊድን ሓሊፈን።

እልልታ ኣተንፍስ ኣቢላ "ደው ንበል ንገዛና ኻኪድ" ክሳብ ትብለን ዳርጋ መገዲ ኣስመራ በጺሐን ነይረን።

እቲ ዝዘላሉ ዝነበራ ገመድ ዳርጋ ክብተኽ ደልዩ፣ ነይሩ። ከምብሓድሽ ንድሕሪት እናዘለላ ነቲ መስጊድ፣ ነቲ ቤት-ትምህርቲ፣ ነቲ መኽዘን ሓሊፈን ኻኹሉቲ ዝሓለፈኦ ገዛውቲ ሓሊፈን ኣብ መወዳእታ ከኣ እናዘለላ ብከባቢ እንዳ እልልታ ናብቲ ጐደናታት ናይቲ ዓዲ ወሪደን ኣብ

ጸግዒ ማዕጾ ገዛኣ በጺሓ። ገመደን ደርብየን ከኣ ረፍ በላ።

እልልታ ኣብቲ ኣስካላ ናይቲ ማዕጾ ደው ኢላ "እውይ ኣዚየ ደኺመ" በለት።

ቅድሚኡ ኣብ ትገብሮ ዝነበረት ጸወታ ሃክቲ ግን ደኺመ ኢላ ኣይትፈልጥን ነይራ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እልልታ እንታይ ትፈቱ፧
2. ክልተ ተማሃሮ እንተኾይኖም ሃክቲ ብኸመይ ይጻወታ፧
3. እልልታን መሓዙታን ስለምንታይ ደኺመን፧

5ይ ንባብ

ጸወታ ቡቻ



ሃብተን ዓልን ኣዚዮም ዝፋተዉ ኣዕሩኽ ኢዮም። ሓደ መዓልቲ ሃብተ፡ ንዓሊ "ንዓናይ ኣብቲ ቅርዓት ቡቻ ንጻወት" በሎ። ዓሊ ኸኣ ኣነ ጸወታ ቡቻ ኣይፈልጦን እየ" በሎ። "ድሓን ጸገም የብሉን ባዕለይ ክርእየካ እየ" በሎ ሃብተ። ዓሊ ኸኣ "ሕራይ" ኢሉ፡ ናብቲ ጎልጎል ወረዱ። መጀመርታ ከክልተና ጽፍሕ ዝበለ ከበብቲ ኣእማን ንቐርብ። ድሕሪዚ ኣብ ክልተ ቦታታት እንጭምተሉ ኣእማን ንገብር። ብድሕርዚ ኣነን ንሸኻን ማዕረ-ማዕረ ኰይና፡ በብተራ ናብቲ እምኒ ንውርውር። እቲ ናብታ እምኒ ዘልገበ/ዘጸገዐ፡ ተዓዋታይ ኢዩ። ከምዚ እናገበርና ንጻወት። እቲ ዝሰዓረ ኣብ ሕቖ ናይቲ ዝተሳዕረ ይውጣሕ፡ ናብታ ኣብ ቅድሚት ዘላ እምኒ እንድርብየላ ኸኣ የብጽሖ። ብድሕርዚ ኸኣ ከምብሓድሽ ንጻወት። ዓሊ ጽን ኢሉ ሰሚዕዎ፡ ከምታ ዝመሃሮ ኸኣ ተጻዊቶም። ኣብ መጀመርታ ሃብተ ሰዒሩ። ኣብታ ኻልኣይቲ ኸኣ ዓሊ ተዓዊቱ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ቡቻ ተጻዊቱ ዝፈልጥ መን ኣሎ፧
2. ቡቻ ዝጻወቱኽ ርኢኹምዶ ትፈልጡ፧
3. ብዛዕባ ጸወታ ሃክትን ቡቻን ግለጹ፧

## መላመዲ

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ትርጉም ሂብኩም ናብ ምሉእ ሓሳባት ሰኹዕዎም፧

1. ምዕዝምዛም
2. ጕጅለ
3. ምሕንጋጥ
4. ምውዝዋዝ
5. ምቅላሕ

## ተወሳኺ መላመዲ

ቀጺሎም ዘለዉ ምሉእ ሓሳባት ኣንቢብኩም ተረዳእ። ኣስዒብኩም ምስኡ ዘሳኒ ቃል ኣብቲ ባዶ ቦታ ምልኡ።

1. ሰሚራ ካብ ማርታ ትሓጽር።
   ኣሚራ ካብ ሰሚርን ማርታን ትሓጽር።
   ስለዚ ኣሚና ካብ ኩለን --------- እያ።
2. በራኺ ነደይ ወሊዱ።
   ኣደይ ንዓይ ወሊዳትኒ
   ስለዚ በራኺ--------ይ እዩ።
3. ፋጥና ንዛህራ ወሊዳ
   ዛህራ ንሳልሕ ወሊዳ
   ስለዚ ፋጥና ንሳልሕ----------- እያ።
4. ሓዋ ነደይ ንዓይ ---------- ይ እያ።

# ምዕራፍ 17

## ሕያዎት ሓገዝቲ

### 1ይ ንባብ



ዳኒኤልን ሚርያምን ነቶም ኣብ ሕክምና ዝረኣይዎም ኣባሓጎኦምን ኣብኡ ዝነበሩ ሑሙማት ቈልዑን ኣይረስዕዎምን። እንታይ ክንሕግዞም ንኽእል ኢሎም ከኣ ነንሕድሕዶም ተመያየጡ።

"ስእሊ ዘይንስእለሎም" በለት ሚርያም። "ሕራይ" ኢሎም ከኣ፣ ካብ ኣዲኦም ሓደ ዓቢ ወረቐት ወሲዶም ሓደ ጽቡቕ ስእሊ ኣዳለዉ።

እቲ ስእሊ ብብሩህ ሰማይ፣ ጸሓይ፣ ገዛውቲ፣ ሳዕርን ዕምባባታትን ኣግራብን ዝማዕረገ፣ ከምኡውን

ኣባጊዕን ኣጣልን ዘለዎኦ ኢዩ። "እዚ ስእሊ'ዚ ከባቢኦም እንታይ ከምዝመስል ንምዝካር ክሕግዞም ኢዩ" በለ ዳኒኤል። ነቲ ስእሊ ከኣ ኣብ መንደቕ ሰቒሎም ተዓዘብዎ። "ኣዚዩ ደስ ኢሉኒ" በለት

ሚርያም። “ግን ከስሕቐም ዝኽእል ገለ ነገር እንታይ ክንውሰኸሉ ንኽእል፧” ኢላ ከኣ ሓተተት።

ዳኒኤል ሕስብ ኣቢሉ፥ “ኣብ ስልኪ ዝተሰጥሐ ክዳውን ቲ፥ ሓንቲ ነቲ ክዳውንቲ ክትበልዕ ቀልባዕባዕ እትብል ጤል፥ ነታ ጤል ንኽትሰጕግ በትሪ

“ሒዛ ዘብዘብ እትብል ኣደ” ከኣ ወሰኸሉ። “እዚ ስእሊዚ ከም ዝስሕቁ ክገብሮም ኢዩ” ከኣ በለ።



ቀጺሎም እቶም ቈልዑ ኣብቲ ከባቢ ፍረታት ከምዝርከብ ዘከሩ። ኣዲኦም ከኣ ካብኡ ክቕንጥቡ ነገረቶም። ንሳቶም ከኣ ሳንጣ ሙሉእ ቀንጠቡ።

ኣብቲ ሕክምና ምስ በጽሑ እተን ኣለይቲ ሕሙማት ነቲ ሒዞሞ ዝመጹኡ ፍረታት ንኣባሓጎኦምን ነቶም ቈልዑን ክዕድልዎም ኣፍቀዳሎም። ነቲ ሒዞሞ ዝነበሩ ስእሊ ከኣ ኩሉ ሰብ ኣብ ዝርእዮ መንደቕ ንኽሰቕልዎ ሓገዙኦም።

ኣባሓጎኦምን እቶም ቈልዑን ነቲ ስእሊ ኣዚዮም ፈተውዎ። ንስእሊ ናይታ ጤል ምስ ረኣዩ ከኣ ኩሎም ሰሓቑ።

ኣባሓጎኦም ከኣ "የቐንየልና እዞም ደቀይ" በሎም። ቀጺሉ ከኣ "ዋላኳ ሓሚምና ኣብ ሕክምና እንተለና በቲ ዝገበርኩሞ ሰናይ ተግባር ጽቡቕ ተሰሚዑና ኣምስዩ" ብምባል ኣመስገኖም።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ዳኒኤልን ሚርያምን እንታይ ተበሃሂሎም፧
2. እቲ ዝሰኣልዎ ስእሊ ከመይ ነይሩ፧
3. ዳኒኤል ነቲ ስእሊ እንታይ ወሲኽሉ፧
4. ብዘይካቲ ስእሊ ካልእ እንታይ ወሲዶምሎም፧
5. እቲ ኣባሓጎኦም እንታይ ኢልዎም፧

2ይ ንባብ

# እቲ ዘይሕጉስ ንእሽቶ ቈልዓ



ስሉስ ሓደ ዘይሕጉስ ንእሽቶ ቈልዓ ኢዩ። ትርኢቱ መስሓቕ ኢዩ። ኣእጋሩ ሓጸርቲ ርእሱ ከኣ ነግናግ ኢዩ። ንሱ ዘረባ ዘይክእል ባእባእታ ኢዩ። ከምቶም ካልኦት ቈልዑ ክጕዩ፡ ክዘልል፡ ክሓኵር ኣይክእልን ኢዩ። ዕድሚኡ ን2ይ ክፍሊ በቒዑ ኢዩ። እታ መምህር ግን "ስሉስ ንባብ ክመሃር ስለ ዘይክእል ንቤት-ትምህርቲ ክኸይድ ኣይክእልን ኢዩ" በለት።

እቶም ቈልዑ ምስኡ ክጻወቱ ኣይደልዩን ኢዮም። ምኽንያቱ ከኣ ኣዚዩ ዝሑል ኢዩ። ሓደ ሓደ ግዜ የላግጹሉን ይስሕቅዎን። ስሉስ ከኣ ገጹ ብኢዱ ሓቢኡ ይበኪ።

"ከምዚ ምኳኑ ናይ ስሉስ ጌጋ ኣይኮነን። ንሱ ብንእሽቶኡ ከሎ ወዲቑ ርእሱ ተጐዲኡ ኢዩ። ብድሕርዚ ከኣ ብግቡእ ክዓቢ ኣይከኣለን። ኣነ ግን ከም ኩሎም ኣሕዋቱ እፈትዎ እየ። ድሓር ከኣ ንፉዕ ሰብ ክኸውን ኢዩ" በለት ኣዲኡ። እዚ ግን እቶም ቈልዑ ንኽፈትውዎ ኣይሓገዘን።

ስሉስ ንጹልን ዘይሕጉስን ነበረ።

ዳኒኤልን ሚርያምን ካብ ቤት ትምህርቶም ንገዞኦም በቲ ጥቓ እንዳ ስሉስ ይሓልፉ ነበሩ። ንስሉስ ምስ ረኣይዎ ከኣ ብዛዕባቶም ኣብ ሕክምና ዝረኣይዎም ዘይሕጉሳት ቈልዑ ዘከሩ።

"ሰላም ስሉስ እንታይ ትገብር ኣለኻ፡" ከኣ በልዎ። ስሉስ ከኣ "ዋላ ሓንቲ" በሎም። ንሳቶም ከኣ "እሞ ምሳናዶ ንገዛና ትኸይድ፧ ንሕና ነቶም

ኣብ ሕክምና ዘለዉ ቈልዑ ጋባ ክንኣርየሎም

ኢና ንኸይድ ዘለና ክትሕግዘና ከኣ ትኽእል ኢኻ”
በልዎ።

ስሉስ “እወ” ኢሉዎም ነዲኡ ክሓታ ከደ።
ዳኒኤልን ሚርያምን ከኣ ሓቲቱዋ ክሳብ ዝመጽእ
ተጸበይዎ። ቀስ ኢሎም እናኸዱ ከኣ ኣዘራረብዎ።

ስሉስ ገለ መስሓቕ ጸወታታት ይነግሮም ነይሩ።
ምእራይ ጋባ ከኣ ጽቡቕ ኢዩ ዝኽእሎ። ብሓባር
ከኣ ሕጉስ ግዜ ኣሕለፉ።

ስሉስ ንገዛኡ ክምለስ ከሎ ተሓጒሱ ፍሹኽ ይብል
ነይሩ። “ካልእ ግዜኸ ክንጻወት ዲና፧” ኢሉ ከኣ
ሓተቶም።

“ናይ ግድን ኢዩ።” በለት ሚርያም። ዳኒኤል
ከኣ ጽባሕ ክንጻወት ኢና በሎ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ስሉስ ስለምንታይ ዘይሕጉስ ነይሩ፧
2. ኣደ ስሉስ እንታይ ኢላ፧
3. ዳኒኤልን ሚሪያምን ንስሉስ እንታይ ኢሎሞ፧
4. ስሉስ ንገዝኡ ክምለስ ከሎ ከመይ ነይሩ፧ ስለምንታይ፧

3ይ ንባብ

## ነዳኻ ምሕጋዝ

ባኪን ኣሮን እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ኣይፈልጡን ኢዮም። ኣንጊሆም ምስ ተንሱኡ፣ ኣዲኦም ኣብ ዓራታ ደቂሳ ነበረት። ሓዊ ኣይተኣጉደን ቊርሲ ከኣ ኣይተሰረሐን። "ኣደ ጠሚና ቊርስናባ ግበርልና፡" በልዋ ብሓባር።



ኣዲኦም ሰናእናእ እናበለት፣ "ኣይትሓዙለይ እዞም ደቀይ፣ ከምትጠምዩ ፈሊጠ ኣለኹ። እንተኾነ ግን ብርቱዕ ረስኒ ይስምዓኒ ኣሎ። ብርቱዕ ሕማም ርእሲ ከኣ ኣለኒ ክትንስእ ኣይክእልን እየ። እሞ ገለ ቁሩብ ማይ ኣምጽኡ፣ ሓዊ ከኣ እጎዱ። ኣ ቦኹም ካብ በረኻ ምስ ተመለሰ ከኣ ቊርሲ ክደሊ ኢዩ። ስለዚ ክትሕግዙኒ እደሊ ኣለኹ" በለቶም። ኣሮ ኣዚያ ሓረቐት፣ "ቊርሲ ምድላው ስረሐይ ኣይኮነን። ብኸመይ ከምዝዳሎ ከኣ ኣይፈልጥን እየ ኢላ ነቦኣ ክትደሊ ንበረኻ ገጻ ጕየየት።

ባኪ ግን ብሾነታት ኣዲኡ ተገረመ፣ ቅድሚ ሽዑ ሓሚማ ርእዩዋ ኣይፈልጥን ኢዩ። ነቲ መትሓዚ ማይ ኣልዕል ኣቢሉ ከኣ ናብቲ ዒላ ገጹ ከደ። ማይ መሊኡ ከኣ ከልዕሎ ፈተነ። እቲ ማይ ከቢድ እኳ እንተነበረ ብዝከኣሎ ተጋዲሉ ንገዛኡ ኣብጸሖ።

ባኪ ከመይ ጌርካ ሓዊ ከምዝእጐድ ኣይፈልጥን ኢዩ። ናብታ ኣብ ጥቓ ገዛኦም እትነብር ኣሞኡ ከይዱ ክርቢት ክትህቦ ሓተታ። ንሳ ከኣ ኵነታቱ ርእያ ባዕላ መጺኣ ሓገዘቶ። ብድሕርዚ ገለ እንቋቝሖ ምስ ሓርጭ ሓዊሶም ኣብቲ ዝፈለሐ ማይ ኣእተዉዎ። ሻሂ ኣፍሊሖም ከኣ ነዲኡ ሃብዋ። ሻሂ ምስ ሰተየት ቁሩብ ሒሽዋ።

ባኪ ነቲ ግዓት ከሾሶ ጀመረ። ኣቡኡ ከኣ ካብ በረኻ መጸአ። ነቲ ዝሰርሖ ዝነበረ ርእዩ ከኣ፣ እዚ ወደይ ንሸኻ ንፉዕ ሓጋዚ ኣዲኡ ኢኻ ኣነ ኸኣ ተሓጒሸ እየ” በሎ።

“ኣሮ ግን ኣይሓገዘትካን ኣይነፈዐትን። ሕጂ ግን ቀኍርስና እሞ ንብላዕ ኣነ ከኣ ነደኹም መድሃኒት ከምጽኣላ እየ” በሎም።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ኣደ ባኪን ኣሮን እንታይ ኮይና ነይራ፧
2. ቀኍርስና ሃብና ምስ በልዋ እንታይ ኢላቶም፧
3. ኣሮ እንታይ ገይራ፧ ባኪኸ፧
4. ኣቦ ባኪ ንወዱ እንታይ ኢልዎ፧

## 4ይ ንባብ

## ንእሽቶ ሓፍትና



ሳልሕን ሰሚራን በታ ንእሽቶ ሓውቶም ዓቢ ጸገም ነይርዎም። ንሳ ናብ ዝኸድዎ ክትከይድ ትደሊ። ንእሽቶ ስለዝኾነት ግን ደው ክትብል ኣይትኽእልን ኢያ። ከዛውርዋ እንተወሰድዋ ከኣ ቀልጢፋ ትደክም እሞ ክትሕንገር ትደሊ። ኣብቲ ዓራት ይጻወቱ እንተልዮም ኣብቲ ዓራት ደይባ ኣብ መንጎቲ ጸወታኦም ኮፍ ትብል። ከይደንጒየት ከኣ ወዲቓ ትበኪ።

ካብ ቤት ትምህርቲ ሒዞሞ ንዝመጹ መጻሕፍቲ፣ ትቐደሎም። ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ናብ ጭቃ ተውድቐሎም። ንናይ ሳልሕ ናይ ጭቃ ባሊናታት ኣብ ኣፋ ኣእትያ እናሓየኸት ተበላሽወሉ። ንናይ ሰሚራ ጽቡቓት ባምቡላታት እናሰሓበት ትፈናጥሓላ ነበረት።

## 5ይ ንባብ

ሰሚራን ሳልሕን ነዲኦም "እለይልናባ" ኢሎም እንተጠርዑ ከኣ ኣዲኦም "ንእሽቶ እያ ኣይርደኣን ኢዩ። ስለትፈትወኩም ከኣ ምሳኻትኩም ክትጻወት ኢያ እትደሊ" ትብሎም።

ሓደ መዓልቲ ሰሚራን ሳልሕን ሓደ መደብ ሓሰቡ። ሳልሕ ከኣ "በብተራ ንሓዛ። ቀድሚ ትምህርቲ ኣነ መጽሓፈይ ከንብብ ከለኹ ንሰኺ ምሳኣ ተጻወቲ። ድሕሪ ትምህርቲ ከኣ ንሰኺ ምስ መሓዙትኪ ክትጻወቲ ከለኺ ኣነ ምሳኣ ክጻወት" በላ። "ናብቲ ሜዳ ክንከይድ ከለና ምሳና ክትከይድ ትኽእል ኢያ። ድሕሪ ድራር ከኣ ቀልጢፋ ክትድቕስ ኢያ። ሽዑ ንሕና ብሓንሳብ ንጻወት ሕራይዶ፧" ከኣ በለት ሰሚራ።

ከምቲ ዝሓሰብዎ ከኣ ገበሩ። ኣዲኦም ነቲ መደብ ፈትያቶ። እታ ሕጻን ከኣ ኣዚያ ፈትያቶ።

ሳልሕን ሰሚራን ከኣ ነቲ ክገብርዎ ዝደልዩ ነገራት ክገብሩ ግዜ ረኺቦም።

"ነዚሲ ብኻ ኣቐዲምና ሓሲብናዮ ከኣ" በሉ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ሳልሕን ሰሚራን ስለምንታይ በታ ንእሽቶ ሓውቶም ይጽገሙ ነይሮም፧
2. ንሳ ስለምንታይ ደው ክትብል ኣይትኽእልን ነይራ፧
3. ስለምንታይከ ክትሕንገር ትደሊ ነይራ፧
4. ኣብ መወዳእታ ብኸመይ ነቲ ጸገም ቲሖሞ፧

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ትርጉም ርኸቡሎም

1. ሕያዎት
2. ምምዕራግ
3. ምግዳል
4. ምዝዋር
5. ቀልባዕባዕ
6. ትርኢቱ
7. ሰናእናእ
8. መደብ

# ምዕራፍ 18

## ንህቢ

**ቃላት፦ ሰራሕተኛ፡ መንገብገብ፡ ምጺ፡ ጽገ፡ ሕንዚ**

### 1ይ ንባብ



ንህቢ ንፉዕ ሰራሕተኛ ኢዩ። ምትሕግጋዝ ይፈቱ። ንሱ ከይሰረሐ ኣይበልዕን ኢዩ። ዕድመኡ ምሉእ ኣብ ስራሕ የሕልፎ። መዓር ካብ ንህቢ ንረክቦ። መዓር ጥዑም መግቢ ኢዩ።

ንህቢ ውልድ ምስ በለ መንገብገብ ስለ ዘየውጽእ ኣይነፍርን ኢዩ። ድሕሪ ዒስራን ሓደን መዓልቲ መንገብገብ ኣውጺኡ ክነፍር ይጅምር። ካብዚ ግዜዚ ጀሚሩ ከኣ ናብ ስራሕ ይወፍር። ንግሆ ናብ ስራሕ ይወፍር። ምሸት ጸሓይ ክትዓርብ ከላ ከኣ የዕርፍ።

ኣብ ከባቢኡ ዕንባባ እናደለየ ንመዓር ዝኾኖ ምጽ ምጸይ እከብ። ኣብ ኣእጋሩ ከኣ ጽገ ይእክብ። ኣብ ከባቢኡ እንተዘይረኺቡ ንነዊሕ ሰዓታት ይጒዓዝ።

ንህቢ ነቲ ዝሰርሖ መዓር ብጸላእቲ ከይውሰዶ ብግቡእ ይሕልዎ። ካብ ጸላእቱ ከኣ ብሕንዚ ይከላኸል። ኣብ ኣፍደገ ቆፎኡ ሓለውቲ ኣለዉ። መግቢ ሒዙ ዘይመጽእ ንህቢ ኣየእትዉዎን ኢዮም። መግቢ ንዝሓዘ ግን ዝኾነ ዝነፍር የእትዉዎ።

ጻጸ እቲ ቀንዲ ጸላኢ ንህቢ ኢዩ። እቶም ሓለውቲ ከይረኣይዎ መሊቑ ኣትዩ ከኣ ነቲ ዝሰርሕዎ መዓር የበላሽወሎም።

ዕድመ ንህቢ ሓጺር ኢዩ። ንህቢ ኣርባዓን ክልተን መዓልቲ ጥራይ ኢዩ ዝነብር

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ

1. ንህቢ ኣብ ምንታይ ይነብር፧
2. ንህቢ ድሕሪ ክንደይ መዓልቲ ይነፍር፧
3. ዕድመ ንህቢ ክንደይ ኢዩ፧
4. ስለምንታይ ኢዩ ንህቢ ንፋዕ ሰራሕተኛ ዝበሃል፧
5. ቀንዲ ጸላኢ ንህቢ መን ኢዩ፧

## 2ይ ንባብ

## ንስሪ



ሓንቲ ንስሪ ካብ ባሕሪ ርሑቕ ኢላ ኣብ ሓደ ገረብ ሰፈራ ሰረሐት። ኣርባዕተ ጨቓዊት ከኣ ጨጨሐት። ንስሪ ዑፍ ኢያ ብእንቋቑሓ ከኣ ትፋረ።

ሓደ መዓልቲ እታ ንስሪ ካብ ርሑቕ ቦታ ነፊራ ናብ ሰፈራ ተመለሰት። ሓደ ዓቢ ዓሳ ከኣ ተሰኪማ ነበረት።

እቲ ሰፈራ ኣብ ጥቓ መገዲ ኢዩ ነይሩ። ብዙሓት ሰባት ከኣ ብኡኡ ይሓልፉ። ኣብቲ ከባቢ ናይ ሕርሻ ቦታ ነበረ። እቶም ሓረስቶት ከኣ ግራውቶም ክሾስኩሱ ናብቲ ቦታ ይመጽኡ። ሓደ ካብቶም ሓረስቶት ናብቲ ገረብ ገጹ ጠመተ።

ኣብቲ ገረብ ሓደ ዓቢ ዓሳ ተንጠልጢሉ ረኣየ። ነቲ ዓሳ ንምውራድ ከኣ ኣእማን ደርበየ። እታ ንስሪ በቲ ዳርባ እምኒ ፈረሐት። ነቲ ሒዛቶ ዝነበረት ዓሳ ገዲፋ ከኣ ሃደመት። እቶም ሓረስ ቶት ነቲ ዝወደቐ ዓሳ ወሰድዎ።

እታ ንስሪ ብዘይ መግቢ ናብ ደቃ ተመለሰት። ኣብ ልዕሊ እቶም ጨቓዊት ከኣ ደው በለት። እቶም ጨቓዊታ ኣዚዮም ጠምዮም ስለ ዝነበሩ፣ ርእሶም እናኣልዓሉ ብብርቱዕ ድምጺ ኣጨነቕዋ። እታ ንስሪ ኣዚያ ደኺማ ነበረት። ናብቲ ባሕሪ ተመሊሳ ዓሳ ምምጻእ ከኣ ኣሸገራ።

ንደቃ ሓቑፋ ከተደቅሶም ፈቲና። ንቑሩብ ግዜ ከኣ ኣዘናጊዓቶም። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ከኣ መሊሶም ጨቕ ጨቕ እናበሉ ኣጨነቕዋ።

3ይ ንባብ



ካብ ደቃ ርሕቕ ኢላ ኣብ ሓደ ገረብ ኮፍ በለት። ንሳቶም ግን መመሊሶም ጨቕጨቕ በሉ።

ኣዲኦም ኣዚያ ጕሂየት። ንባሕሪ ገጻ ከኣ ወፈረት።

እታ ንስሪ ኣዝያ ስለ ዝደኸመት ደንጕያ ናብቲ ባሕሪ በጺሐት። ኣብ ኣካላታ ናይ ድኻም ምልክት ይረአ ነበረ። ድሕሪ ነዊሕ ጕዕዞን ድኻምን ሓደ ዓቢ ዓሳ ቃቝራ መጸአት። ከምታ ልማዳ ከኣ ኣብታ ገረብ ዓለበት። ናብ ኩሉ መኣዝናት

ጠመተት። ኣብቲ ከባቢ ሰባት ከምዘየለዉ ከኣ ኣረጋገጸት። ናብ ደቃ ቀረበት። ጨቓዊታ ኣፎም ከፊቶም ይጽበዩ ስለ ዝነበሩ ከኣ ካብቲ ዘምጸኣቶ ዓሳ እናቌረጸት ኣኹለሰቶም። ኩሎም ጸጊቦም ክጻወቱ ጀመሩ። ኣብ ልዕሊ ኣዲኦም እናወጹኡ ክጻወቱ ኣብቲ ገረብ ክነጥሩ ጀመሩ።

ወላዲ ንውላዱ ከዕቢ ላዕልን ታሕትን ይብል። ከይጠምዩ ደኺመ ከይበለ ይሰርሕ። ኩሉ ፍጡር ከኣ ነንውላዱ ከዕቢ፣ ካብ ሽግር ክከላኸል ይጽዕር።

መላመዲ

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ

1. እታ ንስሪ ዘምጸኣቶ ዓሳ መን ወሲዱዎ፧
2. እቶም ጨቓዊት እንታይ ይብሉ ነበሩ፧
3. እታ ንስሪ ነቲ ካላኣይ ዓሳ ንመን ሃበቶ፧
4. እቶም ጨቓዊት መግቢ ምስ በልዑ እንታይ ገብሩ፧
5. እታ ንስሪ ንሳልሳይ ግዜ ባሕሪ ከይዳዶ፧
6. ስለምንታይ ወለድና ኣኽብር፧

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብ ባዶ ቦታ ምልኦዎም።

ዝዓገበ፡ መንገብገበ፡ ምዝንጋዕ፡ ትዕንግል፡ ትፋረ፡
1. ኣደ ንውላዳ ብጡብ ____________________።
2. ደርሆ ብእንቋቑሖ ____________________።
3. ተወልደ ስለ ____________________ ተቐጺዑ።
4. ርግቢት ____________________ ኣሎዋ።
5. ኣደ ምስ ደቃ ____________________ ትፈቱ።

ተወሳኺ መላመዲ

ቀጺሎም ዘለዉ ባዶ ቦታታት ዝሰማማዕ ስመ።

ንኣብነት ፡- ውላድ ድሙኡ ዕዋል ትበሃል።
1. ውላድ ከልቢ ____________________ ይብሃል።
2. ውላድ ጤል ____________________ ይብሃል።
3. ውላድ በጊዕ ____________________ ይብሃል።
4. ውላድ ኣድጊ ____________________ ይብሃል።
5. ውላድ ላም ____________________ ይብሃል።
6. ውላድ ደርሆ ____________________ ይብሃል።

4ይ ንባብ

ኢደይ ኢድካ



ዘርኢት ንፉዕ ሓረስታይ ኢዩ። ሓንቲ ልምዕቲ ናይ ሕርሻ ቦታ ከአ ነበረቶ። ኣብ ማእከል እታ ግራት ሓደ ዓቢ ደንጎላ ነበረ። እቲ ደንጎላ ነቲ ዘራእቲ ሱር ኻኽይሰድድ ይኽልክሎ ነበረ። ዘርኢት ነቲ ደንጎላ ካብቲ ግራት ክኣልዮ ወሰነ።

ሓደ ንግሆ ናብቲ ግራት ከይዱ ከልዕሎ ከአ ፈተነ። ብየማን ብጸጋም እናተዛወረ ፈተኖ። ይኹን እምበር ምንቕ ከብሎ ኣይከኣለን። ምኽኒን ምስ ኣበዮ ከአ ሓደ ብልሓት ፈጠረ። ዘርኢት ካብ ከባቢኡ ሰባት ጸዊዑ።

5ይ ንባብ

ዘርኢት ንጣሃ ጸዊዑ ነቲ ገመድ ብሓንሳብ ብምስሓብ ተሓጋገዙ። ከግዕዝዎ ግን ኣይከኣሉን።

ጣዛ ንሰናይት ጸዊዑ ነቲ ገመድ ምስ ዘርኢትን ጣዛን ኰይኖም ስሓብዎ። ሕጂውን ኣይከኣልዎን። ሰናይት ንዓብደላ ጸዊዓቶ። ንሱ ከኣ ምስኣቶም ተሓዊሱ ከሳሕቦም ጀመረ። ሕጂውን ኣይከኣሉን።



ዓብደላ ብወገኑ ንልዋም ጸዋዓሞ፣ ሓሙሽቲኦም ዓቕሞም ኣውሃሂዶም ሰሓቡዎ። ቁሩብ ነቕ ከብልዎ ከኣሉ። ካብቲ ግራት ከውጽእዎ ግን ኣይከኣሉን።



ልዋም ንሰመረ ጸወዓቶ፣ ሰመረ ከኣ ንወጋሕታ ጸወዓ። ወጋሕታ ንዓወት ጸዊዓ፣ ዓወት ንሓርነት ጸዊዑ ሕጂ ትሽዓተ ኰይኖም። ትሽዓተኦም፣ ብሓባር፣ ሓደ፣ ክልተ ሆብ ኢሎም፣ ብምሉእ ሓይሎም ሰሓብዎ። እቲ ዘይፍንቀል፣ ዝመስል

ዝነበረ ደንጎላ ድማ ካብ ቦታኡ ተነቓኒቑ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ካብቲ ግራት ኣውጽእዎ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. እቲ ሓረስታይ መን ይብሃል ነበረ፧
2. ኣብ ማእከል እታ ግራት እንታይ ነበረ፧
3. ነቲ ደንጎላ ዘርኢት ሓፍ ከብሎ ኣይከኣለን፧ ስለምንታይ፧
4. ኣብ መወዳእታ ብናይ ክንደይ ሰባት ጻዕሪ ኣልጊሱ፧ ስለምንታይ፧
5. እቲ ደንጎላ ምስ ኣልገሰ እቲ ዘርኢ ክስፋሕፍሕ ክኢሉ፧ ስለምንታይ፧
6. ካብ'ዚ ኣርእስቲ እንታይ ትመሃር፧

ቀጺሎም ዘለዉ ቃላት ኣብ ምሉእ ሓሳባት ኣእትውዎም።

1. ግራት
2. ብልሓት
3. ምትሕግጋዝ
4. ንግሆ
5. ሓይሊ

## ተወሳኺ መላመዲ

ሀ. 9 ቀጠንቲ ዕንጨይቲ ኣረኻ ኣምጽእ።
ንመጀመርታ በብሓደ ክትሰብረን ፈትን።
እንድገና ብሓባር ክትሰብረን ፈትን። ኣየናይ
ይብርትዕ፧ ስለምንታይ፧

ለ. ነቲ ተሰሚሩ ዘሎ ቃል ተጻራሪ ዝኾነ ቃል ኣብ'ቲ ባዶ ቦታ ምልኡ።

ንኣብነት፡- ሳራ ነዋሕ ኢያ። ሓሊማ ግን ሓጻር ኢያ።

1. እዛ መጽሓፍ እዚኣ ዓባይ ኢያ። ኣዚኣ ግን ________ ኢያ።
2. ____________ ኢዳይ ጽርይቲ ኢያ። ጸጋመይቲ ግን ________ ኢያ።
3. ብግዜ መዓልቲ ብርሃን ኢዩ። ብግዜ _____ ግን ________ ኢዩ።
4. ናይ ኣብርሃም መልሲ ቅኑዕ ኢዩ። ናይ ምሕረት ግን ________ ኢዩ።

# ምዕራፍ 19

## ማንቲለን ጐብየን፥

### 1ይ ንባብ



ኣብ ሓደ ሩባ ጽሩይ ወሓዚ ማይ ነበረ። ጎብየ ማይ ክሰቲ ወረደ። ማንቲለ ከኣ ናብኡ ወረደት እሞ ጎፍ ንጎፍ ተራኸቡ።

ማንቲለ ንጎብየ ብንዕቀት፥ "ከምኡ ኢልካ ገፊፍ ትብል ኣለኻ" በለቶ።

ጎብየ ህድእ ኢሉ፥ "ካብ መን እሞ ተሪፈ" በላ።

ማንቲለ ምሳይ እኳ ክትቀዳደም ኣይትኽእልን በለቶ።

ጎብየ ከይኰረየ "ብኣፍ እሞ መዓስ ኰይኑ። ነቲ ትብሎ ኣብ ግብሪ ምፍጻም ይሓይሽ። ገይረዮ ኢልካ ከኣ ዘይምጅሃር" በላ።

ማንቲለ "በል ንዓ ንቀዳደም" በለቶ።

ጎብየ "ሕራይ" ኢሉ ንኽቀዳደሙ ተሰማምዑ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ጎብየ ናብቲ ሩባ እንታይ ክገብር ወረደ፧
2. ማንቲለ ንጎብየ እንታይ በለቶ፧
3. ጎብየኸ እንታይ መለሰላ፧
4. ወሓዚማይ ዝብሃል ከመይ ዝበለ ኢዩ፧

2ይ ንባብ



ማንቲለን ጎብየን ንኽቀዳደሙ ነቐሉ። ማንቲለ እናዘለለት ገዲፋቶ ሓለፈት። ጎብየ ከኣ ከምቲ ኣካይዳኡ ገፊፍ ክብል ጀመረ። ማንቲለ ኣርሒቓ ከደት። ቍሊሕ እንተበለት ከኣ ምርኣይ ሰኣነቶ። ኣየርክበንን ኢዩ ኢላ ከኣ ከተዕርፍ ኣብ እግሪ ጽላል ገረብ ደቀሰት።



ጎብየ ገፊፍ እናበለ ኣርከባ። ደቂሳ ከላ ከኣ ገዲፍዋ ሓለፈ። ኣብታ ዝተወዓዓሉላ ቦታ ከኣ በጺሐ። ማንቲለ ከም ፈኸራኣ ስለ ዘይኮነላ ሓፊራ ናብቲ ቦታ ክሳዳ ኣድኒና ኣተወት።

ጎብየ ክሳዱ ነፊሑ፡ “ፈኸራን ትምክሕትን ዋጋ የብሉን። ንእትብሎ ነገራት ኣብ ግብሪ

እንተዘይኣውዒልካዮ ከንቱ ኢዩ። እቲ ዝበለጸ ተግባር ከከም ዓቕምኻ ምስራሕን ንብጾትካ ዘይምንዓቕን ኢዩ።” ኣናበለ ተዓዊቱ ወጸአ።

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ

1. ማንቲለ ስለምንታይ ደቂሳ
2. ጎብየ ከመይ ኣናበለ'ዩ ዝኸይድ
3. ካብ'ዚ ኣርእስቲ እንታይ ትምሃር፧

## ኣንበሳን ዕኮትን

3ይ ንባብ



ዕኮት ኣብ ትሕቲ ሓደ ዓቢ ኦም ገዛ ሰሪሑ ይነብር ነበረ። ሓደ መዓልቲ ኣንበሳ በቲ ከባቢ ይሓልፍ ነበረ። ኣማዕድዩ ከኣ ነታ ዕኮት ዝነብርላ ጽብቕቲ ጽላል ረኣያ። ኣብኣ ከዕርፍ ኢሉ ከኣ ናብኣ ከደ። ንዕኮት ምስ ረኣዮ ከኣ ኣዚዩ ሓረቐ። ቅርብ ኢሉ ከኣ ብቑጠዐ፡ "ኣንታ ደቂቕ ፍጥረት ኣብዚ እንታይ ትገብር፧ ኪድ ካብዚ ርሓቕ። ኣይከይድን እንተበልካ ከኣ ክበታትኸካ እየ። ስለዚ ሂወትካ ትደልያ እንተዀንካ ርሓቕ። ኣነ ኣብዚ ጽላል ከዕርፍ እየ" በሎ።

ዕኮት ግን ከይተቘጠዐ ብትሕትና መለሰሉ። "ክቡር ኣንበሳ እወ ሓቕኻ ደቂቕ ፍጥረት እየ። ደቂቕ ብምዃነይ ከኣ ትንዕቀኒ ኣለኻ። ሕጂ ከኣ ንሰኻ ከተዕርፍ ደሊኻ ኣለኻ ኣዕርፍ። ኣነ ከኣ ኣብ ስረሐይ ኣለኹ ክሰርሕ ግደፈኒ" በሎ።

ኣንበሳ ከኣ "ብዛዕባ ስራሕካ ኣይግድሰንን ኢዩ። ኣብዚ ንኽትሰርሕከ መን ኣፍቂዱልካ ሕጂ ዘረባ ኣይትወሰኽ ከዕርፍ እየ እብለካ ኣለኹ" በሎ።

ዕኮት ብዘረባ ኣንበሳ ኣይሰንበደን ስቕ ኢሉ ስርሑ ቀጺሉ።

## 4ይ ንባብ

ኣንበሳ በቲ ሓደ ወገን ክድቅስ እናኸደ ከምዚ በሎ። "በል ሕጂ ክድቅስ እየ። ከይተተንስኣኒ ተጠንቀቕ ከም ገለ ክትብል እንተኣተንሲእካኒ

ግን ኣብኣ ትረኽባ ካብዚ ቦታ ጽርግርግ ከብለካ እየ።” ኢሉ ደጋጊሙ ኣፈራርሖ።

ዕኮት ዘረባ ኣንበሳ ከየሰንበዶ፡ “ክቡር

ኣንበሳ እዚ ትብሎ ዘለኻ ሰሚዐዮ ኣለኹ። ብዙሕ ኣይተፈራራሓኒ። ኣነ ደቂቕ ፍጥረት እየ ምሳኻ ክገጥም ከኣ እደሊ ኣለኹ” በሎ።

ኣንበሳ ብስሓቕ ካዕካዕ በለ። ብንዕቀት ተገቲሩ ከኣ፡ “ኣነ ኣንበሳ ኣነስ በዚ ሕማቕ ድኹም ፍጥረት ተደፈረ። ወይ ንዕቀት፡ ከመይ ዝበሉኻ ደፋር ኢኻ፡ ኣነ ንጉስ ኩሎም እንስሳታት ምኺነይ ከመይ ኢሉ ጠፊኡካ ክቡርን ሕፉርን ምኺነይ ትፍልጥዶ፧” ኢሉ ከኣ ሓተቶ። ዕኮት ኣይመለሰን ብትዕግስቲ ይሰምዕ ነበረ። ኣንበሳ ቀጺሉ “ስማዕ ንንፉዕ ሰብ ከይተረፈ ኣንበሳ ኢዮም ዝብልዎ። ንሸኻ ግን ከመይ ዝበሉኻ ደፋር ትዕቢተኛ ኢኻ ኣይዕገስን እንተብልካስ በል ድሓን ንዓሞ በጽፋረይ በታቲኸ ቀለብ ኣሞራ ክገብረካ እየ። እቲ ዘሕዝነኒ ሕቶኻ ጥራይ ኢዩ። ሕጂውን ኪድ ረሓቕ እብለካ ኣለኹ ከዕርፍ እየ” ኢሉ ከኣ ኣብቲ ጽላል በጥ በለ።

5ይ ንባብ



ዕኮት ኣዚዩ ተሓጐሰ። ቀልጢፉ ከኣ ናብ ኣን በሳ ገጹ ነፈረ። ዚገዝ እናበለ ደጋጊሙ ኣብ ልዕሊ ኣንበሳ ዘወረ። ኣንበሳ ከቢድ ድቃስ ስ ለ ዝደቀሰ ኣይሰመዖን። ዕኮት ተቐዳዲሙ ናብ ኣፍንጫ ኣንበሳ ድርግም በለ። ኣንበሳ ብስንባደ ብር ኢሉ ፍንጥርያዕ በለ። ብዙሕ ከኣ ገዓረ። ዕኮት ደጋጊሙ ነኸሶ። ኣንበሳ ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይከኣለን። ደም ንደም ኰይኑ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ብድኻም ዘርጋሕ በለ።



ብጭራሑ መሬት እናኾስተረ ብዙሕ ኣዕለበጠ። ኣስናኑ እናሓርቀመ ከኣ ሂወቱ ሓለፈት።

ድሕሪ ሞት ኣንበሳ ዕኮት ቦሎኽ ኢሉ ወጸአ። ዚገዝ እናበለ ከኣ ዘወሮ። ዕኮት ከምዝተዓወተ ኣረጋገጸ። ነቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ በዓል ጻጹ፣ ሳሬት ከኣ ነገሮም እሞ ናብቲ ቦታ መጺኦም ረኣይዎ። ብሞት ናይዚ ገዚፍ ፍጥረት ከኣ ተገረሙ። ዕኮት ከኣ ተዓዊቱ ናብ ስርሑ ተመለሰ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ዕኮት ንኣንበሳ እንታይ ክገብር ጸንሐ፧
2. ኣንበሳ ናብታ ቦታ እንታይ ክገብር መጽአ፧
3. ኣንበሳ ንዕኮት እንታይ በሎ፧
4. ዕኮት ንኣንበሳ ኣብ ምንታይ ነኸሶ፧

ነቲ ተሰሚሩ ዘሎ ቃል ተጻራሪ ዝኾነ ቃል ኣብ'ቲ ባዶ ቦታ ምልኡ።
ንኣብነት፡ ገነት ጎራሕ ኢያ። ሃና ግን ገርሂ ኢያ።

1. እቲ ኣረጊት ሰብ ኣይ ዕባራ ኢዩ። እቲ ---------- ግን ---------- ኢዩ።
2. በላይ ህርኩት ሰራሕተኛ ኢዩ። መኮነን ግን --------- ነይሩ።
3. ትማሊ ዝሐሉል ጸባ ሰትየ። ናይ ሎሚ ግን ----------- ነይሩ።
4. ኣነ ቀልጢፈ መጺአ። ተስፋይ ግን ---------ኣትዩ።

# ምዕራፍ 20

## ራህዋን ዳዊትን

### 1ይ ንባብ

ራህዋን ዳዊትን ኣሕዋት ኢዮም። ክልቲኦም ከኣ ምስ ዓበዩ ክሰርሕዎ ዝደልዩ ዓይነት ስራሕ ኣለዎም። ዳዊት እንስሳታት ኢዩ ዝፈቱ። ክሓሙ ከለዉ ከኣ ኣዚዩ ይጭነቕ። ሓደ መዓልቲ ከኣ ነቡኡ ሓደ ሕቶ ኣቕረበሉ።

"ኣሓና፣ ኣጣልና ኣባጊዕና፣ ክሓማ ከለዋ ኣዚየ እየ ዝሻቐል። ሰብ እንተሓመመ ናብ ሓኪም ይኸይድ። እንስሳታት እንተሓመሙኸ መን ይሕክሞም፧" ኢሉ ሓተቶ።

ኣቡኡ ከኣ "እንስሳታት ከምዝሓሙ ከመይ ጌርካ ፈሊጥካ፧" ኢሉ መሊሱ ሓተቶ።

ዳዊት "ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ሓምራ ላምና ሓሚማ ከብዳ ተነፊሓ ነይራ። ንሸኻ ከኣ ቡቕልን እንቋቕሑን በጽቢጽካ ኣስቲኻያ። ክሳብ ሎሚ ከኣ ኣይትሕለብን ኣላ። ኣብ መጽሓፍና ከኣ እንስሳ ታት ይሓሙ ይሕከሙ ዝብል መምህርና ኣንቢበናልና።"

ኣቦ፣ "እወ ዳዊት ወደይ ፍሉያት ሓካይም ናይ እንስሳታት ኣለዉ። ዝተማህሩ ዶክተራት ኢዮም። ልክዕ ከምቲ ንሸኻትኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ

እትኽተብዎ እንስሳታት ከኣ ደኽተቡ፣ እንተሓመሙ ከኣ ይሕከሙ ኢዮም” በሎ።

2ይ ንባብ

ምልክታ ኩሉኹም ሰብ ጥሪት፣ ኣብዚ ከባቢ ሕማም ኣናሶ ኣትዩ ስለ ዘሎ ጥሪትኩም ከተኽትቡ ነተሓሳስብ።

ዓወት ንሓፋሽ



ምልክታ፣-

ካብ ዕለት ———— ክሳብ ዕለት ——ኣብ ኩሉ ዞባታትን ኑኡሳን ዞባታትን ክታበት ሕማም ፖልዮ ንህጻናት ክወሃብ ስለ ዝኾነ ወለዲ ደቅኹም ከተኽትቡ ነዘኻኽር

ዓወት ንሓፋሽ!



እንስሳታት ከም ሰባት ሂወት ኣለዎም። መግቢ፣ ማይ፣ ኣየር የድልዮም። ልክዕ ከም ሰብ ከኣ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ይሓሙ።

ሰብ ካብ እንስሳታት ብዙሕ ጠቐሚ ኣለዎ።

ንመግቡ ዝኸውን ስጋ፣ ጸባ፣ እንቋቑሖ ይረክብ። እቶም እንምገቦም ጥዑያት ክኾኑ ከኣ እቶም መግቢ ዝህቡና ጥዑያት ክኾኑ ኣለዎም። ጥዑያት ክኾኑ ከኣ ጽሩይ ኣየር፣ ጽሩይ ማይ፣ ጽሩይ መግቢ፣ ጽሩይ መደቀሲ የድልዮም።

## ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ዳዊትን ኣቡኡን እንታይ እንታይ ተበሃሂሎም፧
2. እተን ክልተ ምልክታታት እንታይ እንታይ እየን፧
3. ሓምራ ከብዳ ምስተነፈሐት እንታይ ኣስትዮማ፧
4. ሓኪም ዝኣዘዞ ድዩ ወይስ ባዕሎቶም፧
   ሓምራኸ ሓውያዶ፧ ንሸኻትኩምከ እንታይ ምገበርኩም፧

3ይ ንባብ

ዳዊት፡- "ኣቦ እሞ ብቐዳማይ ደኣ እንታይ ኰን ካ ንሓምራ ላምና ናብ ሓኪም ዘይወሰድካያ፧"

ኣቦ፡- "ሓቅኻ ኢኻ ዳዊት ወደይ ንሕና ግን እቲ ሕማማት ናይ ከብቲ ንፈልጦ ኢና ሓምራ ዓፈል በሊዓ ኢያ ተነፊሓ ነይራ። እቲ ዘስተኹዋ ከኣ ነቲ መንፋሕቲ ዘዝልቕ ኢዩ። እቶም ሓኪም ዘድልዮም ሕማማት ከም በዓል ኣናሶ፣ ጕልሓይ ዝኣመሰሉ ኢዮም።"

ዳዊት፡- "ኣቦ ኣነ ተማሂረ ምስ ወዳእኩ ሓኪም እንስሳ ክኸውን እየ። ንኹሎም እንስሳታት ከኣ ክሕክሞም እየ።"

ኣቦ፡- "ሕራይ ዝወደይ ኣይትሕመቕ፣ እንስሳ ታት ሃብቲ ሃገር ኢዮም። ንሰብ ከግልግልዎ ከኣ ጥዑያት ክኾኑ ኣለዎም። ላምካ ጥዕይቲ እን ተኾይና ጥዑይን ብዙሕን ጸባ ትህበካ። ደርሆኻ ጥዕይቲ እንተኾይና ከኣ ጥዑይን ብዙሕን እን ቛቑሖ ትህበካ።"

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ዳዊት ምስ ተማህረ እንታይ ክኸውን ይደሊ፧
2. ስለምንታይ ከምኡ መሪጹ፧
3. ከምዚ ናይ ዳዊት ዝመርጽ ኣሎዶ፧

4ይ ንባብ

ራህዋኸ እንታይ ክትሰርሕ ከምትደሊ ትፈልጡዶ፧ ራህዋ ባዕላ ክትነግረና እያ።

ኣነ ሕጂ ተማሃሪት እየ። ድሓር ግን መምህር ክኸውን እየ።ኣነ ንመምህረይ እፈትወን። ኩሉ ግዜ ከኣ ከምኣን ክኸውን እደሊ።

ራህዋ ተማሃሪት 2ይ ክፍሊ ኢያ። ንሳ ኣንጊሃ ትትንስእ። ኩሉቲ ንፉዓት ተማሃሮ ዝገብርዎ ትገብር። ገጻ ትሕጸብ፡ ጸጕሪ ርእሳ ትምሽጥ፡ ኣዲኣ ቍርሲ ክሳብ ትቕርበላ ከኣ መጽሓፋ ገንጺላ ተንብብ።

ድሕሪ ቍርሲ ራህዋ ማህደራ ተሓንጊጣ ንቤት-ትምህርታ ትኸይድ። ንሳ ኣብ ከባቢ ቤት-ትምህርታ ሰዓት ክሳብ ዝኣክል ኮፍ እትብለላ ማሙቕ ቦታ ኣላታ። ኣብታ ቦታ ኰይና ከኣ ንመምህር ሚርያም ክትርእያ ትደሊ።



መምህር ሚርያም ናይ ትግርኛ መምህራ ኢያ። ራህዋ ኩሉ ግዜ ንመምህር ሚርያም ክትርእያ ትደሊ። ንሳ ክትምህራ ከላ ከኣ እታ ክፍለ ግዜ ከይተፈለጠታ ትውዳእ።

ራህዋ ጽውጽዋይ ትፈቱ። መምህር ሚርያም ከኣ ኩሉ ግዜ ከም መእተዊ ትምህርታ ጽውጽዋይ ትነግር።

ራህዋ ጽውጽዋይ ናይ መምህራ ጥራይ ኣይኮነትን እትፈቱ። ንሳ ኣከዳድና፡ ኣመሻሽጣ፡ ኣዘራርባ መምህራ ደስ ኢዩ ዝብላ።

መምህር ሚርያም ኩሉ ግዜ ፍሽኽታ ኣይፍለያን ኢዩ። ራህዋ ከኣ እታ ክፍለ ግዜ ክሳብ ትውዳእ ምስ መምህራ ፍሽኽ እናበለት ትውዳኣ።

5ይ ንባብ

ራህዋ ዕዮ ገዛ እናሰረሐት ንመምህራ ትዝክራ። ኣዲኣ ከኣ ኩሉ ግዜ ትግረም። ሓደ መዓልቲ ከኣ "ስምዒ እስከ ራህዋ ጓለይ ንመምህር ሚርያም ኩሉ ግዜ ኢኺ እትዝክርየን ትፈትውየን ኢኺ ይመስለኒ" በለታ።

"እወ ኣደ መምህር ሚርያም ሕያወይቲ እየን። ክምህራና ከለዋ ደስ እየን ዝብላኒ። ጽውጽዋይ ክነግራና ከለዋ እናሰሓቓ ንዓና ከኣ የስሕቓና።

ንሰን ጽሬት ፍተዉ ይብላና። ጽፍርና ጸጕርና እናረኣያ ከይትረስሑ ይብላና። ንዓይ ከኣ ራህዋ እናበላ ይሓታኒ። ነቲ ሕቶ ምስ መለስክዎ ከኣ ንፍዕቲ ኣጣቒዑላ ይብሎኦም። ኣነ ኣዚየ እየ ዝፈትወን።”

እሞ “ራህዋ ኳለይ ምስ ዓበኺ እንታይ ክትኮኒ ትደልዪ፧”

“ኣደ ኣነ ምስ ዓበኹ ከም መምህር ሚርያም ንፍዕቲ መምህር ክኸውን እየ ዝደሊ። ንሰን ኣዚየን እየን ዝፈትዋና ንሕና ከኣ ንፈትወን።”

“እሞ ራህዋ ንፍዕቲ መምህር ክትኮኒ እንተኾንኪ እስኪ ንዓይን ነዞም ኣሕዋትክን ከምቲ ናይ መምህር ሚርያም ጌርኪ ምሃርና።”



ንፍዕቲ እዛ ዓለይ ብሓቂ ንፍዕቲ መምህር ኢኺ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ከምዚ ናይ ራህዋ እትፈትውዎ/ዋ መምህርዶ ኣለኩም፧
2. መምህር ሚርያም እንታይ ትምህር ነይራ፧
3. ራህዋ እንታይ ትፈቱ ነይራ፧

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ስርሑ።

1. ክልተ ነጥቢ (፥) ተጠቂምኩም 3 ምሉእ ሓሳባት ስርሑ።
2. ሰለስተ ነጥቢ (፧) ተጠቂምኩም 3 ምሉእ ሓሳባት ስርሑ።
3. ኣርባዕተ ነጥቢ (።) ተጠቂምኩም 3 ምሉእ ሓሳባት ስርሑ።

# ምዕራፍ 21

## ኣራንሺ፣



ለምለም ናብ ዕዳጋ ፍረታት ከይዳ ሓደ ኪሎ ኣራንሺ ገዚኣ። እዚ ኣራንሺዚ ለምለም ንደቃ ኢላ ኢያ ገዚኣቶ። ፍረታት ድሕሪ ምሳሕ ወይ ድሕሪ ድራር ኢዩ ዝብላዕ። ክሳብ ግዜ ድራር ከኣ ከይበላሾ ኣብ ጽሩይ ሸሓኒ ኣቐመጠቶ።

በርሀ እቲ ዝነኣሰ ወዳ ኢዩ። ኣራንሺ ካብ ዝበልዕ ነዊሕ እዋን ገይሩ ነይሩ። ኣዲኡ ኣራንሺ ከም ዘምጸኣት ምስ ረኣየ ከኣ ኣዚዩ ሃረፈ። ነተን ኣራንሺ ከኣ እናተመላለሰ ይጥምተን ነበረ። በርሀ ኣራንሺ ኣዚዩ ኢዩ ዝፈቱ። ቅድሚ ድራር ከኣ ሓንቲ ኣራንሺ ክበልዕ ደለየ። ኣብ ከባቢ እተን ኣራንሺ ከኣ ብዙሕ ግዜ ጥውይውይ በለ።



ኣብ መንነ ለምለም ዕንጨይቲ ከተምጽእ ንደገ ወጸአት። ኣብቲ ገዛ ከኣ ዋላሓደ ሰብ ኣይነበረን። ለምለም ከምዘይትርእዮ ከኣ ኣረጋገጸ። ናብታ ኣራንሺ ሒዛ ዝነበረት ሽሓኒ ከይዱ ከኣ ሓንቲ ኣራንሺ ወሰደ። ኣዲኡ ከይተርክቦ ከኣ ተቐላጢፉ በለዓ። ኣዲኡ ከይትፈልጦ ኢሉ ከኣ ኣፉ ደራሪዙ ገለ ነገር ከምዘይገበረ ኮፍ በለ።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ለምለም መን ኢያ፧
2. ፍረታት መዓስ ኢዩ ዝብላዕ፧
3. በርህ ስለምንታይ ኣፉ ደረዘ፧
4. በርህ ስለምንታይ ነታ ኣራንሺ በሊዕዋ፧

## 2ይ ንባብ



ለምለም ዕንጨይቲ ኣራርያ ተመለሰት። እዋን ድራር ኣኺሉ ከኣ እታ ስድራ-ቤት ንድራር ኣብ መኣዲ ተቐረበት። ለምለም እንጀራ ቀሪባ ጸብሒ ጸብሓትሎም። ሓቢሮም ከኣ እናተዋዘዩ ተደረሩ።

ድሕሪ ድራር ለምለም ኣራንሺ ከተምጽእ ናብታ ዘቐመጠታ ሽሓኒ ከደት። ነተን ኣራንሺ ሒዛ ናብ ደቃ እናኸደት ከኣ ሓንቲ ኣራንሺ ከምዝጐደለት ፈለጠት። ንሰብኣያ ከኣ፥ "ኣንታ ሓየሎም ካብዘን ዝገዛእክወን ኣራንሺ እምበር ሓንቲ ጠፊኣ" ኢላ ነገረቶ።

ሓየሎም ከኣ ንደቁ "ቅድሚ ድራር ሓደ ካባኻትኩም ኣራንሺ ዝበለዐ ኣሎ። መን እዩ በሊዑ፧" ኢሉ ሓተቶም። ኩሎም ከኣ "ኣይበላዕኩን ኣይበላዕኩን" በሉ።

“ሎሚ ናብ ገዛና ዝመጸአ ሰብ የሎን ለምለም ከኣ ብሙሉኣን ገዲፋተን ከይዳ። ብድሕሪኣ ደኣ መን በሊዑወን ኢልኩም ትሓስቡ፧” ከኣ በሎም።

ነዞም ሕቶታት መልሱ

1. ሓየሎም ንደቁ እንታይ በሎም፧
2. እታ ዝጠፍአት ኣራንሺ መን በሊዕዋ፧

3ይ ንባብ



በርሀ ኣዚዩ ፈረሐ። “ፈጺመ ኣይበላዕኩን” ከኣ በለ። ሓየሎም ደጊሙ ከምዚ በሎም። “ምብላዕሲ ድሓን ብልዑ እቲ ጸገም ምብላዕ ኣይኮነን። ኣራንሺ ኣብ ውሽጡ ጸጸር ኣለዎ። ጸጸር ከምዘለዎኸ ትፈልጡዶ፧ ኣበላልዑኡ ዘይፈልጥ ክህሉ ይኽእል ኢዩ። እቲ ኣራንሺ ዝበለዐ በታ ጸጸር ምኽንያት

ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ክሓምም ይኽእል ኢዩ። ንዓይ ከኣ እዚ ኢዩ ኣፍሪሑኒ ዘሎ። ናብ ሓኪም ክወስዶ ከኣ እቲ ዝበለዐ ሕጂ ይንገረኒ” በሎም። ኩሎም ነንሕድሕዶም ተጠማመቱ። በርሀ ከኣ እናፈረሐ፣ “ኣቦ ስማዕ እሞ ኣቦ ስማዕ እሞ ነታ ኣራንሺ ኣነ እየ በሊዐያ። ነታ ጸጸር ግን ብመስኮት ደርብየያ እየ።” ኢሉ በኸየ። ኣሕዋቱ ከኣ ካዕ ካዕ ኢሎም ሰሓቑ።

ቅንዕናን ሓቅን ፍቶ ሕልፊ ኣሕዋትካ ከኣ ኣይትድለ።

ነዞም ዚስዕቡ ቃላት ኣብ ባዶ ቦታ ምልእዎም

| | | |
|---|---|---|
| ዕዳጋ | ትፈቱ | ደሪዝካ |
| ምቁር | ኣስጊኡኒ | |

1. ብርቱዕ ውሕጅ ስለዝንበረ______ ተመሊሰ።
2. ኣብ __________ ለሚን፣ ጫማ ይሸየጥ።
3. ክትድቅስ ከለኻ እግርኻ_______ ደቅስ።
4. ለምለም ደቃ _________ ኢያ።

5. ኣራንሺ _________ ፍረ ኢዩ።

4ይ ንባብ

ክልተ ቈልዑ



ኣብ ሓደ ዓዲ ሃይለን ተኽለን ዚብሃሉ ክልተ ኣዕሩኽ ነበሩ። ሃይለን ተኽለን ብዙሕ ይፋተዉ ነበሩ። ክሳድ ንኽሳድ ተተሓሒዞም ይዞሩ ነበሩ። ኵሎም ጐረባብቶም ከኣ ብኣታቶም ይግረሙ ነበሩ።



ሓደ መዓልቲ ሃይለን ተኽለን ንዕዳጋ ገጾም ከዱ። ኣብ'ቲ ዕዳጋ ብዙሕ ሰብ ነበረ። ላዕልን ታሕትን ከኣ ይብሉ ነበሩ። እዞም ክልተ ኣዕሩኽ ናብ ሓደ

ጽምው ዝበለ ቦታ ከዱ። ኣማዕድዮም ከኣ ሓንቲ ፍረ ኣራንሺ ወዲቓ ረኣዩ። ኣቐዲሙ ሃይለ እውይ ኣራንሺ በለ። ክልቲኦም ከኣ ከልዕሉዋ ጐየዩ። ተኽለ ግን ቀዲሙ ኣልዓላ።

5ይ ንባብ



ብድሕሪ'ዚ ሃይለ "ኣነ እየ ርእየያ። ንዓይ ኢያ" በለ። ተኽለ ከኣ "ኣነ እየ ኣልዒለያ ንዓይ ኢያ" በለ። ክልቲኦም ከኣ ተባኣሱ።



ከም'ዚ ክገብሩ ከለዉ ሓደ ካብኣቶም ዝዓበ መንእሰይ ይዕዘቦም ነበረ። እናጕየየ መጺኡ ከኣ ነታ ኣራንሺ ኣሕደጎም። ከምዚ ከኣ በሎም። "ንሸኻትኩም ኣዕሩኽ ኢኹም። ተተሓሒዝኩም ክትከዱ ጸኒሕኩም። ሕጂ ስለምንታይ ትበኣሱ፧" በሎም። ንሳቶም ከኣ ግብሮም ኣሕስቡዎም ስቕ በሉ። ኣብ መወዳታ እቲ መንእሰይ ብርቱኳን ፈፍርቆም መቒሉ ኣፋነዎም። ብሰንኪ ስስዐ ኪፈላለዩ ከምዘይብሎም ድማ ኣረድኦም።

መላመዲ

ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብ ባዶ ቦታ ምልኦም።

1. ሃይለን ተኽለን ሓደ መዓልቲ ________ ገጾም ይኸዱ ነበሩ፧
2. እዞም ክልተ ኣዕሩኽ ናብ ________ ዝበለ ቦታ ከዱ፧
3. ሃይለን ተኽለን ኣዝዮም________ ነበሩ።
4. ሓንቲ ________ ከኣ ________ ረኣዩ።
5. ኵሎም ጐረባብቶም________ ነበሩ።

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ሃይለን ተኽለን ናበይ ይኸዱ ነበሩ፧
2. ዕርክነት ሃይለን ተኽልን ከመይ ነይሩ፧
3. እዞም ክልተ ኣዕሩኽ ብኸመይ ዝበለ ቦታ ይኸዱ ነበሩ፧

4. ኣብ መገዲ እንታይ ረኸቡ፧ ስለምንታይከ ተባእሱ፧
5. ንሃይለን ተኽለን መን ዓረቐም፧ ከመይ ገይሩ፧

ነቲ ቀዳማይ ምሉእ ሓሳብ ኣንቢብኩም ተረዲኡ ኣስዒብኩም ነቲ ባዶ ቦታ ምልኡ።

ንኣብነት፡- ሃና ጓል ሳባ እያ። ሳራ ሓውቱ ሳባ እያ። ስለዚ ሃና ንሳራ ---------- እያ።

መልሲ፡- ስለዚ ሃና ንሳራ <u>ጓል ሓውታ</u> እያ።

1. ስዕዲ ነደይ ሓውታ እያ። ንዓይ ከኣ -------- ይ ኣያ።
2. ቴድሮስ ነደይ ወዳ እዩ። ንዓይ ከኣ --------- ይ እዩ።
3. ምሕረት ነቦይ ሓውቱ እያ። ንዓይ ከኣ -------- ይ እያ።
4. ሱሌማን ነቦይ ሓው እዩ። ንዓይ ከኣ --------- እዩ።
5. ዘምዘም ሓውቲ ኣቦይ እያ። ሳልም ከኣ ወዲ ዘምዘም እዩ። ስለዚ ሳልም ንዓይ ---------- እዩ።
6. ቢንያም ነደይ ሓዋ እዩ። ሰላም ከኣ ጓል ቢንያም እያ። ስለዚ ሰላም ንዓይ ---------- እያ።